# ጸሎታት
# ባሃኢ

ብናይ ኤርትራ ባሃኢ ሃገራዊ መንፈሳዊ ባይቶ
ዝተተርጎመን ዝተሓትመን

ካልኣይ ሕታም 2001
ኣስመራ

# <u>ዝርዝር ትሕዝቶ</u>

ንሓፈሻዊ ጥቕሚ ዝውዕሉ ጸሎታት ባሃኢ


| | | ገጽ |
|---|---|---|
| 1-4 | ረድኤት | |
| 5-9 | ቈልዑ | |
| 10 | ወጋሕታ | |
| 11 | መዓልቲ እግዚኣብሄር | |
| 12-14 | ንምውታን | |
| 15-17 | ምሸት | |
| 18-22 | ይቕረታ | |
| 23-27 | መሕወያ | |
| 28-32 | ደቂ-ሰብ | |
| 33-37 | ኣኼባታት | |
| 38-40 | ብጊሓት | |
| 41-44 | ውዳሴን ምስጋናን | |
| 45-50 | ዑቕባ | |
| 51-57 | ምፍልላይ | |
| 58-69 | መንፈሳዊ ባህርያት | |
| 70-76 | ጽንዓት | |
| 77-79 | ምስትምሃር | |
| 80-89 | ፈተናታትን ጸገማትን | |
| 90-91 | ሕብረት | |

ብባሃኡላህን ባብን ዓብዱልባሃን
ካብ ዝተገልጹ ጸሎታት ዝተመርጹ

“እቲ ስም ኣምላኽ ዝተረቐሓሉን
ክብሩ ዝተወደሰሉ ነቐጣን እቲ ቤትን
እቲ ቦታን እታ ከተማን እታ ልብን እቲ እምባን
እቲ መዕቆብን እቲ በዓትን እቲ ስንጭሮን
እቲ ምድርን እቲ ባሕርን እታ ደሴትን
እቲ ሸኻን ዝተባረኸ እዩ።”

— ባሃኡላህ

**ንሓፈሻዊ ጥቕሚ ዝውዕሉ**
**ጸሎታት ባሃኢ**

*“ዎ ኣገልጋሊየይ፣ እቲ ጣዕሚ ናይ ዜማኻ ንነፍስኻ ምእንቲ ኪውልዓን፣ ንልብታት ኩሎም ሰባት'ውን ምእንቲ ኪምስጥንሲ፣ ነቶም ተቐቢልካዮም ዘሎኻ ጥቕስታት ኣምላኽ፣ ከም'ቲ በቶም ናብኡ ዝቐረቡ ዘዜምዎም ጌርካ ኣዝይሞም። እቲ ነቶም ብኣምላኽ ዝተገልጹ ጥቕስታት፣ ኣብ ክፍሊ ቤቱ ብሒቱ ዝደግሞም ዘበለ፣ ንመኣዛ ናይ'ቶም ብኣፉ ዝወጹ ቃላት፣ እቶም ናብ ኩሉ ኣስፌሖም ዝዝርግሑ መላእኽቲ ናይ'ቲ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ ክዝርግሕዎ ኢዮም፤ እዚ ከኣ ንልቢ ነፍስ-ወከፍ ቅኑዕ ሰብ ትርግ-ትርግ ከም ዝብል ኪገብሮ እዩ። እቲ ሰብ ሽሕ'ኳ ኣብ መጀመሪያ፣ ሳዕቤን ናይቲ ነገር ከይተገንዘበ እንተተረፈ፣ ውዒሉ ሓዲሩስ፣ ደጊ ናይቲ ዝተለገሰሉ ጸጋ ኣብ ልዕሊ'ታ ነፍሱ ጽልዋኡ የግህድ እዩ። ከም'ዚ'ሉ እምበኣር፣ እቲ ምስጢራት ናይ ግልጸተ እግዚኣብሄር፣ ብስልጣን ናይ ፍቓዱ፣ ናይ'ቲ መበቈል ሓይልን ልቦናን ዝኾነ ኣምላኽ ተኣዊጁ እዩ።”*

**-- ባሃኡላህ**

# ረድኤት

**1**

*ኣምላኸይ፡ ፍቑረይ፡ ንጉሰይ፡ ሃረርታይ! ኣየነይቲ ልሳን'ያ ምስጋናይ ከተብጽሓልካ እትኽእል፧ ግዲ ዘይብለይ ነበርኩ፡ ኣበራብርካኒ። ካብኻ ኣልጊሰ ነበርኩ፡ ብጸጋ ናብኻ ክምለስ ሓገዝካኒ። ከም ዝሞተ ነበርኩ፡ በቲ ማይ ህይወት ኣተንሳእካኒ። ጸምልየ ነበርኩ፡ በቲ ካብታ ብርዒ ናይ'ቲ ኩሉ ምሕረተኛ ዝውሓዘ ሰማያዊ ወሓዚ ናይ ኣንደበትካ ኣሕወኻኒ።*

*ዎ መለኮታዊ ሓልዮት! ኩሉ ህልውና ብልግሰኻ ዝተፈጥረ እዩ፣ ካብ'ቶም ናይ ህልውናኻ ማያት ኣይትኽልክሎ፡ ካብ'ቲ ውቅያኖስ ናይ ምሕረትካ'ውን ኣይትዕገቶ። ኣብ ኩሉ ግዜን ኣብ ትሕቲ ኩሉ ኩነታትን ክትረድኣንን ክትሕግዘንን እልምነካ፡ ካብ'ቲ ናይ ጸጋኻ ሰማይ ከኣ እቲ ናይ ጥንቲ ለውሃትካ እደሊ። ንስኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ጐይታ ልግስን፡ እቲ ዝለዓለ ገዛኢ ናይ'ታ ዘልኣለማዊት መንግስትን ኢኻ።*

— ባሃኡላህ

**2**

*ዎ ኣንታ ገጹ ዕላማ ኣምልኾይ፣ ጽባቔኡ ቅዱስ መዕቆቢየይ፣ መቓምጦኡ ሸቶይ፣ ውዳሴኡ ተስፋይ፣ ሓልዮቱ ብጻየይ፣ ፍቕሩ ምኽንያት ህልውናይ፣ ምርቓሕ ስሙ መጸናንዕየይ፣ ምቕራቡ ሃረርታይ፣ ህላዌኡ እቲ ዝኸበረ ምንዮተይን ዝለዓለ ባህገይን ዝኾንካ፣ ነቲ ካብ መንጎ'ቶም ኣገልገልትኻ ምሩጻት ዝኾኑ ዝኣዘዝካዮ ነገራት ከይትኽልክለኒ እምሕጸነካ። እምበኣር ብጽቡቕ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን ብናይ'ታ እትመጽእን ምልኣኒ።*

*ንስኻ፡ ብሓቂ፡ ንጉስ ናይ ኩሎም ሰባት ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ጊዜ ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ኣዝዩ ለጋስ።*

— ባሃኡላህ

**3**

*ጐይታ! ኣዚና እነደንግጽ ኢና፣ ውህበትካ ለግሰልና፣ ድኻታት ኢና፡ ካብ'ቲ ውቅያኖስ ሃብትኻ ሓደ ብጽሒት ወፍየልና፤ ስኡናት ኢና ኣዕግበና፤ ዝተዋረድና ኢና፡ ክብርኻ ሃበና። ኣዕዋፍ ሰማይን እንስሳታት ዘገዳምን ዕለታዊ መግቦም ካባኻ ይቕበሉ፡ መላእ ህላዌ ከኣ ኣብ ሓልዮትካን ፈቃር ሕያውነትካን ይሳተፉ።*

*ነዚ ድኹም'ዚ ካብቲ መስተንክራዊ ዝኾነ ጸጋኻ ኣይትዕገቶ፡ ነዚ ረዳኢ ኣልቦ ዝኾነ ነፍሲ'ዚ'ውን በቲ ዘሎካ ሓይሊ ልግሰኻ ወፍየሉ።*

*ኣባኻ እምበር ካባኻ ወጻኢ ኣብ ካልእ ምእንቲ ከይንምርኰስን፣ ምሉእ ብምሉእ ምሳኻ ክንሓብርን፣ ኣብ መንገድታትካ ክንስጉምን፣ ንምስጢራትካ ክንእውጅን'ሲ ዕለታዊ እንጌራና ሃበና። ኣብ'ቶም ንህይወት ኣድለይቲ ዝኾኑ ድማ ወሰኽካ ለግስ። ንስኻ እቲ ኩሉ ዝኽእልን ፈቃርን ከምኡ'ውን እቲ ናይ መላእ ወዲ ሰብ ሓላዪን ኢኻ።*

— ዓብዱልባሃ

**4**

*ዎ ጐይታ! ነቲ ብስምካ ዝተዘርግሐ ናይ ሓጐስ መኣዲ ኣይተልግሶ፡ ነቲ በቲ ዘይጠፍእ ሓዊ ዝተወልዐ ነዳዲ ሃልሃልታ'ውን ኣይተጥፍኣዮ። ነቲ በቲ ዜማ ናይ ክብርኻን ዝኽርኻን ዘድሂ ዘሎ ህይወታዊ ማይካ'ውን ካብ ምውሓዝ ኣይትዕገቶ፡ ነገልገልትኻ ከኣ ካብ'ቲ መኣዛ ናይቲ ምቁር ዝጣዕሙ ሃገግ ዝብል ሽቱ ናይ ፍቕርኻ ኣይትኸልክሎም።*

*ጐይታ! ንጸበባታት ናይ'ቶም ቅዱሳትካ ናብ ራህዋ፡ ንመከርኦም ናብ ምቾት፡ ንውርደቶም ናብ ክብሪ፡ ንሓዘኖም ናብ ፍስሃ ዝመልአ ሓጐስ ለውጦ፤ ዎ ኣንታ ልጓም ናይ መላእ ደቂ ሰብ ኣብ ኢድካ እትሕዝ!*

*ንሸኻ፡ ብሓቂ እቲ ሓደ፡ እቲ እንኮ፡ እቲ ሓያል እቲ ኩሉ ዝፈልጥ፡ እቲ ኩሉ ጥበበኛ ኢኻ።*

*-- ዓብዱል ባሃ*

## ቈልዑ

**5**

*ዎ ኣምላኽ፡ ምርሓኒ፡ ኣዕቍበኒ፡ ንፋኑስ ልበይ ኣብርህ፡ ድሙቕ ኰኾብ ከኣ ግበረኒ። ንሸኻ እቲ ብርቱዕን ሓያልን ኢኻ።*

*-- ዓብዱል ባሃ*

**6**

*ዎ ኣንታ ንጹህ ዝኾንካ ኣምላኽ! ኣነ ሓደ ህጻን ቈልዓ ኢየ፤ ንሑቕፊ ህያብካ፡ ክቡር ናይ ምቾት መዕረፊ ቦታ ግበረለይ፣ በቲ መዓርን ጸባን ናይ ፍቕርኻ ተዓንጊለ ክዓቢ ከኣ ፍቐደለይ፤ ኣብ ትሕቲ ጡብ ፍልጠትካ'ውን ኣሰልጥነኒ፤ ኣብ እዋን ቁልዕነተይ ናጽነት ዓድለኒ፣ ዝተናእደ ክእለት'ውን ወፍየለይ!*

*ዎ ኣንታ መነጸጽርቲ ዘይብልካ! ናይቲ ዘይተራእየ መንግስትነት ተኣማኒ ግበረኒ! ብሓቂ ንሸኻ እቲ ሓያልን እቲ ብርቱዕ ኢኻ!*

*-- ዓብዱልባሃ*

**7**

*ዎ ጐይታይ! ዎ ጐይታይ!*

*ኣነ ሓደ ዕሸል ዝዕድምኡ ህጻን ኢየ። ካብ'ቲ ጡብ ምሕረትካ ዓንግለኒ፣ ኣብ ሑቕፊ ፍቕርኻ ጌርካ ኣሰልጥነኒ፣ ኣብቲ ናይ መሪሕነትካ ቤት ትምህርቲ ምሃረኒ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውህበትካ ከኣ ኣማዕብለኒ! ካብ ጽልመት ኣድሕነኒ፣ ድሙቕ ብርሃን ግበረኒ፤ ሕጉስ ካብ ዘይምዃን ኣውጽኣኒ፡ ዕ ምባባ ናይ'ቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ጽገረዳ ግበረኒ፤ ናይ ድርኩኾትካ ኣገልጋሊ ክኸውን ፍቐደለይ፣ ናይቶም ቅኑዓት ዝኾኑ ኣደብን ባህርይን ዓድለኒ፤ ነዛ ናይ ደቂ ሰብ ዓለም ናይ ልግሲ ምኽንያት ክኸውን ግበረኒ፡ ንርእሰይ ከኣ በቲ ኣኽሊል ናይ ዘልኣለማዊ ህይወት ሸልማ።*

*ብሓቂ ንሸኻ፡ እቲ ብርቱዕን እቲ ሓያልን፡ እቲ ረኣዩን እቲ ሰማዕን ኢኻ።*

*-- ዓብዱል ባሃ*

8

*ዎ ኣምላኽ ነዞም ቈልዑ'ዚኦም መሃሮም። እዞም ቈልዑ'ዚኦም ኣትክልቲ ናይ ኣጸደ ፍረታትካ፡ ዕምባባታት ናይ ሸኻኻ፣ ጽገረዳታታ ናይ ኣታኽልትኻ ኢዮም። ዝናብካ ኣብ ልዕሊኦም ኣዝንቦ፣ እታ*

ናይ ሓቅነት ጸሓይ ብፍቕርኻ ኣብ ልዕሊኦም ኣብርሃያ። ምእንቲ ክስልጥኑን፡ ክዓብዩን ክምዕብሉን፡ በቲ ዝለዓለ ጽባቐ ከኣ ምእንቲ ክረኣዩንሲ በቲ ልኡም ንፋስካ ኣሐድሶም። ንስኻ እቲ ወሃቢ ኢኻ! ንስኻ እቲ ርህሩህ ኢኻ!

— ዓብዱልባሃ

9

*ዎ ኣምላኽ ነዚ ዕሽል ህጻን ኣብ ሑቕፊ ናይ ፍቕርኻ ኣዕብዮ፡ ካብቲ ናይ ሓልዮትካ ጡብ ከኣ ጸባ ሃቦ። ነዚ ሓድሽ ተኽሊ'ዚ ኣብ'ቲ ጽገረዳ ስፍራ ኣታኽልቲ ናይ ፍቕርኻ ኰስኵሶ፣ ብኣዝመራ ናይቶም ደበናታት ናይ ሓልዮትካ ከኣ ዓንግሎ። ቈልዓ ናይ'ቲ መንግስተ ሰማይ ግበሮ፣ ናብቲ መለኮታዊ ዓለም ከኣ ምርሓዮ። ንስኻ ሓያልን ሕያዋይን ኢኻ! ንስኻ እቲ ወሃቢ፡ እቲ ለጋስን በረኸታቱ ንኹሉ ዝሓልፎን ኢኻ።*

—ዓብዱልባሃ

## *ወጋሕታ*

10

*ዎ ኣምላኸይን ጐይታይን! ኣነ ኣገልጋሊኻን ወዲ ኣገልጋሊኻን ኢየ። በዛ ናይ ወጋሕታ ወቕቲ'ዚኣ እታ ኮኾብ ቀትሪ ናይ ሓድነትካ፡ በቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ፍቓድካ ምስ በረቐትን፡ ከምቲ ኣብ'ቶም መጻሕፍቲ ናይ ኣዋጅካ ተኣዚዙ ዝነበረ'ውን ድምቀታ ኣብ መላእ'ዛ ዓለም ምስ ተዘርግሐን፡ ካብ ዓራተይ ተንሳእኩ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ናብቶም ጸዳላት ብርሃን ናይ ፍልጠትካ ምብርባርና ውዳሴ ንዓኻ ይኹን። እምበኣር ዎ ጐይታ፡እቲ ብዘይካ ንዓኻ፡ ንኻልእ ኩሉ ክንሓድጎ ዘኽእለናን፣ እቲ ምሰኻ'ምበር፡ ምስ ኩሉ ካልእ ካብ ምጥባቕ ዘርሕቐና ስደደልና። ከምኡ'ውን ንዓይን ንፍቱዋተይን፡ ነዝማደይን፡ ሰብኣይ ኰነ ሰበይቲ ብማዕረ ጽቡቕ ናይዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ እትመጽእን ጽሓፈልና። ዎ ኣንታ ናይ መላእ ፍጥረት ፍቑርን ናይ መላእ ዩኒቨርስ ከኣ ሃረርታን ዝኾንካ፣ ካብ'ቶም ኣብ ኣፍልብታት ናይ ደቂ ሰብ ኰይኖም ዘሕሸኾሽኹ መርኣያታት ናይ'ቲ እኩይ መሕሸኾሽሹ ክኸኑ ዝገበርካዮም በቲ ዘየቋርጽ ዕቕኣኻ፡ ብድሕነት ሓዘና። ንስኻ ባህ ዝበለካ ንምግባር እትኽእል ኢኻ። ንስኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ዝከኣሎ፡ እቲ ብጸበባ ረዳኢ፡ እቲ ብገዛእ ርእሱ ነባሪ ኢኻ።*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ንዕኡ ነቲ ኣዝዮም ዝበለጹ መዓርጋትካ ዘምበርካሉን፡ ብኡኡ ጌርካ'ውን እቲ ሃይማኖተኛን እቲ እከይን ዝፈለኻሉ ባርኮ። ንዓና ከኣ እቲ ንስኻ እትፈትዎን እትደልዮን ንኽንገብር ብጸጋኻ ርድኣና። ከምኡ'ውን ዎ ኣምላኸይ፡ ነቶም ቃላትካን ፊደላትካን ዝኾኑን፡ ነቶም ገጾም ናባኻ ዝመለሱን ንጻውዒትካ ዝሰምዑን ባርኮም።*

*ንስኻ ብሓቂ ናይ ኩሎም ሰባት ጐይታን ንጉስን ኢኻ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገራት ከኣ ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ።*

— ባሃኡላህ

## *መዓልቲ እግዚኣብሄር*

11

*ነታ ናይ መዓልታት ንግስቲ ዝኾነት ዕለት፡ ማለት ነታ ኣብ'ቶም ኣዝዮም ብሉጻት ዝኾኑ ጽላታትካ፡ ንሕሩያትካን ነብያትካን ዘፍለጥካያ፣ ነታ ሽዓ ጸዳል ናይ ኩሎም ኣስማትካ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጡር ክበርህ ዝገበርካያ መዓልቲ፡ ስለ ዝቐላዕካያ፡ ስምካ ጉሉሕ ይኹን ዎ ኣምላኸይ። እቲ ንገዛእ ርእሱ ናባኻ ዘምርሐን፡ ናብ ህላወኻ ዝኣተወን፡ ነቲ ፍልይ ዝበለ ቃና ድምጽኻ'ውን ዘለለየን ዘበለ ብራኬኡ ዓብዩ እዩ።*

ዎ ጐይታይ፥ ንነፍሳት ናይ ኩሎም ተቐማጠ'ዛ መሬትካ፥ ትፍስህቲ ናይ ክስተትካ ምእንቲ ክመልኤን'ሲ፥ ፍቑራትካ፥ ንቓልካ፥ ኣብ መንጎ ኣገልገልትኻ ከኽብሩዎን፥ ኣብ ማእከል ፍጡራትካ ከኣ ንውዳሴኻ ክዝርግሕዎን፥ ብስም'ቲ ኣብ ዙርያኡ ብብርቱዕ ፍቕሪ ከቢቦም ዘሰግዱሉ መንግስቲ ናይ ኣስማትካ፣ ብምሕረትካ ክትሕግዞም እልምነካ።

ዎ ጐይታይ፣ ብዘይካኻ፥ ካብ ካልእ ዝኾነ ደኹን ነገር ምሉእ ብምሉእ ከግልሎም ዝኽእል ኣውርደሎም፣ ክሳብ'ቲ ናብኻ ናይ ምቕራብ ሃዋህዉ ክዓርጉ ዝኽእሉ ግበሮም። ማለት፥ ዓብላልነት ናይ'ቲ ጨቋኒ ኰነ፣ ምኽርታት ናይ'ቶም ነቲ ኣዝዩ ዕዙዝን፥ ኣዝዩ ሓያልን መንነትካ ዝኸሓዱ፣ ናብኻ ካብ ምቕራብ ዘየሰናኽሎም ግበሮም።

— ባሃኡላህ

## ንምውታን

12

ክብሪ ንዓኻ ይኹን ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ነቲ ብሓይሊ ዘልኣለማዊ ሉኣላዊነትካ ክብ ዘበልካዮ ኣይተሕፍሮ፥ ነቲ ናብ ናይ ዘልኣለማውነትካ ቤተ መቕደስ ክኣቱ ዝገበርካዮ ከኣ ካብኻ ኣይተርሕቆ። ዎ ኣምላኸይ፥ ነቲ ብጐይታነትካ ዘንጸላለኻዮ ክትድርብዮ ዲኻ: ዎ ሃረርታይ፥ ነቲ ኣዕቍብካዮ ዝነበርካሽ ካብኻ ከተልግሶ ዲኻ: ነቲ ክብ ዘበልካዮ ከተትሕቶ ወይ ነቲ ንኽዝክረካ ዘኽኣልካዮ ክትርስዖ'ዶ ትኽእል:

ክብሪ ዝመልኣካ፥ ኣዚኻ ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ! ንሸኻ እቲ ካብ ዘልኣለም ንጉስ ናይ መላእ ፍጥረትን ቀዳማይ መንቀሳቐሲኡን ኢኻ፥ ንዘልኣለም'ውን ጐይታ ናይ ኩሎም ዝተፈጥሩ ነገራትን ኣዛዚኦምን ኳንካ ክትነብር ኢኻ። ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ ዎ ጐይታይ! ንኣገልገልትኻ ምሕረተኛ ካብ ምኳን እንተድኣ ኣቋሪጽካ፥ መን ድኣ እዩ ምሕረት ከርእዮም: ንሸኻ ንፍጡራትካ እንተዘይረዲእካዮም፥ መን ድኣ ኣሎ ክረድኦም ዝኽእል:

ክብሪ ዝመልኣካ መለክዒ ዘይብሉ ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ! ብሓቅነትካ ዝተፈቶኻ ኢኻ፥ ኩልና ከኣ ብሓቂ ንዓኻ ነምልኽ፥ ኣብ ፍትሕኻ ጋህዲ ኢኻ፥ ኩልና ከኣ ብሓቂ ንዓኻ ንምስክር። ንሸኻ ብሓቂ ኣብ ጸጋኻ ዝተፈቶኻ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፥ እቲ ብጸበባ ረዳኢ፥ እቲ ብገዛእ ርእሱ ነባሪ።

— ባሃኡላህ

13

ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣንታ ንሓጥያት ይቕረ በሃሊ! ለጋሲ ህያባት! መርሓቒ ስቓያት!

ብሓቂ ንሓጥያት ናይቶም ነቲ ስጋዊ ልብሲ ራሕሪሖም ናብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዝዓረጉ ይቕረ ክትብል እልምነካ።

ዎ ጐይታይ! ካብ ሓጥያት ኣንጽሃዮም፥ ንጓሂኦም ኣርሕቕ፥ ንጸልማቶም ከኣ ናብ ብርሃን ለውጥ። ናብ'ቲ ናይ ሓጎስ ስፍራ ኣታኽልቲ ዝኣትዉ ግበሮም። በቲ ኣዝዩ ዝነጽህ ማይ ኣጽርዮም። ነቶም ኣብ'ቲ ዝለዓለ ከረን ዘሎዉ ጸዳላትካ ንኽርእዩ ከኣ ፍቐደሎም።

— ዓብዱልባሃ

14

ንሱ ኣምላኽ እዩ፥ ንሱ እቲ ጐይታ ፈቃር ሕያውነትን ውህበትን ልዑል እዩ!

ክብሪ ንዓኻ ይኹን፥ ዎ ኣንታ ኩሉ እትኽእል ኣምላኸይ። ንክኣሌ ኩሉንትካን ብርታዔኻን፥ ሉኣላዊነትካን ፈቃር ሕያውነትካን፥ ጸጋኻን ሓይልኻን፥ ሓድነት ናይ ህልውናኻን ስምረት ናይ ኩለንትናኻን፥ ቅድስናኻን፥ ልዕልናኻን፥ ካብ ናይ'ዛ ናይ ህልውና ዓለምን፥ ካብ ኩሉ'ቲ ኣብኣ ዘሎን፥ ዝለዓለ ምዃኑ እምስክር።

*ዎ ኣምላኸይ! ብዘይካኻ ካብ ኩሉ ገሊለ፡ ንዓኻ ኣጽኒዐ ብምሓዝን፡ ናብ'ቲ ናይ ልግሲ ውቅያኖስካን ናብ'ቲ ናይ ሰማይ ወህበትካን፡ ናብ'ቲ ኮኾብ መዓልቲ ናይ ብጽእናኻን ተመሊሰ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ጐይታ! እቲ ነዛ ዓለም ህይወት ዝሃብካሉ መንፈስ፡ ንኣገልጋሊኻ ሕድሪ ከም ዘንበርካሉ እምስክር ኣሎኹ።*

*ካብኡ፡ ማለት ካብቲ ሰብ፡ ነተን ብመዓልታትካ ዝተጐናጸፈን ዘበላ፡ ብምሕረትካ ክትቅበለን በቲ ናይቲ ምልክት ስልመ-ስልጣን ናይ ክስተትካ እውክሰካ። እምበኣር፡ ንሱ ምእንቲ በቲ ክብሪ ናይ ጽቡቕ ፍታውካ ኽክስለምን ብተቐባልነትካ ከኣ ኽክውቅብን ፍቐድ።*

*ዎ ጐይታይ! ኣነ ንባዕለይን ኩሎም ዝተፈጥሩ ነገራትን ንብርታዔኻ ንምስክር። ነዛ ናብኻን ናብቲ ሰማያዊ ቦታኻን፡ ናብቲ ልዑል ዝኾነ ገነትካን፡ ናብቲ ናይ ቅርበት መዕቆባታትካን ዝዓረገት መንፈስ ካብኻ ከይተልግሳ እልምነካ።*

*ዎ ኣንታ ጐይታ ኩሎም ሰባት ዝኾንካ ኣምላኸይ! ምእንቲ እቲ ኣገልጋሊኻ ኣብቲ ልሳን ክትበጽሖ ኮነ፡ ወይ ብርዒ ክትነግረሉ ዘይከኣል ሰማያዊ ስፍራታት፡ ምስ'ቶም ምሩጻትካ ዝኾኑ፡ ቅዱሳንካን፡ መልእኽተኛታትካን ብስኒት ኪሓብር ፍቐደሉ።*

*ዎ ጐይታይ እቲ ድኻ ዝኾነ ብሓቂ ናብ ናይ ሃብትኻ መንግስትነት፣ እቲ ጋሻ ናብ'ቲ ኣብ ውሽጢ ቀጽርታትካ ዘሎ ቤቱ፣ ንሱ እቲ ነቲ ሰማያዊ ፈለግ ናይ ውህበትካ ቀራዕ ኢሉ ዝጸምኦ ከኣ ናብኡ ሃጺጹ'ዩ። ዎ ጐይታ ካብቲ መኣዲ ናይ ጸጋኻን፡ ልግሰኻን፡ ጉንያን ብጽሒቱ ኣይትሕረሞ። ንሰኻ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ጸጋዊ፡ እቲ ኩሉ ልግሲ ዝመልአ ኢኻ!*

*ዎ ኣምላኸይ እቲ ናትካ ሕድሪ ናባኻ ተመሊሱ ኣሎ። እቲ ንናይ መሬትን ሰማይን ግዝኣታትካ ዝሓቘፍ ዘሎ ጸጋኻን፡ ልግሰኻን፡ ነዚ እተተኣናግዶ ሓድሽ ምጻእ፡ ህያባትካን፡ ወፈያታትካን፡ ፍረታት ናይ'ታ ኦም ጸጋኻን ክትልግሰሉ ዝበቅዕ እዩ! ከም ዝፈቐድካዮ ክትገብር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ጸጋዊ፡ እቲ ኣዝዩ ለጋስ፡ ርህሩህ፡ እቲ ወሃቢ፡ እቲ ሓዳግ፡ እቲ ክቡር፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ሰባት ንጋሽኦም ከኽብሩ ከም ዝኣዘዝካን፡ ንሱ እቲ ናባኻ ዝዓረገ'ውን ብሓቂ ንዓኻ ከም ዝረኸበካን ናብ ህላዌነትካ ከም ዝበጽሐን እምስክር። እምበኣር ከም ጸጋኻን ውህበትካን ጌርካ ርኣዮ! ብኽብርኻ ኢለ፡ ንሰኻ ንገዛእ ርእሰኻ ካብ'ቲ ንኣገልገልትኻ ዝኣዘዝካዮ ከም ዘይትነጽጎ ወይ ከኣ ነቲ ገመድ ናይ ልግሰኻ ዝተጸግዔን ናብ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ሃብትኻ ዝዓረገን፡ ከም ዘይትሕርሞ ኣረጋጊጹ ይፈልጥ እዩ።*

ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ሓደ፡ እቲ ንውልቁ፡ እቲ ሓያል፡ እቲ ፈሊጠ ኩሉ፡ እቲ ለጋስ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

## ምሽት

**15**

*ዎ ኣምላኸይ፡ ጐይታይ፡ ዕላማ ድልየተይ! እዚ ኣገልጋሊኻ'ዚ ሓልዮትካን ዑቕባኻን እናተማሕጸነ፡ ኣብ ትሕቲ ዑቕባ ምሕረትካ ንምግምሳስን፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ጸጋኻ ንምዕራፍን ይደሊ ኣሎ።*

*ዎ ጐይታይ ነዒንተይ ብዘይካኻ ኻልእ ከይጥምታ በታ ዘይትድቅስ ዓይንኻ ክትሕልወን እልምነካ። እምበኣር ንምልክታትካ ምእንቲ ከለልያን፡ ንደረት ትርኢት ናይ ክስተትካ ከኣ ክርእያንሲ ንሓይሊ ጠመትአን ኣበርትዕ። ንሰኻ፡ ቅድሚ'ቲ ናይ ከኣሌ-ኩሉነቱ ግልጸታት፡ ነቲ ፍጹም መርኣያ ናይ ሓይሊ ዘንቀጥቀጠ ኢኻ።*

ብዘይካኻ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኻኹሉ ዘህድእ እቲ ብኩነታት ዘይቅየድ ካልእ ኣምላኽ የሎን።

-- ባሃኡላህ

**16**

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ፡ ኣዒንቲ ናይ'ቶም ንዓኻ ሃንቀው ዝብሉ፡ ካብኻ ብምፍላየን ተበራቢረን እናሃለዋ ከመይ ኢለ ንድቃስ ክመርጽ እኽእል፡ እተን ናይ ኣፍቀርትኻ ነፍሳት ካብ ህላዌኻ ብምርሓቐን ብመሪር ሓዚነን እናሃለዋኸ፡ ከመይ'ለ ኘኸዕርፍ ክግምሰስ እኽእል፡*

*ዎ ጐይታይ፡ መንፈሰይን ኩለንትናይን ናብ'ታ ናይ ሓይልኻን ዑቐባኻን ዝኾነት የማነይቲ ኢድ ኣምቢረ ኣለኹ፤ ርእሰይ ከኣ ብሓይልኻ ኣቢለ ኣብ መተርኣሰይ ኣንብራ። ከም ፍቓድካን ሰናይ ፍታውካን ከኣ ኣልዕላ። ንሸኻ ብሓቂ፡ እቲ ዓቃቢ፡ እቲ ሓላዊ፡ እቲ ከኣሌ-ኩሉ፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል ኢኻ።*

ብብርታፀኻ ኢለ! እቲ ንሸኻ እትደልዮ እንተዘይኰይኑ፡ ድቃስ ኰነ ምብርባር ኣይውከስን። ኣነ ኣገልጋሊኻን ኣብ ኣእዳውካ ዘሎኹን ኢየ። ንመኣዛ ናይ ሰናይ ፍቓድካ ዝዝርግሕ ተግባር ኘክፍጽም ብጸጋ ሓግዘኒ። እዚ ብሓቂ ተስፋይን ተስፋ ናይቶም ጥቓኻ ብምቕራቦም ዝድሰቱን'ዩ። ውዳሴ ንዓኻ ይኹን ዎ ጐይታ ናይ ዓለማት!

— ባሃኡላህ

**17**

*ዎ ደላዪ ሓቂ! ኣምላኽ ንመንፈሳዊ ዓይንኻ ክኸፍተልካ ትደሊ እንተድኣ ኴንካ፡ ንኣምላኽካ ኣበርቲዕካ ክትምሕጸኖ ይግባእ። ኣብ ፍርቂ ለይቲ ከኣ ከምዚ እናበልካ ክትልምኖን ምስኡ ክትራኸብን ይግብኣካ።*

*ዎ ጐይታ፡ ገጸይ ናብ'ቲ ናይ ሓድነት መንግስትኻ መሊሰ ኣሎኹ፡ ኣብ'ቲ ናይ ምሕረትካ ባሕሪ'ውን ጠሊቐ ኣሎኹ! ዎ ጐይታ፡ በዛ ጸልማት ለይቲ'ዚኣ ንብርሃናትካ ክርኢ ንኣረኣእያይ ኣብርሃዮ፣ ኣብ'ዚ መስተንክር ዝኾነ ዕድመይ ከኣ በቲ ናይ ፍቕርኻ ወይኒ ኣሐጉሰኒ! ዎ ጐይታ፡ ንጻውዒትካ ዝሰምዕ ግበረኒ፡ ንብርሃን ናይ ክብርኻ ምእንቲ ክርእን ናብ ጽባቐኻ ከኣ ምእንቲ ክስሓብንሲ ንመዓጹ ሰማያትካ ኣብ ቅድሚ ገጸይ ክፈተን!*

ብሓቂ፡ ንሸኻ እቲ ወሃቢ፡ እቲ ለጋስ፡ እቲ ምሕረተኛ፡ እቲ ይቕረ በሃሊ ኢኻ!

— ዓብዱልባሃ

# *ይቕረታ*

18

ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ፡ *ዎ ጐይታ ኣምላኸይ!* ዝኽርኻ ብጻየይ ክኸውን ክትፈቅድ፡ ፍቕርኻ ዓላማይ፡ ገጽካ ሽቶይ፡ ስምካ ፋኑሰይ፡ድልየትካ ድልየተይ፡ ደስታኻ ሓጐሰይ ክኸውን ክትፈቅድ፡ በቶም ሕሩያትካን፡ ተቐበልቲ ሕድርኻን፡ ብእኡ በቲ ማሕተም ናይ መልእኽተኛታትካን ክኸውን ዝበየንካሉን እምሕጸነካ።

*ዎ ጐይታይ፡ ኣነ ሓጥእ ኢየ፡ ንሸኻ ከኣ ወትሩ ሓዳግ ኢኻ። ኣለልይ ምስ ኣበልኩኻ ብኡንብኡ ናብ'ቲ ክብ ዝበለ ቀጽሪ ናይ ፈቃር ሕያውነትካ ክበጽሕ ሃጸጽኩ። ዎ ጐይታይ ነቲ ኣብ መንገድታት ናይ ሰናይ ፍቓድካ ካብ ምጕዓዝን፡ ኣብ'ቲ ናይ ሓድነትካ ገማግም ውቅያኖስ ካብ ምብጻሕን ከልኪሉኒ ዘሎ ሓጥያተይ ይቕረ በለለይ*

*ዎ ጐይታይ፡ ገጸይ ናብኡ ክምልሰሉ ዝኽእል፡* እሞ ከኣ ብምሉእ ልግሲ ክቐርበኒ ዝኽእል ሓደ'ኳ የሎን፤ ከምኡ'ውን ንምሕረቱ ሃረር ምእንቲ ክብል፡ ኣብ ልዕለይ ድንጋጸ ክህልዎ ዝኽእል ማንም የሎን። ካብ'ቲ ህላዌ ናይ ጸጋኻ ኣይትስጐጕኒ ወይ'ውን ካብቲ ዝትውሻሕ ልግሾኻን በረኸትካን ከይትኸልኣኒ እምሕጸነካ። *ዎ ጐይታይ፡* እቲ ነቶም ዘፍቅሩኻ ዝኣዘዝካሎም ኣዝዘለይ፡ እቲ ነቶም ሕሩያትካ ዝጸሓፍካሎም'ውን ጽሓፈለይ። ቈላሕታይ ወትሩ ናብ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ጸጋዊ ሓልዮትካ ምስ ኣተኰረ እዩ። ኣዒንተይ ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣደራሽ ናይ ርህሩህ ምሕረታትካ ደኒነን

ኣሎዋ። ንዓይ ብዝምልከት ከም'ቲ ዝሰማምዓካ ግበር። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኣምላኽ ሓይሊ፡ እቲ ኣምላኽ ክብሪ፡ እቲ ረድኤቱ ብኹሉም ሰባት ዝልመን ዝኾንካ።

— ባሃኡላህ

19

ዎ ጐይታይ፡ ኣነ ገጹ ናብኻ ዝመለሰን፡ ተስፋኡ ከኣ ኣብቶም መስተንክራት ናይ ጸጋኻን፡ ግልጸታት ናይ ልግሰኻን ዘተኮረ ኢየ። ካብ ኣፍደገ ምሕረትካ፡ ተስፋ ቈሪጸ ከም ዝምለስ ከይትገብረኒ ወይ ምስቶም ካብ ፍጡራትካ ንሃይማኖትካ ዝነጸጉ ከይትርሕርሓኒ እልምነካ።

ዎ ኣምላኸይ፡ ኣነ ኣገልጋሊኻን ወዲ ኣገልጋሊኻን ኢየ። በተን መዓልታትካ ንሓቅነትካ ኣለልየ ኢየ፤ ከምኡ'ውን ንንጽልነትካ ተኣሚነን፡ ንኣሃዱነትካ ፈሊጠን፣ ንይቕረታኻን፡ ንሕድገትካን ከኣ ተስፋ ገይረን፣ ንስጉምትታተይ ናብቲ ገማግም ናይ ሓድነትካ ኣምሪሐየን ኣሎኹ። ዝፈቕድካዮ ክትገብር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ፣ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦን፡ እቲ ወርትግ ይቕረ በሃልን።

— ባሃኡላህ

20

ዎ ጐይታይ ገጸይ ናብቲ ሰማይ ናይ ልግሰኻ፡ ውቅያኖስ ረዲኤትካን መሊሰ፡ ናብኻ እንተዘይ ኰይኑ ካብ ኩሉ ካልእ ኣልጊሰ ትርእየኒ ኣሎኻ። ብጸዳላት ናይ'ታ ኣብ ሲናይ ዝበረቐት ናይ ክስተትካ ጸሓይን፡ በቶም ነጸብራቓት ናይ'ታ ካብ ደረት ትርኢት ናይ ስምካን ወርትግ ይቕረ በሃልነትን ምልክት ስልመ-ስልጣን ናይ ጸጋኻ ዝኾነትን፡ ዝበርህ ብርሃን ሕድገትካ ክትፈቕደለይን፡ ምሕረትካ ክትገብረለይን እልምነካ። እምበኣርከስ፡ በታ ናይ ክብሪ ብርዕኻ፣ ብስምካ ጌርካ ነቲ ካብዛ ናይ ተፈጥሮ ዓለም ክብ ዘብለኒ ጸሓፈለይ። ዎ ጐይታይ መእዝነይ ናብኻ ከቕንዕን፣ ንድምጺ ናይ'ቶም ፍቑራትካ ማለት ሓይልታት ናይ'ዛ መሬት ንምድኻሞም ዝፈሸለን፣ ስልጣን ናይ'ዘን መንግስታት'ውን እንተኾነ፡ ካብኻ ክዓግቶም ሓይሊ ዝተሳእኖን፣ ናብኻ ኣቢሎም ብምግስጋስ ከኣ "እግዚኣብሄር እዩ ጐይታና፡ እቲ ናይ ኩሎም ኣብ መሬትን፡ ኩሎም ኣብ ሰማይን ዘሎዉ ጐይታ ዝኾነ!" ዝበሉ፡ ፍቑራትካ ኽሰምዕ ሓግዘኒ።

— ባሃኡላህ

21

ስምካ ዝተወደሰ ይኹን፡ ዎ ኣምላኸይን ኣምላኽ ኩሎም ነገራትን፡ ክብረይን ክብሪ ኩሎም ነገራትን፡ ባህገይን ባህጊ ኩሎም ነገራትን፡ ሓይለይን ሓይሊ ኩሎም ነገራትን፡ ንጉሰይን ንጉስ ኩሎም ነገራትን፡ ወናኒየይን ወናኒ ኩሎም ነገራትን፡ ዓላማይን ዓላማ ኩሎም ነገራትን ኣንቀሳቓሲየይን ኣንቀሳቓሲ ኩሎም ነገራትን! ካብቲ ውቅያኖስ ናይ'ቶም ርህሩሃት ምሕረታትካ ዝኽልከል ወይ ከኣ ካብ'ቶም ገማግም ናይ ቅርበትካ ርሒቐ ዘልግስ ምእንቲ ከይከውን ከይትገድፈኒ እልምነካ።

ዎ ጐይታይ፡ ብዘይካኻ ዝኾነ ካልእ ዘርብሓኒ ኣይኮነን፡ ብዘይካ ናብኻ ናብ ዝኾነ ካልእ ምቕራብ'ውን ኣይጠቕመንን እዩ። ብእኡ በቲ ብዘይካ ገዛእ ርእሰኻ ኻኹሉ ካልእ ዝዓደልካዮ፡ ብዙሕነት ናይ ሃብትታትካ ምስ'ቶም ገጾም ናብኻ ኣቢሎም ዝመለሱን፡ ኻኽገልግሉኻ ከኣ ዝተላዕሉን ክትቆጽረኒ እልምነካ ኣሎኹ።

እምበኣር ዎ ጐይታይ፡ ነቶም ኣገልገልትኻን፡ ነተን ኣገልገልትኻን ይቕረ በል። ንስኻ፡ ብሓቂ እቲ ወትሩ ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ኣዝዩ ርህሩህ ኢኻ።

— ባሃኡላህ

**22**

*ዎ ጐይታ! ዎ ኣንታ ተስፋ ህዝቢ ዝኾንካ! ንሸኻ ናይ ኩሎም'ዞም ኣገልገልትኻ ማዕቆባ ኢኻ። ንሕቡእ ነገራትን ምስጢራትን ትፈልጥ ኢኻ። ንሕና ኩልና ሓጥያተኛታት ኢና፡ ንሸኻ ከኣ መዕቆቢ ሓጥኣንን፡ እቲ ምሕረተኛን፡ እቲ ሓዳግን ኢኻ። ዎ ጐይታ! ንድኽመታትና ኣይትርአ። ከም ጸጋኻን ውህበትካን ኪደና። ድኽመታትና ብዙሓት ኢዮም። ውቅያኖስ ይቕረ በሃልነትካ ግን ወሰን የብሉን። ስለዚ ኣጽንዓናን ኣበርትዓናን። በቲ ኣብ ድርኩኹትካ ቅቡላት ንምኧን ዘኽእለና ሓግዘና። ንልብታት ኣድምቀን፡ ንኣዒንቲ ረኣይቲ፡ ንኣእዛን ጥንቁቓት ሰማዕቲ ግበረን፣ ንዝሞተ ዳግም ህይወት ሃቦ፡ ንዝሓመመ ከኣ ኣሕውዮ። ነቲ ድኻ ሃብታም፡ ነቲ ዝበርገገ ከኣ ርጉእ ግበሮ። ኣብ መንግስትኻ ተቐበለና፡ ብብርሃን ሕያውነት ኣድምቐና፡ ንሸኻ እቲ ለጋስ ኢኻ! ንሸኻ እቲ ሓዳግ ኢኻ! ንሸኻ እቲ ሕያዋይ ኢኻ!*

--ዓብዱልባሃ

## *መሕወያ*

**23**

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! በቲ ውቅያኖስ ናይ መሕወያኻን፣ በቲ ጸዳላት ናይ'ቲ ኮኾብ መዓልቲ ናይ ጸጋኻን፣ በቲ ንኣገልገልትኻ ዘንበርከኽካሉ ስምካን፣ በቲ ተስፋሕፋሒ ሓይሊ ናይ'ቲ ኣዝዩ ልዑል ቃልካን፣ ብብርታዐ ናይ'ታ ዝዓዘዘት ብርዕኻን፡ በቲ ኻኹሉ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ፍጥረት ዝቐደመ ምሕረትካን፣ ካብ ኩሉ ስቓይን መኽሳእትን፡ ካብ ኩሉ ድኽመትን ስንፍናን በቲ ናይ ልግሰኻ ማያት ከተንጽሃኒ እልምነካ።*

*ዎ ጐይታይ፡ እቲ ኣብ ኣፍደገን ልግሰኻ እናተጸበየ ናባኻ ዝምህለል ዘሎን፣ ንሱ እቲ ተስፋታቱ ናባኻ ኣቕኒዑ ነቲ ገመድ ልግሰኻ ጨቢጡ ዘሎን ትርእዮ ኣሎኻ። ነቶም ንሱ ካብቲ ውቅያኖስ ናይ ጸጋኻን፡ ኮኾብ መዓልቲ ናይ ፈቃር ሕያውነትካን ዘናድዮም ነገራት ከይትኸልኦ እምሕጸነካ።*

*እቲ ደስ ዘብለካ ክትገብር ሓይሊ ዝመልኣካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ወርትግ ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ኣዝዩ ለጋስ።*

-- ባሃኡላህ

**24**

*ስምካ ፈውሰይ እዩ ዎ ኣምላኸይ ዝኽርኻ'ውን መድሃኒተይ እዩ። ናባኻ ምቕራብ ተስፋይ፡ ንዓኻ ምፍቃር'ውን ብጻየይ እዩ። ምሕረትካ ንዓይ ኣብ ክልቲኤን ማለት ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን፡ ኣብ'ታ ትመጽእን ፈውሰይን ረዲኤተይን እዩ። ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ለጋስ፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ልቦና ዝመልኣካ ኢኻ።*

--- ባሃኡላህ

**25**

*ውዱስ ኩን ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! በቲ ንኣገልገልትኻ .ዘለዓዓልካሉን፡ ንዓበይቲ ከተማታትካ ዝሃነጽካሉን፡ ኣዝዩ ዝዓበየ ስምካን፣ በቶም ኣዝዮም ብሉጻት መዓርጋትካን፡ ኣዝዮም ዝዓዘዙ መርኣያታትካን፡ ህዝብኻ ናብ'ቶም ብዓጸፋታት ዝተመልኡ ውህበታትካ ኣቢሎም ክምለሱን፡ ንገጻቶም ናብ'ቲ ቤተ መቕደስ ናይ ልቦና ኣቢሎም ከቕንዑን፡ ክትሕግዞም እምሕጸነካ። እቲ ነተን ነፍሳት ብኹሉ መዳይ ኣጥቂዑወን ዘሎ ሕማማት፡ ማለት ናብ'ቲ፡ ኣብ ዕቑባ ናይ መጽለሊ ሽምካ ተነቢሩ ዘሎ፡ ኻኹሎም ኣብ ሰማይን ኣብ መሬትን ንዘሎዉ፡ ንጉስ ናይ ኩሉ ኣስማት ኽኸውን ዝኣዘዝካሉ ኣቢለን ቆላሕታኣን ከየቕንዓ ዓንቂጽወን ዘሎ ሕማማት ኣሕዊ። ባህ ከም ዝበለካ ክትገብር እትኽእል ኢኻ። ግዝኣት ናይ ኩሉ ኣስማት ኣብ ኢድካ እዩ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን እቲ ሓያል እቲ ለባም።*

ኣነስ ሓደ ምስኪን ፍጥረት ኢየ ዎ'ጐይታይ፤ ናብቲ ዘፈር ናይ ሃብትኻ ከኣ ተጸጊዐ ኣለኹ። ኣነ ብጽኑዕ ዝሓመምኩ ኢየ። ንገመድ መድሃኒትካ ከኣ ኣጽኒዐ ሒዘ'ለኹ። ብ ይቕረ በሃሊነትካን ውህበትካን ካብ ኩሉ'ቲ ከቢቡኒ ዘሎ ሕማማት ኣድሕነኒ፣ በቶም ማያት ጸጋዊነትካን ምሕረትካን ከኣ ፈጺምካ ሕጸበኒ፣ በቲ ወሃ ዘበለ ልብሲ ከኣ ክደነኒ። እምበኣርከስ ነ ዒንተይ ናብኻ ኣተኵረን፤ ናብኻ ጥራይ እምበር ካብ ዝኾነ ካልእ ምትሕሓዛት ከኣ ኣርሕቐኒ። እቲ ንሽኻ እትደልዮ ንምግባርን እቲ ንሽኻ እትሕጐሰሉ ንምፍጻምን'ውን ሓግዘኒ።

ንሽኻ ብሓቂ ጐይታ ናይዚ ህይወት'ዝን ናይቲ ዝመጽእን ኢኻ። ንሽኻ ብሓቂ፡ እቲ ወርትግ ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ኣዝዩ ምሕረተኛ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

26

ክብሪ ንዓኻ ይኹን ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! በቲ መለዮ ናይ መሪሕነትካ ክብ ዘበልካሉን፡ ንነጸብራቕ ናይ ፈቃር ሕያውነትካ ዘብራህካሉን፡ ንሉኣላዊነት ናይ ጐይትነትካ ዝኸሰትካሉን፤ በቲ እታ ፋኑስ ናይ ኣስማትካ ኣብ ውሽጢ'ቲ ማህደር ናይ ባህርያትካ ዝተራእየትሉን፡ ንሱ እቲ ቤተ መቕደስ ናይ ውህደትካን፡ እቲ ክስተት ናይ ገለልትነትን ዘብርሃሉን፤ በቶም ጽርግያታት ናይ መሪሕነትካ ዝተፈልጥሉን መንገድታት ናይ ጽቡቕ ፍታውካ ዝተሓንጸጽሉን፤ በቶም መሰረታት ናይ ጌጋ ከም ዘንቀጥቅጡ ዝኾንሉን፡ እቶም ምልክታት ናይ ረሲእነት ዝተወገደሉን፣ በቶም ምንጭታት ናይ ልቦና ነቲጎም ዝተፈሸሕሉን፡ እቲ ሰማያዊ መኣዲ ከኣ ዝወረደሉን፤ በቲ ንኣገልገልትኻ ዝዓ ቀብካሉን፡ መድሃኒትካ ዝለገስካሉን፤ ንኣገልገልትኻ ኣብ ማእከል ፍጡራትካ ርህሩህ ምሕረታት ዘርኣኻሉን፡ ይቕረ በሃልነትካ ከኣ ዝኸሰትካሉን ስምካ እምሕጸነካ። ነቲ ኣጽኒዑ ዝሓዘን ናብኻ ዝተመልሰን፡ ናብ ምሕረትካ ዝተጸግዔን፡ ከምኡ'ውን ነቲ ዘፈር ልብሲ ሓልዮትካ ቀጥ ኣቢሉ ዝሓዘን ከተዕቁቦ እምሕጸነካ። እምበኣር'ከስ መድሃኒትካ ኣውርደሉ፡ ምሉእ ግበሮ። ብኣኻ ዝተለገሰ ጽንዓትን፡ ብልኡላዊነትካ ዝተዓደለ ቅሳነትን ሃቦ።

ንሽኻ ብሓቂ፡ እቲ መሕወዪ፡ እቲ ዓቃቢ፡ እቲ ረዳኢ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ሓያል፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

27

ክብሪ ንዓኻ ይኹን ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ብስምካ፡ ማለት በቲ ናትካ ጽባቐ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕ ሊ'ቲ ዙፋን ናይ ሃይማኖትካ ዝተተኽለሉን፣ በቲ ንሽኻ ንኹሉ ነገራት እትልውጠሉን፣ ንኹሉ ነገራት ብሓንሳብ እትኣኻኽበሉን፣ ንኹሉ ነገራት ጸብጻብ ክህብ እትጽውዓሉን፣ ንኹሉ ነገራት ዓስቡ እትህበሉን፣ ንኹሉ ነገራት እትናብየሉን ስምካ እልምነካ ኣሎኹ። ነዛ ናብኻ ክትዕቆብ ዘናደየትን፡ ንከውሊ ናይ'ቲ ንሽኻ ንባዕልኻ ናቱ ክስተት ዝኾንካሉ ዝደለየትን፡ ምሉእ እምነታት፡ ምትእምማናን'ውን ኣብኻ ዘንበረትን ኣገልጋሊት ክትሕልዋ እልምነካ።

ዎ ኣምላኸይ ንሳ ዝተጸልኣ ኢያ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ'ታ ኦም መሕወያኻ ከኣ ኣትያ'ላ፤ ውጽዕቲ ኢያ ናብቲ ናይ ዑቕባኻ ከተማ ከኣ ነፊጻ ኣላ፤ሕምምቲ'ያ፡ ነቲ ቀንዲ ምንጪ ናይ ረዲኤትካ ከኣ ደልያ ኣላ፤ ኣመና ሕዝንቲ ኢያ ናብቲ መጋባእያ ናይ ይቕረ በሃሊነትካ ድማ ገጻ መሊሳ ኣላ።

ዎ ኣምላኸይን ፍቑረይን፡ ምእንቲ ሉኣላዊነትካን፡ ፈቃር ሕያውነትካን ኢልካ፡ ነዛ ሕምምቲ በቲ ልብሲ ናይ መህድኢኻን፡ መሕወዪኻን ጌርካ ክደና፤ ካብቲ ጽዋእ ናይ ምሕረትካን ረድኤትካን ጠምጠም ኢላ እትሰቲ'ውን ግበራ። ብተወሳኺ ካብ ኩሉ ስቓይን፡ ሕማምን፣ ካብ ኩሉ ቃንዛን፡ ምጽላእን፣ ከምኡ'ውን ካብ ዝኾነ ይኹን ንሽኻ ክትጸልኦ እትኽእል ዘበለን ሓልዋ።

ንሽኻ ብሓቂ፡ ብዘይካ ገዛእ ርእሽኻ ካብ ኩሉ ካልእ መጠን ዘይብሉ ዝለዓልካ ኢኻ። ንሽኻ ብሓቂ፡ እቲ መሕወዪ፡ እቲ ንኹሉ ኣኻሊ፡ እቲ ዓቃቢ፡ እቲ ወትሩ ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ኣዝዩ ምሕረተኛ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

28

*ዘምልኸካን ዘፍቅረካን ኣምላኸይ! ንውህደትካን ሓድነትካን እምስክር፡ ብናይ ዝሓለፈን ዘሎን ህያባትካ ከኣ ኣመስግነካ። ንሸኻ፡ እቲ ልግሲ ዝመልኦ እቲ ሕልፍን ትርፍን ኣዝመራታት ናይ ምሕረቱ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ላዕልን ኣብ ታሕትን ዘሎ ብተመሳሳሊ ዝዘነበን፡ እቶም ጸዳላት ናይ ጸግኡ ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ምእዙዝን ናዕበኛን ዝበርሁ ኢኻ።*

*ዎ ኣምላኽ ምሕረት እቲ ኣብ ቅድሚ ማዕጾኡ፡ እቲ ፍጹም መርኣያ ናይ ምሕረት ዝሰገደሉን፡ ኣብ ዙሪያ'ቲ ቅዱስ ቦታ ናይ ሃይማኖቱ ድማ ፈቓር ሕያውነት፡ በቲ ጥልቂ ዝኾነ መንፈሳ ዝኸበበቶን፡ ምእንቲ ኣብ ልዕሊ ኩሎም'ቶም ተርእዮታት ናይ'ዛ ህልውቲ ዓለም ምሕረት ክትገብርን፣ በተን መዓልታትካ ከኣ፡ ነቲ ካብ ጸጋኻ ዝትውሻሕ ከይትኽልክሎም፡ በቲ ጥንታዊ ጸጋኻ ብምምሕጻን፡ ነዚ ናይ ሕጂ ረድኤትካ እናደለና ንልምነካ።*

*ኩሎም ድኻታትን፡ ስኡናትን ጥራይ ኢዮም፣ ንሸኻ ከኣ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝውንን፣ እቲ ንኹሉ ዘህድእ፣ እቲ ምሉእ ሓይሊ ዘሎዎ ኢኻ!*

— ባሃኡላህ

29

*ስምካ ዝተወደሰ ይኹን፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ኣብ ብዘላ ምድሪ ጸልማት ወሪዱ ኣሎ፡ እቶም ሓይልታት ዓመጽ ከኣ ንኹለን መንግስታት ኣኽቢቦመን ኣለዉ። እንተኾነ ብኣታቶም ጌረ ንጸዳላት ናይ ልቦናኻ እግንዘብ፡ ንድምቀት ብርሃን ናይ ሓልዮትካ ከኣ ኤለሊ።*

*እቶም ብመጋረጃ ከም ዝተሸፈኑ ኰይኖም ካባኻ ተዓጽዮም ዘለዉ፣ ንብርሃንካ ንምጥፋእን፡ እሳትካ ንምጥፋእን፡ ንንፋሳት ጸጋኻ ደው ንምባልን ሓይሊ ከም ዘለዎም ጌሮም ገመቱ። ኣይፋሉን፡ ነዚ ከኣ ሓይልኻ ዝምስክረለይ እዩ! ነፍስ ወከፍ መከራ መበጻጽሒ ልቦናኻ፣ ነፍሲ ወከፍ ፈተና ከኣ መጐዓዝያ ናይ ሓልዮትካ ክትከውን እንተዘይገብር ነይሩ፣ ሓይልታት ምድርን ሰማይን ኣንጻርና እንተ ዝሓብሩ'ውን ሓደ'ኳ ክቃወመና ኣይምደፈረን። ነቶም ኣብ ቅድመይ ቃልዕ ተዘርጊሖም ዘለዉ ዘገርሙ ምስጢራት ናይ ልቦናኻ እንተዝቐልዖም ነይረስ፡ ልጓማት ጸላእትኻ ብትኽትኽ ምበሉ ነይሮም።*

*እምበኣር'ከስ ክብሪ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ኣምላኸይ! ነቶም ዘፍቅሩኻ፡ ኣብ ዙርያ ናይቲ ካብ ሰናይ ድሌት ናይ ፍቓድካ ዝውሕዝ ሕጊ ክትእክቦምን፡ ንልብታቶም ዘተኣማምን ኣብ ልዕሊኦም ከተውርደሎምን፡ በቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ስምካ እምሕጸነካ።*

*ደስ ዝበለካ ክትገብር ክእለት ዘሎካ ኢኻ። ንሸኻ ብሓቂ፡ እቲ ኣብ ጸበባ ረዳኢ እቲ ብገዛእ ርእሱ ዚነብር ኢኻ።*

— ባሃኡላህ

30

*ዎ ሕያዋይ ጐይታ! ንሸኻ እቲ ሊጋስን ምሕረተኛን ዝኾንካ! ንሕና ናይ ድርኩኺትካ ኣገልገልቲ ኢና፡ ኣብ ትሕቲ ዑቕባ ምሕረትካ ከኣ ኣሎና፤ እታ ጸሓይ ሓልዮትካ ኣብ ኩሉ ተብርህ ኣላ፤ እቶም ደበናታት ምሕረትካ ከኣ ኣብ ኩሉ ይዘንቡ፡ ህያባትካ ንኹሉ ይሓቁፍ፡ ሓልዮትካ ንኹሉ ይናቢ፡ ማዕቀብኻ ንኹሉ የጽልል፡ ናይ ውህበትካ ቈላሕታታት ከኣ ንኹሉ የብርሁ። ዎ ጐይታ! እቶም መወዳእታ ዘይብሎም ህያባትካ ለግሰልና፡ ብርሃን መሪሕነትካ ከብርህ ከኣ ፍቐድ። ንኣዒንቲ ኣብርሃየን፡ ንንፍሳት ሕጉሳት ግበረን፡ ኣብ'ተን ልብታት ከኣ ሓድሽ መንፈስ ዓድል። ዘልኣለማዊ ህይወት ሃበን። ንናይ ፍልጠትካ መዓጹ ክፈቶም፤ እቲ ብርሃን እምነት ከም ዝኹላዕ ግበሮ። ከም ማዕበላት ናይ ሓደ ባሕሪ፡ ከም ኣቘጽልትን ጨናፍርን ናይ ሓንቲ ኦም ኪኾኑን፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ሓንቲ ድኳን ከኣ ምእንቲ ክእከቡንሲ ንደቂ ሰብ ኣሕብሮምን፡ ናብ ትሕቲ ጽላል'ቲ ሰንደቕ ናይ ማዕቀብኻ ኣምጽኣዮምን። ካብ ሓደ ዝዓይነቱ ፈልፋሊ ዝሰትዩ ግበሮም። ብሓደ ዝዓይነቶም*

*ንፋሳት ዝሕደሱ ግበሮም። ምንጨ ሓደ ዓይነት ካብ ዝኾነ ናይ ብርሃንን ህይወትን ድምቀት፡ ዝረኽቡ ግበሮም። ንሾኻ እቲ ወሃቢ፡ እቲ ምሕረተኛ ኢኻ!*

**— ዓብዱልባሃ**

31

*ዎ ኣንታ ርህሩህ ጐይታ! ኣንታ ለጋስን ክኢላን ዝኾንካ! ንሕና ኣብ ትሕቲ ሓልዮትካ ዝተዓቑብና ኣገልገልትኻ ኢና። ቆላሕታ ረድኤትካ ናባና ኣብሎ። ንኣዒንትና ብርሃን፡ ነእዛንና ምስማዕ፡ ንልብታትና ከኣ ምስትውዓልን ፍቕርን ሃብ። ንነፍሳትና በቲ ብስራታት ሓጐስካ ሕጉሳትን ፍሱሃትን ግበረን። ዎ ጐይታ! መንገዲ መንግስትኻ ሓብረና፡ በቲ እስትንፋስ መንፈስ ቅዱስ ጌርካ ከኣ ኻኹልና ናብ ልብና ምለሰና።ዘልኣለማዊ ህይወት ሃበና፡ መወዳእታ ዘይብሉ ክብሪ ከኣ ዓድለና። ንደቂ  ሰብ ኣሕብሮም፡ ነታ ዓለም ናይ ደቂ-ሰብ ከኣ ኣብርሃያ። ኵልና መንገድኻ እንኽተልን፡ ሰናይ ደስታኻ ሃንቀው እንብልን፡ ንምስጢራት ናይ መንግስትኻ ከኣ እነናድን ግበረና። ዎ ኣምላኽ! ኣሕብረና፡ ንልብታትና ከኣ ብጽኑዕ ምትእስሳር ጥመረን፡ ንሾኻ ብሓቂ እቲ ወሃቢ ኢኻ! ንሾኻ እቲ ሕያዋይ ዝኾነ ኢኻ፡ ንሾኻ እቲ በዓል ምሉእ ሓይሊ ኢኻ!*

**--ዓብዱልባሃ**

**32**

*ዎ ኣንታ ሕያዋይ ጐይታ! ንመላእ ደቂ ሰብ ካብ ሓንቲ ዓይነት ዝኾኑ ፍልማዊ ወለዲ ፈጢርካዮም። ኩሎም ከኣ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ቤት ኪኾኑ መደብካ። ኣብ ቅድሚ ኣብ ቅዱስ ህላዌኻ ኩላቶም ኣገልገልትኻ ኢዮም፡ መላእ ደቂ-ሰብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ቤት መቕደስካ ዝተዓቘቡ ኢዮም። ኩሎም ኣብ መኣዲ ልግሾኻ ተኣኪቦም ከኣ ብብርሃን ሓልዮኻ የንጸባርቑ ኣሎው። ዎ ኣምላኽ! ንሾኻ ንኹሉ ሕያዋይ ኢኻ፡ ንኹሉ ሓሊኻሉ ኢኻ፡ ንኹሉ ተዕቂብ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ህይወት ትሰርጽ። ንኹሉ ብልህነትን ኣእምሮኣዊ ክእለትን ወፊኻሉ፤ ኩሎም ኣብ ውቅያኖስ ምሕረትካ ጠሊቖም ኣሎው። ዎ ለዋህ ጐይታ! ንኹሎም ኣሕብሮም፡ ንሃይማኖታት ዘሳንያ ግበረን፡ ከም ሓደ ዓሌትን ከም ደቂ ሓንቲ ዓደቦን፡ ምእንቲ ኪኾኑ ከኣ ኩለን መንግስታት ሓንቲ ግበረን። ኣብ ስኒትን ሕብረትን ዘሰምራ ግበረን። ዎ ኣምላኽ ንኣርማ ሓድነት ወዲ ሰብ ክብ ኣብል። ዎ ኣምላኽ እቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ሰላም መስርት። ንልብታት ብሓደ ጥመረን፡ ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣንታ ለዋህ ኣቦ ዝኾንካ፡ ኣምላኽ! ልብታት በቲ ምዑዝ ሽታ ፍቕርኻ ዝፍስሃ ግበረን፤ ነዒንቲ ብብርሃን መሪሕነትካ ጌርካ ኣብርህ፤ በቶም ናይ ቃልካ ዜማታት ጌርካ ከኣ ነእዛንና ኣሐጕስ፡ ኣብቲ በዓቲ ሓልዮትካ ከኣ ኣዕቍበና። ንሾኻ እቲ ብርቱዕን ሓያልን ኢኻ! ንሾኻ እቲ ይቕረ በሃሊን እቲ ንድኽመታት ደቂ ሰብ ሸለል ዝብልን ኢኻ።*

**— ዓብዱልባሃ**

## ኣኼባታት

**33**

*ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ኣባይን ኣብ ኩሎም'ቶም ገጽካ ዘናደዩን፡ እቲ ምስ ልግሾኻን ውህበት ዝመልአ ጸጋኻን ዝቃዶ፡ ከምኡ'ውን እቲ ንውህበትካን ጉንያኻን ዝበቅዕ ከተውርደልና፡ በቶም ካብ ጸጋኻ ዝሾቡ ንፋሳትን በቶም መዓልቲ ጽድያታት ናይ ዓላማኻ ዝኾኑን፡ ከምኡ'ውን በቶም ናይ ስርጸትካ መባርቖን እምሕጸነካ። ድኻን ንውልቁን ኢየ'ሞ፡ ዎ ጐይታይ! ኣብ'ቲ ውቅያኖስ ሃብትኻ ኣጥልቐኒ፤ ዝጸማእኩየ'ሞ ካብቶም ናይ ፈቃር ሕያውነትካ ህይወታውያን ማያት ዝሰቲ ግበረኒ።*

*ብኣኻን በቲ ከም ክስተት ናይ ገዛእ ህልውናኻን በቲ ንኹሎም ኣብ ሰማይን ምድርን ንዘለዉ ፈልዩ ዘነጽር ቃልካ ጌርካ ዝሰየምካዮን፣ ነገልገልትኻ ኣብ ትሕቲ ጽላል'ታ ኦም ናይ ጸጋ ዝመልአ*

ሓልዮትካ ብሓንሳብ ክትእክቦም እምሕጸነካ። እምበኣር ካብ ፍረታት ክካፈሉን ኣእዛኖም ናብ'ቲ ሐሸሽ ዝብል ድምጺ ናይ ኣቑጽልታን፡ ናብ'ቲ ጣዕመ ድምጺ ናይ'ታ ኣብ ጨናፍራ ኰይና እተዝይም ዑፍ ከድህባን ሓግዞም። ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኣብ ድንገት ረዳኢ፡ እቲ ክብጻሕ ዘይከኣል፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ለጋስ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

**34**

*ዎ ኣንታ ምሕረተኛ ኣምላኽ! ዎ ኣንታ ሓያልን ብርቱዕን ዝኾንካ! ዎ ኣንታ ዝሓለለ ኣቦ! እዞም ኣገልገልቲ እዚኦም ናባኻ ብምምላስን፡ ንድርኩኺትካ ብምልማንን፡ ካብ'ቲ ዓቢ ውሕስነትካ ነቲ መወዳእታ ዘይብሉ ልግሾኻ ብምምናይ እናተማህለሉ፡ ብሓንሳብ ተኣኪቦም ኣለዉ። ብዘይካ'ቲ ሰናይ ሓጐስካ ካልእ ዕላማ የብሎምን። ብዘይካ ነዛ ዓለም ደቂ ሰባት ምግልጋል ካልእ ሓሳብ የብሎምን፡ ዎ ኣምላኽ! ነዚ ጥርናፈ'ዚ ኣንጸባራቒ ግበሮ። ንልብታት ምሕረተኛታት ግበረን። እቲ ልግስታት መንፈስ ቅዱስ ዓድል፡ እቲ ናይ ሰማይ ዝኾነ ሓይሊ ዓድሎም። ብሰማያዊ ብልሂታት ባርኮም። ምእንቲ ብመላእ ትሕትናን ጣዕሳን ናብ መንግስትኻ ክምለሱን፡ ኣብ ኣገልግሎት እዛ ዓለም ወዲ ሰብ ኪጽመዱን ንቕንዕንኦም ኣበርክት። ነፍሲ ወከፍ ድሙቕ ሽምዓ ግበሮ። ነፍሲ ወከፍ ድሙቕ ኰኾብ ግበሮ። ነፍሲ-ወከፍ ኣብ'ቲ መንግስቲ ኣምላኽ ምልኩዕ ዝሕብሩን፡ ቅዱው ዝመዓ ዝኡ ሽታ ዝሽትትን ግበሮ። ዎ ሕያዋይ ኣቦ! ቡራኬታትካ ዓድል። ንጉድለታትና ኣብ ግምት ኣይተእትዎ፡ ኣብ ትሕቲ ዑቕባኻ ከውለና። ንሓጥያትና ኣይትዘክር። ብምሕረትካ ኣሕውየና። ንሕና ድኹማት ኢና፡ ንሸኻ ድማ ሓያል ኢኻ። ንሕና ድኻታት ኢና፤ ንሸኻ ከኣ ሃብታም ኢኻ። ንሕና ሕሙማት ኢና ንሸኻ ከኣ እቲ ሓኪም ኢኻ። ንሕና ስኡናት ኢና፣ ንሸኻ ከኣ ኣዚኻ ለጋስ ኢኻ። ዎ ኣምላኽ! ማና ሓልዮትካ ሃበና። ንሸኻ እቲ ብርቱዕ ኢኻ! ንሸኻ እቲ ወሃቢ ኢኻ! ንሸኻ እቲ ገባር ሰናይ ኢኻ!*

-- ዓብዱልባሃ

**35**

*ዎ ኣንታ ሕያዋይ ጐይታ! እዚኣቶም ናብ መንግስትኻ ዝተመልሱን፡ ወፈያኻን ባርኾትካን ኣድልዩዎም ድማ ኣብዚ ርክብ'ዚ ተኣኪቦም ዘለዉ ኣገልገልትኻ ኢዮም። ዎ ኣንታ ኣምላኽ! ነቶም ኣብ ኩሉ'ቲ ክውንነታት ናይ ህይወት ተዓቍሮም ዝነበሩ ናይ ሓድነትካ ምልክታታት ግለጾምን ጋህዲ ግበሮምን። ነቶም ኣብዞም ሰብኣውያን ክውንነታት ድጉላትን ሕቡኣትን ዝገበርካዮም ደግታት ቅልዓ ዮምን ግለጾምን። ዎ ኣምላኽ! ንሕና ከም ኣታኽልቲ ኢና፡ ልግሾኻ ከኣ ከም ዝናም እዩ። ነዘን ኣታኽልቲ'ዚኤን ኣሐድሰንን፡ ብውህበትካ ጌርካ ከኣ ዝዓብያ ግበረንን። ንሕና ኣገልገልትኻ ኢና፤ ካብ መቑሓት ናይ ስጋዊ መነባብሮ ሓራ ግበረና። ደናቝር ኢና፤ ለባማት ግበረና። ምውታት ኢና፤ ህያዋን ግበረና። ስጋውያን ኢና፤መንፈስ ወፍየልና። ሕሩማት ኢና፤ ናይ ምስጢራትካ መቕረባታት ግበረና። ነዳያት ኢና፤ ካብቲ ደረት ኣልቦ ግምጃኻ ኣበልጽገናን ባርኸልናን። ዎ ኣምላኽ! ሃለዋትና እንፈልጥ ግበረና፡ ዝርኢ ዓይኒ ሃበና፡ ዝሰምዕ እዝኒ ሃበና። ኣብዛ ናይ ህልውና ዓ ለም ምእንቲ'ቶም ምስጢራት ናይ መንግስትኻ ክግለጹልና ክኽእሉን፡ ንሓድነትካ'ውን ክንእመነሉ ክንክእልንሲ ምስቶም ምስጢራት ናይ ህይወት ኣላልየና። ኩሉ ውህበት ካባኻ ይምንጩ፤ ኩሉ ምርቓ ናትካ'ዩ። ንሸኻ ሓያል ኢኻ! ንሸኻ ብርቱዕ ኢኻ! ንሸኻ እቲ ወሃቢ ኢኻ፡ ንሸኻ እቲ ወትሩ ለጋስ ኢኻ!*

-- ዓብዱልባሃ

**36**

*ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣምላኸይ! ብሓቂ፡ እዞም ኣገልገልቲ'ዚኣቶም ንመንግስቲ ምሕረትካ እናተማህለሉ ናባኻ ይምለሱ ኣለዉ። ብሓቂ ንሳቶም፡ ካብ'ቲ መስተንክር ዝኾነ መንግስትኻ መረጋገጺ ብምድላይን፡ ኣብ'ቲ ሰማያዊ ግዝኣትካ ንምብጻሕ ከኣ ተስፋ ብምግባርን፤ ብቕድስናኻ ተማሪኾም፡ በቲ እሳት ዝኾነ ፍቕርኻ'ውን ተቓጺሎም ኣሎዉ። ብሓቂ ንሳቶም ካብ'ታ ጸሓይ ሓቂ ድምቀት ብምትምናይ ዉህበትካ ንኽወርደሎም ሃንቀው ይብሉ። ዎ ጐይታ! ድሙቓት ፋኑሳትን ምሕረት ዝመልኦም ምልክታትን፡ ፍረ ዝመልኦም ኣእዋምን ዘንጸባርቑ ከዋኽብትን ግበሮም።*

*ንብርሃናት ውህበትካ ሃንቀው እናበሉ፡ በቶም መተኣሳሰርትን ጠመርትን ናይ ፍቕርኻ ከኣ ናብ ኣገልግሎትካ ዝመጹን ምሳኻ ዝጠበቑን ግበሮም። ዎ ጐይታ! ናይ መሪሕነት ምልክታት፡ ናይ'ቲ ዘይመውት መንግስትኻ ሰንደቓት፡ ማዕበላት ናይ'ቲ ባሕሪ ምሕረትካ፡ መስትያታት ናይ'ቲ ብርሃን ግርማኻ ግበሮም።*

*ብሓቂ ንሰኻ እቲ ለጋስ ኢኻ! ብሓቂ ንሰኻ እቲ ምሕረተኛ ኢኻ! ብሓቂ ንሰኻ እቲ ክቡርን፡ እቲ ፍቑርን ኢኻ!*

-- ዓብዱልባሃ

37

*ዎ ኣንታ ይቕረ በሃሊ ኣምላኽ! እዞም ኣገልገልቲ'ዚኣቶም፡ ናብ መንግስትኻ ይምለሱን፡ ጸጋኻን ልግሰኻን ከኣ የናድዩን ኣለዉ። ዎ ኣምላኽ! ንፍቕርኻ ዝበቕዑ መታን ክኾኑ፡ ንልብታቶም ቅኑዓትን ንጹሃትን ግበረን። እቲ ብርሃን ናይ'ታ ጸሓይ ሓቂ ብኣታቶም ኣቢሉ መታን ከንጸባርቕ፡ ነተን መንፈሳት ኣንጽሃየንን ቀድሰንን። ንብርሃናትካ ምእንቲ ክርእያ፡ ንኣዒንቲ ኣንጽሃየንን ቀድሰንን።ንጻውዒት ናይ መንግስትነትካ ምእንቲ ምስማዕ ክኽእላ፡ ነእዛን ኣንጽሃየንን ቀድሰንን። ዎ ጐይታ! ንሕና ብሓቂ ድኹማት ኢና፡ ንሰኻ ግን ሓያል ኢኻ። ብሓቂ ንሕና ድኻታት ኢና፡ ንሰኻ ግን ሃብታም ኢኻ። ንሕና ኣናደይቲ ኢና፡ ንሰኻ ከኣ እቲ ዝናደ ኢኻ። ዎ ጐይታ! ራህርሃልና፡ ይቕረ ድማ በለልና፤ መታን ንናይ ልግሰኻ መለሽቲ፡ ብመንግስትኻ ዝተማረኽና፡ ብእሳት ፍቕርኻ ዝተወላዕና፡ ኣብዚ ብሩህ ዘመን'ዚ በቲ እስትንፋሳት መንፈስ ቅዱስካ ሃለዋትና ዝፈለጥና ክንከውን ድማ ዓቕምን ድልወትን ለግሰልና። ንሰኻ ብርቱዕ ኢኻ፤ ንሰኻ ኩሉ እትኽእል ኢኻ፤ ንሰኻ ምሕረተኛ ኢኻ፤ ንሰኻ እቲ ኣዝዩ ለጋስ'ውን ኢኻ!*

-- ዓብዱልባሃ

## ብጊሓት

38

*ኣብ ዑቕባኻ ተንሲኤ ኣለኹ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ንዕኡ፡ ነቲ ኣብ ናይ ቅድስና ዑቕባኻን ጽኑዕ መካን ናይ ምክልኻልካን ንምንባር ዘናዲ ከኣ ንዕኡ ዝሓይሽ እዩ። ዎ ጐይታይ፡ ከም'ቲ ንግዳማዊ ህልውናይ ብወጋሕታ ብርሃን ናይ ልግሰኻ ዘድመቕካዮ፡ ንውሽጣዊ ህልውናይ'ውን በቶም ጸዳላት ናይ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ክስተትካ ኣድምቆ።*

-- ባሃኡላህ

39

*በዛ ወጋሕታ'ዚኣ ብጸጋኻ ተንሲኤ'ለኹ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ፈጺመ ንዓኻ ብምእማንን፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ሓለዋኻ ብምንባርን ከኣ ካብ ቤተይ ወጺኤ'ለኹ። እምበኣር ካብ'ቲ ናይ ምሕረትካ ሰማይ፡ ካብ ጐንኻ ሓደ በረኸት ኣውርደለይ፡ ከም'ቲ ሓሳባተይ ብጽንዓት ናባኻ ኣተኲረ ኣብ ትሕቲ ሓለዋኻ ክወጽእ ዘኽኣልካኒ፡ ከምኡ ከኣ ናብ ቤተይ ብድሓን ክምለስ ኣኽእለኒ።*

*ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ እቲ ሓደ፡ እቲ መነጻጽርቲ ዘይብሉ፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ፡ እቲ በዓ ል ምሉእ ልቦና።*

-- ባሃኡላህ

40

*ዎ ኣምላኸይ፡ ካብ ድቃሰይ ዘበራበርካንን፡ ሃለዋተይ ድሕሪ ምጥፍኣይ ናብ ውነይ ዝመለስካንን፡ ካብ'ቲ ብዓሚቑ ድቃስ ተዋሒጠሉ ዝነበርኩ ዘተንሳእካንን፡ ምስጋናይ ኣብጽሓልካ። ንምልክታትካ ኣፍልጠ እናሃብኩን፡ ኣብ መጽሓፍካ እናኣመንኩን፡ ንገመድካ ኣጽኒዐ እናሓዝኩን ከኣ፡ በዛ*

*ወጋሕታ'ዚኣ፡ ገጸይ ናብ'ቶም ጸዳላት ናይ'ቲ ኰኾብ-መዓልቲ ናይ ክስተትካ ማለት ናብ'ቲ እቶም ሰማያት ናይ ሓይልኻን ግርማኻን ዝደመቐሉ ኣተኲረ ተበራቢረ ኣለኹ።*

*ነቶም ኣብ ድቃሰይ ዝገለጽካለይ፡ ማለት፡ እቶም ኣብ ልብታት ናይ'ቶም ፍቑራትካ ዘሎዉን፡ እቶም ነቲ ግልጸት ናይ'ቲ ምልክታት ናይ ጸጋኻን፡ ፈቃር ሕያውነትካን፣ እቲ ዝበለጸ መሳርሒን፡ ኣዝዩ ዘተኣማምን መሰረት ናይ'ቶም ኣደራሻት ፍቕርኻን ክትገብሮም፡ በቲ ብርታዐ ናይ ፍቓድካን ገዳዲ ዝኾነ ሓይሊ ናይ ዕላማኻን እምሕጸነካ።*

*ዎ ጐይታ፡ በቲ ኣዝዩ ልዑል ብርዕኻ፡ ነቲ ጽቡቕ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን፡ ናይ'ታ እትመጽእን ኣዝዘለይ። ልጓማት ናይ ኩሎም ነገራት፡ ኣብ ጭባጦኻ ተታሒዞም ከም ዘለዉ ከኣ እምስክር። ከም ዝደለኻዮ'ውን ትለዋውጦም ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ እቲ ሓያል፡ እቲ እሙን።*

*ንሸኻ እቲ ብትእዛዙ ንውርደት ናብ ክብሪ፣ ንስንፍና ናብ ሓይሊ፣ ንድኽመት ናብ ብርትዐ፣ ንፍርሒ ናብ ህድኣት፣ ንጥርጣረ ናብ ርግጽነት እትቕይር ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ እቲ ሓያል፣ እቲ ገባር ሰናይ።*

*ንሸኻ ንዘናድየካ ንሓደ'ኳ ተስፋ ዘይተቝርጽን፣ ወይ ንዝኾነ ዝበሃገካ ካብኻ ዘይትኽልክልን ኢኻ። እቲ ንሰማይ ናይ ልግሽኻን፡ ንውቅያኖስ ናይ ውህበትካን ዝሰማማዕ ኣዝዘለይ። ንሸኻ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእልን፡ እቲ ኣዝዩ ሓያልን ኢኻ።*

-- ባሃኡላህ

## *ውዳሴን ምስጋናን*

**41**

*ስምካ ይመስገን፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ንሸኻ እቲ ኩሎም ነገራት ዘምልኽዎን ንሓደ'ኳ ዘየምልኽን ኢኻ፣ እቲ ጐይታ ናይ ኩሎም ነገራት፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ጊልያ ከኣ ዘይኮነ ኢኻ፣ እቲ ኩሉ ነገራት ዝፈልጥ፡ ብዝኾነ ይኹን ከኣ ዘይፍለጥ ኢኻ። ንሸኻ ንገዛእ ርእሰኻ፡ ብሰባት ከም ትፍለጥ ክትገብር ደለኻ፤ ስለዚ ድማ ብሓንቲ ቃል ናይ ኣፍካ ንፍጥረት ናብ ህልውና ኣምጻእካዮ፡ ነቲ ዩኒቨርስ ከኣ ደኰንካዮ፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ደኳኒ፡ እቲ ፈጣሪ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል።*

*ምእንቲ ኩሉ ግዜን፡ ኣብ ትሕቲ ኩሉ ኩነታትን፡ ገጸይ ፍጺመ ናባኻ ክመልስን፡ ካብቶም ንልብታት ምሩጻትካ ህይወት ዝሃብካሎምን፡ ንነፍሳት ናይቶም ዘፍቅሩኻ ዘበራበርካሎምን ህይወታውያን ማያት ከኣ ሓንፈፈ ንምስታይ ከተኽእለንን፡ በዛ ኣብ ልዕሊ ደረት ትርኢት ናይ ፍቓድካ ዝበርሀት ቃል ብቐንዳ እምሕጸነካ።*

*ንሸኻ እቲ ኣምላኽ ሓይልን፣ ክብርን፣ ውህበትን ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ልዑል ገዛኢ፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ፍልጠቱ ወሰን ዘይብሉ ኢኻ።*

-- ባሃኡላህ

**42**

*ዎ እቲ መበቆል ናይ ኩሉ ክብርን ግርማን፣ ከበሬታን ዕቤትን፣ ሉኣላዊነትን ግዝኣትን፣ ልዕልናን ጸጋን፣ ተፈራሒነትን ሓይልን ዝኾንካ ኣምላኸይ፣ ኩሉ ውዳሴ ንዓኻ ይኹን። ንዝኾነ ንሸኻ ዝፈቐድካሉ ዘበለ ናብ ጥቓ'ቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ውቅያኖስ ከም ዝቐርብ ትገብሮ፤ ኣብ ልዕሊ ንዝኾነ ንሸኻ ዝፈተኻሉ ዘበለ ከኣ፡ ነቲ ኣዝዩ ጥንታዊ ስምካ ናይ ምልላይ ክብሪ ትዕድሎ። ኩሎም ኣብ ሰማይ ኰነ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፡ ንስርሒት ናይ'ቲ ሉኣላዊ ፍቓድካ ሓደ'ኳ ዝምክቶ ሓይሊ የሎን። ካብ ዘልኣለም ኣትሒዝካ ንመላእ ፍጥረት ገዚእካ ኢኻ፣ ንሓዋሩ'ውን ግዝኣትካ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ፍጡራት ነገራት ብቐጻሊ ከተዘውትሮ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ልዑል፡ እቲ በዓል ምሉእ ሓይሊ፡ እቲ በዓል ምሉእ ልቦና።*

*ምእንቲ ክርእዩኻስ፡ ዎ ጐይታ፡ ገጻት ኣገልገልትኻ ኣብርህ፣ ምእንቲ ናብቲ ቅርዓት ናይ'ቲ ሰማያዊ ውህበታትካ ክምለሱን፡ ነቲ ናይ ገዛእ ርእሰኻ ክስተትን፡ ነቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ*

ኩለንትናኻ ዝኾነን ከኣ፡ ምእንቲ ከለልዩንሲ ንልብታቶም ኣንጽህ። ብሓቂ፣ ንስኻ ጐይታ ኩለን ዓለማት ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ዘይግደድ፣ እቲ ኻኹሉ መሳኺ።

-- ባሃኡላህ

43

ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ንክስተት ገዛእ ርእሰኻ ከለሊ ስለዘኽኣልካንን፡ ካብ ጸላእትኻ ድማ ስለ ዝፈለኻንን፣ ኣብ መዓልታትካ ከኣ ንግጉይ ተግባራቶምን እከይ ስራሓቶምን ኣብ ቅድሚ ኣዒንተይ ስለ ዝቐላዕካለይን፣ ካብ ኩሉ'ቲ ምስኦም ዝግበር ምትእስሳር'ውን ስለ ዘርሓቕካንን፡ ፈጺመ ናብ ጸጋኻን ውህበት ዝመልኦ ልግስታትካን ድማ ከም ዝምለስ ስለ ዝገበርካኒን ምስጋና ኣቕርበልካ። ከምኡ'ውን ካብ'ቲ ኣሰራት ናይ'ቶም ዘይኣመንትን፡ ካብ ህውተታታት ናይ'ቶም ግጉይ ዘተኣማምናኦምን፡ ካብ ከም'ቶም ንብርሃን ገጽካ ኪሒዱም ዝሃደሙን፣ ንልበይ ቀጥ ኣቢለ፡ ናባኻ ኻኸጥብቓ፡ ካብ'ቶም ደበናታት ናይ ፍቓድካ ኣዝዮም ዝቐደሱኒ (ዝናማት) ዘውረድካለይ ምስጋናይ ኣቕርበልካ። ደጊመ'ውን ኣብ ፍቕርኻ ክጸንዕን፡ ንውዳሴኻ ኣፈይ ክኸፍትን፡ ንደግታትካ ክብ ኣቢለ ከመጉስን፡ ሓይሊ ዝሃብካንን፣ ካብ'ቲ ኻኹሉ ዝርአን ዘይርአን ነገራት ዝዓብለሎ ናይ ምሕረትካ ጽዋእ ከኣ ዝሰተ ስለ ዝሃብካንን ኣመስግነካ።

ንስኻ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ልዑል፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ ኩሉ ፈቃር ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

44

ብስም ኣምላኽ፡ እቲ ኣዝዩ ልዑል! ዝተወደስካን ክብሪ ዝመልኣካን ኢኻ ጐይታ፡ ኩሉ እትኽእል ኣምላኽ! ንስኻ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ልቦናኡ፡ እቲ ለባም ዝበሃል ጐደሎን ውዱቕን ዝኸውን፣ ኣብ ቅድሚ ፍልጠቱ እቲ ምሁር እቲ ደንቆሮ ምዃኑ ዝእመን፣ ኣብ ቅድሚ ብርታዔኡ እቲ ሓያል ድኹም ዝኸውን፣ ኣብ ቅድሚ ሃብቱ እቲ ሃብታም ንድኽነቱ ዝምስክር፣ ኣብ ቅድሚ ብርሃኑ እቲ ሊቅ ኣብ ጸልማት ዝጠፍእ፣ እቲ ኩለንትና ናይ ኩሉ ምስትውዓል ናብ ቤተ መቕደስ ናይ ፍልጠቱ ዝምለስን፡ ኣብ ዙሪያ'ቲ ቅዱስ መዕቀቢ ናይ ህላዌኡ ከኣ፡ ነፍሳት ናይ ኩሎም ደቂ-ሰብ ዝኸብኦን ኢኻ።

ንስኻ ካብ ዘልኣለም ኣለም፡ እቲ ዘይብጻሕን፡ ደሊኻ ዘይርከብን ኴንካ እናሃሎኻ፣ ብመጠን'ቲ ሓደ ሰብ'ኳ ክርድኦ ናይ ዘይክእል ክዝምር ዘይክእል፣ ወይ ክበጽሖ ናይ ዘይክእል፣ ከዘንቱ ዘይክእል፡ ልቦና ናይቲ ለባምን፡ ትምህርቲ ናይቲ ምሁርን፡ ክርድእዎ ንዘይከኣሉ፣ ከመይ ጌረ ድኣ'ሞ ኣነ ክዝምርን፡ ብዛዕባ ኩለንትናኻ ክነግርን እኽእል። ናብ'ቲ ሰማይ ናይ ግርማኻ ክድይብን ናብ'ቶም መንግስታት ናይ ፍልጠትካ ክዓርግን ሓይሊ ዘይብለይ እኳ እንተኾንኩ፡ ብዛዕባ'ቶም ክብሪ ዝመልኦም ኢደ ስራሓትካ ዝነግሩ ምልክታትካ ክትርኽስ እኽእል'የ።

ብኽብርኻ ኢለ! ዎ ፍቑር ናይ ኩለን ልብታት፡ ኣንታ ንውልቐኻ፡ ንስቓያት ናይ'ቶም ንዓኻ ሃረር ዝብሉ እተህድእ! ሽሕ'ኳ ኩሎም'ቶም ነባሮ ናይ ሰማይን፡ ምድርን፡ነቲ ብኡን ክንድኡን ገዛእ-ርእሰኻ ዝገለጽካሉ፡ ነቲ ዝነኣሰ ምልክታትካ ኻኽውድሱ እንተዝሓብሩ፣ ጌና ከይተዓወቱ ምተረፉ፤ ነቲ ፈጣሪ ኩሉ ምልክታትካ ዝኾነ ቅዱስ ቃልካ'ሞ ክንደይ ኢሎም ክውድሱ።

ኩሉ ውዳሴን ክብርን ንዓኻ ይኹን፡ ንስኻ እቲ ብዛዕባኻ ኩሎም ነገራት፡ ንስኻ ሓደን፣ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ ከምዘይሎን፣ እቲ ካብ ዘልኣለም ኣለም ልዕሊ ኩሉ መዘና ወይ ተምሳል ዘይብልካ፡ ክብ ዝበልካ ከም ዝኾንካን፣ ንዘልኣለም'ውን ከምኡ ኴንካ እትነብር ምዃንካን ዝመስከሩልካ ኢኻ። ኩሎም ነገስታት ኣገልገልቲኻ ጥራይ ኢዮም፣ ኩሎም ዝረኣዩን ዘይርኣዩን ፍጥረታት ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ከም ዘየሎዉ ኢዮም። ንስኻ'ምበር ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ጸጋዊ፣ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ኣዚዩ ልዑል።

-- ዓብዱልባሃ

# ዑቕባ

**45**

ውዳሴ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! እዚ ካብተን ኣእዳው ናይ ጸጋኻ ኑቲ ልኡም ወይኒ ናይ ምሕረትካ ዝጨለጠን፡ ኣብተን መዓልታትካ ከኣ ካብ'ቲ መኣዛ ፍቕርኻ ዘስተማቐረን ኣገልጋሊኻ እዩ። በቶም መልክዕ ዘትሕዙ ኣልባሳት ናይ ኣስማትካ ማለት በቶም ዝኾኑ ይኹን ኳሊ፡ ብፍቕርኻ ካብ ምሕጓስ ወይ ንገጽካ ካብ ምጥማት ክዕንቅፎ ብዘይክእልን፣ ከምኡ'ውን ኩሎም'ቶም ሰራዊታት ናይ ሸለልትነት ካብ'ቲ መንገዲ ናይ ጽቡቕ ፍቓድካ ኻኽላግስዎ ዓቕሚ ዝሰኣኖምን፣ ኑቶም ንሽኻ እትውንኖም ጽቡቓት ነገራት ከተበርክተሉ፣ ነዛ ዓለም'ዚኣ ከኣ ከም ሓደ ካብ ቅጽበት ዓይኒ ብዝቐልጠፈ ዝበንን ጽላሎት ክሳዕ ዝቌጽራ ክብ ናብ ዝበሉ ብራኼታት ከተልዕሎ እምሕጸነካ።።

ዎ ኣምላኸይ፡ ብሓይሊ ናይቲ ሰፍሪ-ኣልቦ ዝኾነ ግርማኻ'ውን ካብ ኩሉ'ቲ ንሽኻ እትጸልኦ ዘበለ ሓልዎ። ንሽኻ ብሓቂ፡ ጐይታኡን ጐይታ ኩለን ዓለማትን ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

**46**

ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! ንገመድ ፍቕርኻ ኣጽኒዐ ብምሓዝን፡ ምሉእ ብምሉእ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ሓለዋኻን ዑቕባኻን ኣንቢረን፡ ካብ ቤተይ ወጺአ ኣሎኹ። ስለ'ዚ በቲ ንፍቑራትካ ካብ'ቲ ነቓጽን፡ ህልኽኛን፣ ካብ'ቲ ደረቐኛ ዝኾነ ጨቋንን፣ ካብ'ቲ ካባኻ ርሒቑ ዝኾብለለ እከይ ዘበለን፡ ዘዕቆብካሉ ሓይልኻ፡ ብውህበትካን ጸጋኻን ክትሕልወኒ እምሕጸነካ። እምበኣርከስ ብሓይልኻን ብርታዕኻን ናብ ቤተይ ክምለስ ኣኽእለኒ። ንሽኻ፣ ብሓቂ፣ እቲ ኩሉ ዝኽእል፣ እቲ ኣብ ጸበባ ረዳኢ፣ እቲ ብነፍሱ ዝነብር ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

**47**

ውዳሴ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ነገልገልቲኻ ናብ'ቲ ናይ ውህበታትካ መኣዝን ኣቢሎም እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ካልእ ከይእለዩ ከም ዘፍለጥኩዎምን፣ ከምኡ'ውን ናብ'ቲ ኣብ'ታ ንጽርቲ ዝኾነት መጽሓፍካ ኣዚዝካሎም ዘሎኻ፡ ማለት ብዘይካ ናብ'ታ ከም መጠን'ቲ ተመራሚርካ ዘይብጻሕ ድንጋጌኻን፡ ዘይልወጥ ዕላማኻን ሒዛ ዝወረደት መጽሓፍ፡ ምምልካት እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ካልእ ከየብሉ ከም ዝነገርኩዎምን፣ ትርእን ትፈልጥን ኢኻ።

ብኣኻ ምስ ተፈቐደለይ እንተዘይኮይኑ፡ ዎ ኣምላኸይ ብጨቕ ኢለ ሓንቲ ቃል ከውጽእ ኣይክእልን'የ፣ ካባኻ ፍቓድ ምስረኸብኩ እንተዘይኮይኑ'ውን ብዝኾነ መኣዝን ክንቀሳቐስ ኣይክእልን ኢየ። ንሽኻ ኢኻ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ብሓይሊ ብርታዕኻ ናብ ህልውና ዝጸዋዕካንን፡ ንሃይማኖትካ ክገልጽ ጸጋኻ ዝዓደልካንን። ኣብ ምንት ምንታይ ድኣ ኢየ ኻኸም'ዚ ዝበለ ጸገማት ግዳይ ዝኾንኩ፡ ማለት ልሳነይ ንዓኻ ካብ ምውዳስን፡ ኻኽብርኻ ካብ ምጉላሕን ዝተዓንቀፈት።

ዎ ኣምላኸይ፡ ስለ'ቲ ብድንጋጌኻን፡ ብሓይሊ ሉኣላዊነትካን ዝኣዘዝካለይ ነገራት ኩሉ ውዳሴ ንዓኻ ይኹን። ንገዛእ ርእሰይን፡ ነቶም ዘፍቅሩንን፡ በቲ ኣባኻ ዘሎና ፍቕሪ፡ ምእንቲ ከተጽንዓናን፡ ኣብቲ ሃይማኖትካ ከተደልድለናን፡ እምሕጸነካ። ብብርታዕኻ እምሕል! ዎ ኣምላኸይ! ሕፍረት፡ ኣገልጋሊኻ ብሓደ መጋረጃ ከም ዝተጋረደ ካባኻ ኪኽልከል እዩ፣ ክብሩ ከኣ ንዓኻ ምፍላጥ እዩ። በቲ ሓይሊ ስምካ ተዓጢቐ ከቶ ክጕድኣኒ ዝኽእል ነገር የለን፣ ፍቕርኻ ኣብ ልበይ ጌረ'ውን ኩሎም ኣብ'ዛ ዓ ለም ዘለዉ ስቓያት፡ ብምንም ዓይነት ከሰናብዱኒ ኣይክእሉን ኢዮም።

እምበኣርከስ ዎ ጐይታይ፡ ኣብ ልዕለይን፡ ኣብ ልዕል'ቶም ዘፍቅሮምን፡ እቲ ካብ ዓመጽ ናይ'ቶም ንሓቅነትካ ዝኸሓዱን፡ ኣብ ምልክታትካ ምእማን ዝኣበዩን ዘዕቍበና ኣውርደልና።

ንሽኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ኣዝዩ ለጋስ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

**48**

*ስምካ ይወደስ፣ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! በቲ እታ ሰዓት ዘድመጸትላ፣ እቲ ትንሳኤ ዝተፈጸመላ፣ በታ ኩሎም'ቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉን፣ ኩሎም'ቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉን ብፍርሕን ራዕድን ዝተታሕዙላ ካብቲ ሰማይ ናይ ምሕረትካን ደበናታት ናይ ልኡም ርህራኄኻን፣ እቲ ንልብታት ናይ'ቶም ናባኻ ዝተመልሱን ንሃይማኖትካ ዝሓገዙን ኣገልገልትኻ ከተዝንም ብስምካ እምሕጸነካ።*

*ዎ ጐይታይ፣ ነቶም ኣገልገልቲኻን ነተን ኣገልገልቲኻን፣ ካብ መዝረቓትን መስፈታት ናይ ከንቱ ባህግን፣ ከንቱ ፈጠራታትን ሓልዎም፣ ካብተን ኣእዳው ናይ ጸጋኻ ከኣ፣ ናይ'ቶም ልኡማት ወሓዝቲ ማያት ናይ ፍልጠትካ ዝስተ ሃቦም።*

ንሸኻ ብሓቂ፣ እቲ ኩሉ ዝኽእል፣ እቲ ኣዝዩ ልዑል፣ እቲ ወትሩ ይቕረ በሃሊ፣ እቲ ኣዝዩ ለጋስ ኢኻ።

**-- ባሃኡላህ**

**49**

*ዎ ኣምላኽ! ኣምላኸይ! ንእሙናት ኣገልገልትኻ ካብ'ቲ እከያት ናይ ገዛእ-ርእስን ብርቱዕ ስምዒትን ኣዕቁቦም፣ በታ ንቕሕቲ ዓይኒ ናይ ፈቃር ሕያውነትካ ከኣ ካብ ኩሉ ቂምታን፣ ጽልእን ቅንእን ሓልዎም፣ ኣብቲ ዘይፍንጠስ ዕርዲ ምሕብሓብካ ከውሎም፣ ካብ መፈንጠራታት ናይ ተጠራጣሪነት ኣድሕኖም፣ መርኣያታት ናይ'ቶም ክብሪ ዝመልኦም ምልክታትካ ከኣ ግበሮም። ንገጻቶም በቶም ካብ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ዝበርሁ ጨራታት ናይ መለኮታዊ ሓድነትካ ኣድምቆም። ንልብታቶም በቶም ካብ'ቲ ቅዱስ መንግስትኻ ዝተኸስቱ ጥቕስታት ኣደስተን፣ ንሽምጢታቶም በቲ ካብ መንግስቲ ናይ ክብርኻ ዝመጽእ ናይ ኩሉ ተቖጻጻሪ ዝኾነ ሓይልኻ ኣበርትዓዮ።*

ንሸኻ እቲ ውህበት ዝመልኣካ፣ እቲ መዕቈቢ፣ እቲ ኩሉ ዝኽእል፣ እቲ ጸጋ ዝመልአ ኢኻ።

**– ዓብዱልባሃ**

**50**

*ዎ ጐይታይ! እዞም ህዝቢ ብስቓይን መዓታትን ተኸቢቦም ከም ዘሎዉን፣ ብሽግርን መከራን ከኣ ተኸሊሎም ከምዘለዉን ትፈልጥ ኢኻ። ንሰብ ዝኾነ ፈተና የጥቅዖ፣ ዝኾነ መሪር ጸበባ ከኣ ከም ምውዳቕ ሓደጋ ናይ ሓደ ተመን ይገጥሞ'ሎ። ኣብ ትሕቲ ክንፊ ናይ ዑቕባኻን ዕቃበኻን፣ ሓለዋኻን ሓልዮትካን እንተዘይኰይኑ ካልእ መጽለልን መዕቆብን የብሉን።*

*ዎ ኣንታ፣ እቲ ምሕረተኛ ዝኾንካ! ዎ ጐይታይ! ዑቕባኻ ድርዐይ፣ ዕቃበኻ ዋልታይ፣ ኣብ ቅድሚ ናይ ሓድነትካ በሪ ትሕትና፣ ሓላውየይ፣ ሓልዮትካን መኸተኻን ከኣ ዕርደይን መንበሪየይን ግበሮ። ካብ ናይ ገዛእ ርእሰይ ኣርኣእያታትን ድልየትን ዓቅበኒ፣ ካብ ዝኾነ ሕማምን ፈተናን፣ ሽግርን ብርቱዕ ጸበባን ከኣ ሓልወኒ።*

ብሓቂ፣ ንሸኻ እቲ መዕቈቢ፣ እቲ ሓላዊ፣ እቲ ዓቃቢ፣ እቲ ኣኻሊ ኢኻ። ከምኡ'ውን ብሓቂ፣ ንሸኻ እቲ ምሕረተኛ ናይ'ቲ ኣዝዩ ምሕረተኛ ኢኻ።

**– ዓብዱልባሃ**

## ምፍልላይ

**51**

*ዎ ኣምላኸይ፣ ካባኻ ምርሓቐይ ኣዝዩ ኣማሲኑኒ ስለዘሎ፣ ናባኻ ክቐርብን ኣብ ውሽጢ'ቲ ቀጽሪታት ናይ መጋባእያኻ ክነብርን ኣኽእለኒ። እቲ ናይ ካባኻ ምፍላየይ ሃልሃልታ፣ ንልበይ ኣብ ውሽጠይ ኣምኪኹዋ ስለዘሎ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ'ቲ ክንፍታት ጸጋኻ ከም ዝዓርፍ ግበረኒ። ነፍሰይ ብዘይ ምቍራጽ ንዓኻ ከተናዲ ብጽምኢ ስለ እትሓርር፣ ናብ'ቲ ብሓቂ ህይወት ዝኾነ ፈለግ ኣቕርበኒ። ዎ ኣምላኽ እህህታታተይ ንምረት ናይ ብርቱዕ ሓዘነይ የርኢ፣ እቶም ዘፍስሶም ንብዓት ከኣ ንዓኻ ዘሎኒ ፍቕሪ የረጋግጹ።*

*በቲ ንሸኻ ንገዛእ ርእሸኻ እትውደሰሉ ውዳሴን፡ በቲ ንሸኻ ንናይ ገዛእ ርእሸኻ ኩለንትና እተኸብረሉ ዓብዪ ክብርን፡ ኣብ መዓልታትካ ካብ መንነ'ቶም ዘለለዩኻን ንስልጣንካ ዝፈለጡን ንኸንቁጸር ክትፈቕደልና እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ ምእንቲ ብዘይካኻ ንኹሉ ካልእ ፈጺምና ክንርስዖን ብኣኻ ጥራይ ከኣ ትሑዛት ክንከውን'ሲ፡ ካብ'ቶም ኣጻብዕ ናይ ምሕረት ነቶም ህያውያን ማያት ናይ ፌቃር ሕያውነትካ ክንጭልጥ እምበኣር ሓግዘና። ዝፈቐድካዮ ምግባር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ሓያል፡እቲ ኣብ ሓደጋ ዝረድእ፡ እቲ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር።*

*ስምካ ዝተኸብረ ይኹን፡ ዎ ኣንታ ናይ ኩሎም ነገስታት ንጉስ ዝኾንካ!*

*-- ባሃኡላህ*

**52**

*ዝተወደስካ ኢኻ፡ ዎ ኣምላኸይ! ንዕኡ ነቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ምሕረትካን፡ ነቲ መካነ ወጋሕታ ናይ ጸጋኻን መዓቀብ-ቤት ናይ ሃይማኖትካን ክፈልጦ ዝገበርካኒ ምስጋና ኣቕርበልካ። ብስምካ፡ በቲ ገጻቶም ናባኻ ብምቕራቡ፡ ናብ ጻዕዳ ዝተለወጠን፡ በቲ ልብታት ናባኻ ብምውፋዩ፡ በረርኡ ናባኻ ኣቢሉ ዘቕንዐን፡ ኩሉ ግዜን፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታትን፡ ንገመድካ ክጭብጥን፣ ብዘይካኻ ካብ ፍትወት ኩሉ ነገራት ዝረሓቕኩ ክኸውንን፡ ነዒንተይ ናብ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ክስተትካ ኣቢለን ከተኩራን፣ ነቲ ኣብ ጽላታትካ ዝኣዘዝካለይ ከኣ ክፍጽምን ንኽትፈቕደለይ እምሕጸነካ።*

*ንውሽጣውን ግዳማውን ህልውናይ፡ በቲ ናይ ልግስታትካን ፈቃር ሕያውነትካን ልብሲ ኣጊጾ። እምበኣር ካብ ዝኾነ ይኹን ንዓኻ ጽዩፍ ክኸውን ዝኽእል ሓልወኒ፡ ንዓይን ንኸማይን ክንእዘዛካን ከምኡ'ውን ብውሽጢ እከይ ወይ ርኹስ ድልየት ከለዓዕል ካብ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ክንውግድን ብጸጋኻ ሓግዘና።*

*ንሸኻ ብሓቂ፡ ጐይታ ናይ ኩሉ ወዲ ሰብን፡ ወናኒ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ እትመጽእን ኢኻ። ብዘይካኻ ከልእ ኣምላኽ የሎን። እቲ ኩሉ ዝፈልጥ፡ እቲ በዓል ምሉእ ልቦና።*

*-- ባሃኡላህ*

**53**

*ስምካ ዝተወደሰ ይኹን ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣንታ ጐይታ ኩሉ ወዲ ሰብ! በቶም ምዑዛት ሽታታት ናይ'ቲ ልብሲ ናይ ጸጋኻ፡ ማለት በቶም ብእዝኻን ምስ ድሌትካ ብዝሰማማዕን ኣብ መላእ ፍጥረት ዝተዘርግሑ መዓዛታትን፣ በታ ብብርታዐ ናይ ሓይልኻን፡ ሉኣላዊነትካን ኣብ ልዕሊ ደረት-ትርኢት ናይ ምሕረትካ ደሚቓ ዝበርሀት ኾኾብ ቀትሪ ናይ ፍቓድካን፣ ካብ ልበይ ንኹሎም ከንቱ ተብለጭለጭትን ከንቱ ግምታትን፣ ሓጢጥካ ከተውጽኣለይን፡ ብምሉእ ፍትወታተይ ድማ ናባኻ ክምለስን እምሕጸነካ።*

*ኣነ ኣገልጋሊኻን ወዲ ኣገልጋሊኻን'የ፡ ዎ ኣምላኸይ! ነቲ ናይ ጸጋኻ ምርኩስ ኣጽኒዐ ጨቢጠ ኣሎኹ፣ ነቲ ገመድ ናይ ለዋህ ምሕረትካ ከኣ ጠቢቐ ተጸጊዐ ኣሎኹ። ነቶም ምሳኻ ዘለዉ ሰናይ ነገራት ኣዝዘለይ፡ ካብቲ ካብ ደበናታት ናይ ውህበትካን ሰማይ ናይ ልግሸኻን ዘውረድካዮ መኣዲ ከኣ ዓንግለኒ።*

*ንሸኻ፡ ብሓቂ ሓቂ፡ እቲ ጐይታ ናይ ዓለማትን፡ እቲ ኣምላኽ ናይ ኩሉ ኣብ ሰማይን ኩሉ ኣብ ምድሪን ዘሎ ኢኻ።*

*-- ባሃኡላህ*

**54**

*ሓያሎይ ዝዘሓለ ልቢ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ በቲ ናይ ሃይማኖትካ ሓዊ ተባሪዑ እዩ። ብዙሕ ደቃሲ'ውን በቲ ጣዕሚ ናይ ደሃይካ ተበራቢሩ እዩ። እቶም ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ'ታ ናይ ሓድነትካ ኦም ዑቕባ ሃለው ዝበሉ'ሞ ክንደይ ተኣንገድቲ ክበሃሉ ኢዮም። በተን መዓልታትካ ነቲ ምንጪ ናይ'ቲ ህያው ማያትካ ዝጸምኡዎ'ሞ ቍጽሮም ክንደይ ክበሃል'ዩ!*

*እቲ ገዛእ ርእሱ ናባኻ ኣቢሉ ዘተኰረን፡ እቲ፡ ናብ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ገጽካ ብርሃናት ክበጽሕ ዝተሃወኸን ዝተባረኸ እዩ። ንሱ እቲ ብምሉእ ኣፍቅሮታቱ ናብቲ መካነ ወጋሕታ ናይ ግልጸትካን ርእሰ-ምንጪ ናይ ክስተትካን ገጹ ዝመለሰ ዝተባረኸ እዩ። ንሱ እቲ ነቲ ንሸኻ ብውህበትካን ልግሸኻን ዘበርከትካሉ፡ ኣብ መንገድኻ ዘውዓሎ ዝተባረኸ እዩ። ንሱ እቲ መሪር ሃንቀውታኡ ናባኻ ብምግባር፡ ብዘይካ ናባኻ ከኣ ንኹሉ ካልእ ንየው ኢሉ ዝደርበየ ዝተባረኸ እዩ። ንሱ እቲ ምሳኻ ዝጠበቐ ውህደት ናይ ምግባር ዝተቒደሰን፡ ብዘይካ ናባኻ ከኣ ካብ ዝኾነ ኩሉ ንገዛእ ርእሱ ዘርሓቐን ዝተባረኸ እዩ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ብእኡ በቲ ስምካ ኰይኑ ዘሎ፡ ማለት፡ በቲ ብብርታዐ ናይ ሉኣላዊነትካን ሓይልኻን ልዕሊ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ቤት ማእሰርቱ መሰስ ዝበለን፣ ንነፍሲ ወከፍ፡ እቲ ባህ ዝብለካን ንልዕልናኻ ዝበቅዕን ክትእዝዘሉ እልምነካ።*

*ሓይልኻ ብሓቂ፡ ንኹሉ ነገራት ማዕረ እዩ።*

-- ባሃኡላህ

**55**

*ዎ ኣምላኸይ እቲ ኣብ'ዛ መሬትካ ወሊዕካዮ ዘሎኻ ሓዊ እንታይ ምዃኑ ኣይፈልጥን። ምድሪ ንጸዳላቱ ክትጋርዶ፡ ወይ ማይ ንሃልሃልታኡ ከጥፍኦ ከቶ ኣይከኣሎምን እዩ። ኩሎም ህዝብታት'ዛ ዓለም ንሓይሉ ክዓግትዎ ዓቕሚ የብሎምን። ታሕጓስ ናይ'ቲ ናብኡ ዝቐረበን ደሃዩ ዝሰምዐን ዓቢዩ እዩ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ንገሊኦም በቲ ዘበራትዕ ጸጋኻ ናብኡ ኪቐርቡ ከተኽእሎም ከሎኻ፡ ካልኦት ብምኽንያት'ቲ ኣእዳዎም ኣብ'ተን መዓልታትካ ዚሰርሕኦ ከልኪልካዮም ኢኻ። እቲ ናብኡ ዝሃጸጸን ናብኡ ከኣ ዝበጽሔን፡ በቲ ጽባቐ ንምርኣይ ዘለዎ ህንጡይነት፡ ብዘይካ ካባኻ ካብ ኩሉ ካልእ ገሊሉ፡ ህይወቱ ኣብ መንገድኻ ብምውፋይ ናባኻ ዓሪጉ ኣሎ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዙፋን ናይ ግርማኻ ምእንቲ ከይርአን፡ ኣብ ማዕጾ ናይ ወገፈኻ ደው ከይብልን ከልኪሉኒ ዘሎ መጋረጃታት ክትርትሮ፣ በዚ ኣብ'ዛ ናይ ፍጥረት ዓለም ዝባራዕን ዝግዕርን ዘሎ ሓዊ እምሕጸነካ ኣሎኹ። ኩሉ'ቲ ኣብ መጽሓፍካ ኣውሪድካዮ ዘሎኻ ሰናይ ነገራት ኣዝዘለይ፡ ዎ ጐይታይ፤ ካብ'ቲ ናይ ምሕረትካ ዑቕባ ኣርሒቐ ከየላግስ ከኣ ሓልወኒ።*

*ባህ ዝበለካ ክትገብር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ። ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ በዓል ምሉእ ሓይሊ፡ እቲ ለጋስ ኢኻ።*

-- ባሃኡላህ

**56**

*ውዳሴ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ኣምላኸይ! ኣነ ኣባኻን ኣብ ምልክታትካን ዝኣመንኩ ሓደ ካብ ኣገልገልትኻ ኢየ፡ ናብ'ቲ ማዕጾ ናይ ምሕረትካ ከመይ ኢለ ኣቕኒዐ ከም ዘለኹን፡ ንገጸይ'ውን ናብ'ቲ መኣዝን ናይ ፈቃር-ሕያውነትካ ከም ዝመለስኩን ትርኢ ኣሎኻ። እቶም መዓጹ ናይ ውህበታትካ ንገጸይ ከተርሕዎም፡ በቶም ኣዝዮም ብሉጻት መዓርጋትካን ኣዝዮም ልዑላት ባህርያትካን እምሕጸነካ። ዎ ኣንታ ወናኒ ኩሎም ኣስማትን ባህርያትን ዝኾንካ! እቲ ሰናይ ዘበለ ንኽገብር እምበኣር ሓግዘኒ።*

ኣነ ድኻ ኢየ፡ ዎ ጐይታይ፡ ንሰኻ ከኣ እቲ ሃብታም ኢኻ። ገጸይ ናባኻ ኣቢለ ኣቕኒዐ ኣሎኹ፣ ንገዛእ ርእሰይ'ውን ብዘይካ ካባኻ ካብ ኩሉ ኣግሊለ ኣለኹ። ካብቶም ህዱኣት ንፋሳት ናይ ለዋህ ምሕረትካ ኣይትኸልክለኒ፡ እቲ ነቶም ካብ መንጎ ኣገልገልትኻ ምሩጻት ንዝኾኑ ዝኣዘዝካዮ ከኣ ካባይ ኣይትዕገቶ።

ዎ ኣምላኸይ፡ ምእንቲ ነቲ ንፍጡራትካ ዝተመነኻሎም ንምልላይ ክኽእልን፡ ምእንቲ ኣብ ኩሎም ክስተታት ናይ ኢደ ስራሕካ ከኣ ንግልጸታት ናይ'ቲ ኩሉ ዝኽእል ሓይልኻ ክቐልዖን'ሲ ነቲ መጋረጃ ካብ ኣዒንተይ ኣልግሶ። ዎ ጐይታይ፡ ንነፍሰይ በቶም ኣዝዮም ግዙፋት ምልክታትካ ኣፈስሃያ፣ ካብ'ቶም መዓሙቓት ናይ ብልሽውናን እከይ ባህግታትን ኣውጽኣኒ። እምበኣር፡ እቲ ሰናይ ናይዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ ትመጽእን ጽሓፈለይ። እቲ ደስ ዝበለካ ንምግባር ዓቕሚ ዘሎካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ ረድኤቱ ብኹሎም ሰባት ዝድለ ኢኻ።

ዎ ጐይታ፡ ካብ ድቃሰይ ዘበራበርካንን ዝነቕነቕካንን፡ ነቲ ካብ ኣገልገልትኻ እቶም ዝበዝሑ ምርድኡ ዝተሳእኖም ከኣ፡ ንምስትውዓሉ ኣብ ውሽጠይ ድልየት ዝፈጠርካለይን፡ ምስጋና ኣቕርበልካ። እምበኣርከስ ዎ ጐይታይ፡ ስለ ፍቕርኻን ምእንቲ ደስታኻን ኩሉ'ቲ ንሰኻ ዝበሃግካዮ ዘበለ ክርእዮ ኣኽእለኒ። ንሰኻ እቲ ንሓይሊ ናይ ብርታዐኡን ሉኣላዊነቱን ኩሎም ነገራት ዝምስክሩሉ ኢኻ።

ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ገባር ሰናይ።

-- ባሃኡላህ

57

ኣምላኸይ! ኣምላኸይ! ንሰኻ ተስፋይን ፍቑረይን፣ ውጡን ዓላማይን ድልየተይን ኢኻ! ኣብ ዞባኻ፡ ናይ ፍቕርኻ ሰገነት፣ ኣብ መንጎ ፍጡራትካ፡ ናይ ፍልጠትካ ፋኑስ፣ ኣብ መንግስትኻ ከኣ ሰንደቕ ዕላማ ናይ ህያብካ ንኽትገብረኒ ብዓብዩ ትሕትናን ምሉእ ተወፋይነትን ጸሎተይ ኣብጽሓልካ።

ሓደ ካብ'ቶም ንገዛእ ርእሶም ብዘይካ ካባኻ፡ ካብ ኩሉ ገሊሎም ዘምልኹኻን፡ ካብ'ቶም ንገዛእ ርእሶም ካብ ዝኾነ ነዛ ዓለም ዝምልከት ዝተቐደሰ ዝገበሩን፣ ካብ'ቶም ንገዛእ ርእሶም ካብ ኢንታታት ናይ ተጠራጠርቲ ዘልግሱን ግበረኒ።

ልበይ ካብ መንግስትኻ እትረኽቦ ናይ መንፈስ ምትእምማን ብታሕጓስ እትሰፍሕ ግበራ። ነዒንተይ ከኣ ነቶም ሰራዊት ናይ ዓወት ሓደ ነቲ ሓደ ተኸታቲሎም፡ ካብ'ቲ ኩሉ ከኣልነትካ ኣብ ልዕለይ ክወርዱ ከለዉ ብምርኣይ ኣድምቀን።

ንሰኻ እቲ ኩሉ ከኣሊ፡ እቲ ዘይሰዓር፡ እቲ ሓያል ኢኻ።

-- ዓብዱልባሃ

## መንፈሳዊ ባህርያት

58

ንጽህቲ ልቢ ፍጠረለይ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ ኣብ ውሽጠይ ከኣ ሓደ ቅሱን ሕልና ኣሐድስ፡ ዎ ተስፋይ! በቲ መንፈስ ናይ ሓይሊ ኣብ ሃይማኖትካ ዝጸንዕ ግበረኒ፡ ዎ ኣንታ ኣብሊጸ ዘፍቅረካ፡ በቲ ብርሃን ናይ ክብርኻ ከኣ መንገድኻ ግለጸለይ፡ ዎ ኣንታ ናይ ድሌተይ ሸቶ ዝኾንካ! ብሓይሊ ናይ'ቲ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ብርታፅኻ ናብ'ቲ ናይ ቅድስናኻ ሰማይ ክብ ኣብለኒ፣ ዎ ኣንታ ምንጪ ናይ ህልውናይ፤ በቲ ህዱእ ንፋሳት ናይ ዘልኣለማውነትካ ከኣ ኣሐጉሰኒ፣ ዎ ኣንታ ኣምላኸይ ዝኾንካ! እቶም ዘልኣለማውያን ዜማታትካ ኣብ ልዕለይ ቅሳነት ዘተንፍሱ ግበሮም። ዎ ብጻየይ፣ እቲ በረኻታት ናይቲ ጥንታዊ ገጽካ ከኣ ብዘይካኻ ካብ ኩሉ ዘድሕነኒ ግበሮ። ዎ ጐይታይ ብስራት ክስተት ናይ'ቲ ዘይበላሾ ኩለንትናኻ ከኣ ደስታ ዘምጽኣለይ ግበሮ። ዎ ኣንታ ናይ'ቲ ግሉጽ ኣዚኻ ግሉጽ፡ ናይ'ቲ ሕቡእ ከኣ ኣዚኻ ሕቡእ ዝኾንካ!

-- ባሃኡላህ

**59**

*ካብቶም ምዑዝ ዝሽታኦም ወሓይዝ ናይ ዘልኣለማውነትካ ዝስተ ሃበኒ፡ ዎ ኣምላኽይ፣ ካብ'ቲ ፍረታት ናይ'ታ ኦም ህልውናኻ ከኣ ክቐምስ ኣኽእለኒ፡ ዎ ተስፋይ! ካብቲ ሓቘቕ ዝኾነ ምንጪ ናይ ፍቕርኻ ጠምጠም ኢለ ዝሰቲ ግበረኒ፡ ዎ ክብረይ፣ ኣብ ትሕቲ'ቲ ናይቲ ዘልኣለማዊ ሓልዮትካ ከኣ ዝነብር ግበረኒ፡ ዎ ብርሃነይ! ኣብ ውሽጢ'ቶም ኣብ ቀረባኻ ዘለዉ ሸኻታት፣ ኣብ ቅድሚ ህላዌኻ፣ ክዛውን ኣኽእለኒ፣ ዎ ፍቑረይ፣ ኣብ'ታ የማነይቲ ኢድ ናይ ምሕረትካ ዙፋን ከኣ ኮፍ ኣብለኒ፣ ዎ ባህገይ! ካብ'ቶም ምኡዛት ንፋሳት ናይ ሓጐስካ ሓደ ሽውሽውታ ብልዕለይ ክሓልፍ ፍቐድ፣ ዎ ሽቶይ! ናብ'ቶም ብራኼታት ናይ'ቲ ናይ ክውንነትካ ገነት ንምእታው ፍቓድ ዝረክብ ግበረኒ፣ ዎ ኣንታ ፍቑረይ! ዜማታት ናይ'ታ ናይ ሓድነትካ ርግቢ ጽን ዝብል ግበረኒ፡ ዎ ኣንታ ድሙቕ! በቲ መንፈስ ናይ ሓይልኻን ብርታዕኻን ከኣ ኣንቅሓኒ፣ ዎ ናባይየይ! ኣብ'ቲ መንፈስ ናይ ፍቕርኻ ጽኑዕ ግበረኒ፡ ዎ ረዳእየይ! ኣብ'ቲ መንገዲ ናይ ፍታውካ ከኣ ንስጉምታተይ ኣደልድሎ፡ ዎ ሰራሕየይ! ኣብ ውሽጢ'ቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ናይ ዘይመዋትነትካ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽካ፡ ንዘልኣለም ዝነብር ግበረኒ፡ ዎ ኣንታ ንዓይ ምሕረተኛ ዝኾንካ! ኣብቲ መንበር ናይ ክብርኻ ከኣ ኣንብረኒ፡ ዎ ኣንታ ወናንየይ ዝኾንካ! ናብ'ቲ ሰማይ ናይ ፈቃር ሕያውነካ ልዕል ኣብለኒ፡ ዎ ኣበራባሪየይ! ናብ'ቲ ኾኾብ መዓልቲ ናይ መሪሕነትካ ከኣ ምርሓኒ፡ ዎ ኣንታ ማራኽየይ! ኣብ ቅድሚ'ቶም ግልጸታት ናይ'ቲ ዘይርአ መንፈስካ ንኽህሉ ጸውዓኒ፡ ኣንታ መበቆለይን እቲ ኣዝዩ ዝለዓለ ሃረርታይን ዝኾንካ፡ ናብቲ ኩለንትና ናይ'ቲ ምዑዝ ሽታ ጽባቔኻ ማለት ናብቲ ብኣኻ ዝኽሰት ከም ዝምለስ ግበረኒ፡ ዎ ኣንታ ኣምላኸይ ዝኾንካ!*

*ደስ ዝበለካ ንምግባር እትኽእል ኢኻ። ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኣዝዩ ልዑል፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ካብ ኩሉ ዝለዓለ ኢኻ።*

**-- ባሃኡላህ**

**60**

*ዎ ጐይታይ! ጽባቔኻ መግበይ፣ ህላዌኻ መስተይ፣ ፍታውካ ተስፋይ፣ ንዓኻ ምውዳስ ተግባረይ፡ ንዓኻ ምዝካር ብጻየይ፣ ሓይሊ ሉኣላዊነትካ ረዳኢየይ፣ መንበሮኻ ቤተይ፣ ከምኡ ኸኣ፡ እታ ካብ'ቶም ኣብ ልዕሊኦም፡ ማዕቀባታት ተገይሩሎምስ ብመጋረጃ ከም ዝተዓጽዉ ኵይኖም ካባኻ ዝተረፉላ፡ ንሸኻ ዝባረኽካያ መንበር፡ መንበሪ ቦታይ ግበረለይ።*

*ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል ኢኻ።*

**-- ባሃኡላህ**

**61**

*ዎ ኣምላኸይ፡ ኣምላኽ ውህበትን ምሕረትን! ንሸኻ እቲ ብኣዛዚ ቃሉ እዚ መላእ ፍጥረት ናብ ህልውና ኪመጽእ ዝገበርካ ኢኻ፤ ከምኡ'ውን ንሸኻ እቲ ኩሉ ለጋስ፡ ተግባራት ኣገልገልቱ፡ ጸጋኡ ካብ ምርኣይ ከቶ ዘይዓግትዎ፡ ወይ ከኣ ነቲ ናይ ወህበቱ ግልጸታት ዘየሰናኽልዎ ኢኻ።*

*ነዚ ኣገልጋሊ'ዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓለም ናይ'ተን ዓለማትካ፡ ነቲ ናይ ድሕነቱ ምኽንያት ዝኾነ ከም ዝበጽሕ ክትገብር እልምነካ። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል፡ እቲ ኹሉ ዝፈልጥ፡ ብዓል ምሉእ ልቦና ኢኻ።*

**-- ባሃኡላህ**

**62**

*ስምካ ይወደስ፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ኣነ እቲ ንገመድ ናይ'ቶም ልኡማት ምሕረታትካ ኣጽኒዑ ዝሓዘን ነቲ ዘፈር ናይ ወሃቢነትካ ዝተጸግዔን ኣገልጋሊኻ ኢየ። በቲ ኻኹሎም ዝርኣዩን ዘይረኣዩን ፍጡራት ነገራት ዝጸዓድካሉ ስምካን፡ ከምኡ'ውን በቲ ናይ ሓቂ ህይወት ዝኾነ እስትንፋስ፡ ኣብ ልዕሊ መላእ ፍጥረቱ ዝነፈሰ ስምካ፣ በቲ ንሰማያትን ምድርን ከቢቡ ዘሎ ሓይልኻ ከተበርትዓንን፡ ካብ*

ኩሉ ሕማምን ሽግረ መከራን ከኣ ክትሕልወንን እምሕጸነካ። ንሸኻ ናይ ኩሎም ኣስማት ጐይታን ናይ ኩሉ'ቲ ከደስተካ ዝኽእል ኣዛዚ ምኺንካን እምስክር። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ፡ እቲ በዓል ምሉእ ልቦና ኢኻ።

*ዎ ጐይታይ፡ እቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓለም ናይ ዓለማትካ ከርብሓኒ ዘለዎ ኣዝዘለይ። እምበኣርከስ፡ እቲ ነቶም ኣብ መንጎ ፍጡራትካ፡ በቲ ወቐሳ ናይ'ቲ ወቓሲ ወይ ዋጭዋጭታታት ናይ'ቶም ዘይኣመንቲ፡ ወይ ገለልትነት ናይ'ቶም ካባኻ ዘድሓርሓሩ፡ ገጾም ናባኻ ካብ ምምላስ ዘይተሰናኸሉ ምሩጻት ዝጸሓፍካሎም ኣቕርበለይ።*

ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ብሓይሊ ናይ ሉኣላዊነትካ ኣብ ጸበባ እትረድእ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን። እቲ ኩሉ ዝኽእል እቲ ኣዝዩ ሓያል።

— ባሃኡላህ

**63**

*ዎ ኣምላኽ ንመንፈሰይ ኣሐጉሳን ኣሐድሳን። ንልበይ ኣንጽሃያ፡ ንሓይልታተይ ኣበርትዕ፡ ኾሉ ጉዳያተይ ኣብ ኢድካ ኣንብር። ንሸኻ መራሕየይን መዕቆብየይን ኢኻ። ደጊም ጉሁይን ሕዙንን ኣይክኸውንን'የ ሕጉስን ደስታ ዝመልኦን ክኸውን'የ። ዎ ኣምላኸይ ድሕሪ ሕጂ ብምዕልባጥ ዝተመላእኩ ኣይክኸውንን'የ ወይ'ውን መከራ ከጨንቐኒ ኣይክፈቅድን'የ፡ ኣብ'ቶም ዘየሐጉሱ ነገራት ናይ ህይወት ኣይክነብርን'የ።*

*ዎ ኣምላኽ፡ ንሸኻ ካብ'ቲ ኣነ ንገዛእ ርእሰይ ዝፈትዋ ንላዕሊ ፈታዊየይ ኢኻ። ገዛእ ርእሰይ ንዓኻ እውፍያ ዎ ኣምላኸይ።*

— ዓብዱል ባሃ

**64**

*ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣምላኸይ! ንሓድነትካ ከረጋግጽ ስለ ዘተኣማመንካንን፡ ናብ'ታ ናይ ንጽልነትካ ቃል ስለ ዝሰሓብካንን፡ ብሓዊ ፍቕርኻ ስለ ዘብራህካንን፡ ንዓኻ ክረቑሕን ነዕሩኽካን ነተን ኣገልገልትኻን ኣብ ምግልጋል ከኣ ክጽመድ ስለዝገበርካንን ክብሪ ንዓኻ ይኹን።*

*ዎ ጐይታ፡ ህዱእን ትሑትን ንምኺን ሓግዘኒ፡ ምእንቲ ልበይ ብፍቕርኻ ዝተመልአት ንምኺን ክትክእልን፡ ንፍቕሪ ናይ'ዛ ዓለምን፡ ምስ ባህርያታ ካብ ምትሕሓዝን፡ ቦታ ዘይብለይ ክሳዕ ዝኸውን ካብ ኩሉ ነገራት ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ምልቓቕን፡ ንዘፈር ልብሸኻ ከኣ ኣብ ምሓዝን ኣበርትዓኒ።*

*ዎ ኣምላኸይ! ብዘይካኻ ካብ ኩሉ ካልእ ቀድሰኒ፡ ካብ'ቲ ርስሓት ናይ ሓጥያትን፡ ምጥሓስ ሕግታትን ኣንጽሃኒ፡ መንፈሳዊት ልብን ሕልናን ንምውናን ከኣ ኣኽእለኒ።*

ብሓቂ ንሸኻ ምሕረተኛ ኢኻ፡ ብሓቂ'ውን ንሸኻ እቲ ለጋስ፡ እቲ ረዳኢ ኢኻ!

— ዓብዱልባሃ

**65**

*ዎ ጐይታይ! ዎ ጐይታይ! እዚ ሓደ ብሓዊ ናይ ፍቕርኻ ዝተወልዐ መብራህትን፡ በቲ ኣብ'ታ ኦም ናይ ምሕረትካ ዝተቓጸለ ባርዕ ሃልሃል ዝብል ዘሎን እዩ። ዎ ጐይታ! ነቲ ኣብኡ ተኣጒዱ ዘሎ ሓውን ሙቐቱን፡ ሃልሃልታኡን በቲ ኣብ ሲና ናይ ክስተትካ ተወሊዑ ዘሎ ሓዊ ከም ዝገድድ ግበሮ። ብሓቂ፡ ንሸኻ እቲ መረጋገጺ፡ እቲ ሓጋዚ፡ እቲ ሓያል፡ እቲ ለጋስ፡ እቲ ፈቃር ኢኻ።*

— ዓብዱልባሃ

**66**

*ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣምላኸይ! እዚ ኣገልጋሊኻ'ዚ ናጣኻ ኣቢሉ ቀሪቡ ኣሎ፣ ኣብ'ቲ ምድረ-በዳ ናይ ፍቕርኻ ከኣ፥ ብተመስጦ ደኹብልልን፣ ኣብ መንገዲ ኣገልግሎትካ ይመላለስን ፣ ንልግስታትካ የቐድምን፣ ንውህበታትካ ይትስፎን፣ ኣብ መንግስትኻ ይተኣማመንን፣ በቲ ወይኒ ናይ ህያብካ ከኣ ይፍሳህን ኣሎ። ዎ ኣምላኸይ! ነቲ ናጣኻ ዘሎዎ ብርታዐ ተመስጦኡን፣ ነቲ ንዓኻ ንምውዳስ ዘለዎ ቀጻልነቱን፥ ከምኡ'ውን ነቲ ንምፍቃርካ ዘሎዎ ብርቱዕ ህንጡያኡን ወሰኸሉ። ብሓቂ ንሰኻ እቲ ገባር ሰናይን፥ ብዓቢ ልግሲ ዝመልኣካን ኢኻ! ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ እቲ ይቕረ በሃሊ፥ እቲ ምሕረተዐ።*

*-- ዓብዱልባሃ*

**67**

*ንሱ ኣምላኽ እዩ!*

*ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! እዚኣቶም ኣብ'ተን መዓልታትካ፥ በቲ ምዑዝ ሽታታት ናይ ቅድስናኻ ዝተሳሕቡ፣ በቲ ኣብ'ታ ቅድስቲ ኦም ዝነድድ ሃልሃልታ ዝተወልዑ፣ ንድሃይካ ዚምልሹ፣ ንውዳሴኻ ዘስምዑ ዘለዉ፥ በቲ ህዱእ ንፋስካ ዝነቕሑ፣ በቲ ምቁር መኣዛታትካ ዝተበራበሩ፣ ንምልክታትካ ብኣቓልቦ ዝረኣዩ፣ ንጥቕስታትካ ዘስተውዕሉ፣ ንቓላትካ ጽን ዝበሉ፣ ብግልጸትካ ዝኣምኑን፥ ብፈቃር ሕያውነትካ ከኣ ርግጸኛታት ዝኾኑን ኣገልገልትኻ ኢዮም። ዎ ኣምላኸይ! ኣዒንቶም ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘንጸባርቕ ክብሪ ናይ መንግስትኻ ተተኺለን፥ ገጻቶም ከኣ ናብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ግዝኣትካ ኣቢለን መሊሰን፣ ልብታቶም ብፍቕሪ ናይ'ቲ ኣንጸባራቕን ክብሪ ዝመልኦን ጽባቒኻ ትርግተኦን ይወቕዓ፣ ነፍሳቶም ብሃልሃልታ ፍቕርኻ ተሃሙኽን ኣሎዋ። ዎ ጐይታ ናይ'ዛ ዓለምዚ'ኣን ናይ'ታ ዳሕረወይትን፥ ህይወታቶም በቲ ንዓኻ ዘሎወን ብርቱዕ ናፍቖት ገሪረን፣ ንብዓታቶም ድማ ምእንታኻ ኢሉ፥ ፈሲሱ ኣሎ።*

*ኣብ ውሽጢ'ቲ ዕርዲ መዛግብካን ድሕነትካን ኣዕቊቦም፣ ኣብ'ቲ ጥንቃቐ ዝመልኦ ሓለዋኻ ዓ ቅቦም፣ በተን ናይ ሓልዮትካን ምሕረትካን ዝኾና ኣዒንቲ ርኣዮም፣ ኣብ'ቶም ግልጺ ዝኾኑ ዞባታት ብመልኦም፥ ምልክታት መለኮታዊ ሕብረትካ፣ ኣብ ልዕሊ ኣደራሻት ዕቤትካ ዘምበልብሉ ሰንደቕ ዕላማታት ሓይልኻ፣ ኣብ ውሽጢ መኽብባት ናይ መሪሕነትካ፥ በቲ ናይ ልቦናኻ ዘይቲ በሪሆም ዘንጸባርቑ ፋኑሳት፣ ኣብ'ቲ ስፍራ ኣታኽትልቲ ናይ ፍልጠትካ ዝኾነ መዕቆቢ ገነት፥ ኣብ ልዕል'ቶም ዝለዓሉ ጫፋት ናይ ጨናፍር ኰይነን ዝዝምራ ኣዕዋፍን፥ ኣብ ናይ ውህበትካ ዝኾነ ዕ ምቈታቱ እዚ ዘይብሃል ውቅያኖስ ከኣ በቲ ልዑል ምሕረትካ ጠምቦላሕ ዝብሉ ግዙፋት እንሰሳታት ባሕርን ግበሮም።*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! እዞም ናትካ ኣገልገልቲ እዚኦም፥ ትሑታት ኢዮም። ኣብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መንግስትኻ ክብ ኣብሎም፣ ድኹማት ኢዮም፥ በቲ ልዑል ሓይልኻ ኣበርትዓዮም፤ ዝተዋረዱ ኢዮም፥ ኣብ'ቲ ካብ ኩሉ ዝለዓለ መንግስትኻ ክብሪ ኣጐናጽፎም፤ ድኻታት ኢዮም፥ ኣብ'ቲ ዓቢ ግዝኣትካ ሃብታማት ግበሮም። እምበኣርከስ፥ ኩሉ'ቲ ኣብተን ዝርኣያን ዘይረኣያን ዓለማትካ ክበጽሕዎ ዝሓንጸጽካዮ ሰናይ ኾኹሎም ኣዝዘሎም። ኣብ'ዛ ታሕተወይቲ ዓለም ኣበልጽጎም፣ ንልብታቶም ብስርጸትካ ኣሐጉሰን፤ ዎ ጐይታ ናይ ኩሉ ህላዌታት! ብውህበትካን፥ በቲ መብጽዓ ዝተገብረሉ ጸጋኻን፥ በቲ ካብ'ቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ ደረጃኻ ዝዝርጋሕ ሓጐስ ዝመልኦ ብስራታትካን ከኣ ንልብታቶም ኣብርሃየን፤ ንስጉምትታቶም ኣብ'ቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ኪዳን ኣደልድሎ። ኣብ'ቲ ጽኑዕ ኪዳንካ ከኣ ንሕቖኦም ኣጽንዓዮ። ዎ ጸጋ ዝመልኣካን ምሕረተኛን ዝኾንካ! ንሰኻ ብሓቂ እቲ ጸጋ ዝመልኣካን፥ እቲ ኩሉ ለጋስን ኢኻ።*

*--ዓብዱልባሃ*

68

ንሱ እቲ ጸጋ ዝመልኦ፣ እቲ ኹሉ ለጋስ እዩ!

*ዎ ኣምላኸ ኣምላኸይ! ጻውዒትካ ስሒቡኒ፣ እቲ ድምጺ ናይ ክብሪ ብርዕኻ ከኣ ኣበራቢሩኒ ኣሎ። እቲ ወሓዚ ናይ'ቲ ቅዱስ ኣንደበትካ ብሓጐስ ፈንጪሑኒ ኣሎ፣ እቲ ወይኒ ናይ ስርጸትካ ከኣ ፈጺሙ መሲጡኒ'ሎ። ዎ ጐይታ! ብዘይካኻ ካብ ኩሉ ነገራት ገሊለን ናብ'ቲ ገመድ ናይ ወህበትካ ተጸጊዐን፣ ነቶም ናይ ጸጋኻ መስተንክራት ከኣ ሃንቀው እናበልኩን ትርእየኒ'ሎኻ። በቶም ዘልኣለማውያን ብርቱዓት ማዕበላት ናይ ፈቃር ሕያውነትካን በቶም ዘንጸባርቑ ብርሃናት ናይ'ቲ ልኡም ሓልዮትካን ውህበትካን፣ እቲ ናባኻ ዘቕርበንን ኣብ ሃብትኻ ዘበልጸገንን ብናጻ ክትፈቕደለይ እውክሰካ። ልሳነይ፣ ብርዐይ፣ መላእ ህልውናይን፣ ንሓይልኻን ብርታዔኻን፣ ንጸጋኻን ውህበትካን፣ ንሸኻ ኣምላኸ ከም ዝኾንካን፣ ብዘይካኻ'ውን ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየሎን፣ እቲ ሓያልን ብርቱዕን ከም ዝኾንካን ይምስክራ።*

*ዎ ኣምላኸይ! ኣብ'ዛ ህሞት'ዚኣ ንጽግዕተኛነተይን ንሉኣላዊነትካን፣ ንድኹምነተይን ንሓይልኻን እምስክር። ኣነ እቲ ዘርብሓኒ ይኹን ወይ ዝጐድኣኒ ኣይፈልጥን'የ፤ ንሸኻ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝፈልጥን፣ እቲ ኩሉ ልቦና ዝመልኦን ኢኻ። ዎ ጐይታ፣ ኣምላኸይ፣ ጐይታይን እቲ ብዘልኣለማዊ ድንጋጌኻ ሓጐስ ከም ዝስምዓኒ ዝገበረኒን፣ ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓለምካ ከኣ ዘበልጽገንን ደንግገለይ። ንስኻ፣ ብሓቂ፣ እቲ ጸጋ ዝመልኦን ወሃብን ኢኻ።*

*ጐይታ! ካብ'ቲ ውቅያኖስ ናይ ሃብትኻን ሰማይ ናይ ምሕረትካን ኣይተልግሰኒ፣ እቲ ጽቡቕ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ ዳሕረወይትን ከኣ ኣዝዘለይ። ንሸኻ ብሓቂ ጐይታ ናይ'ታ መንበረ-ምሕረት ዝኾነት፣ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ቦታ ተነቢራ ዘላ ዙፋን ኢኻ፤ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣ እቲ ሓደ፣ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ፣ እቲ ኩሉ ልቦና ዘሎዎ።*

-- ዓብዱልባሃ

69

ንሱ እቲ ንጸሎት ዝሰምዕን፣ ንጸሎት ዝምልሽን ኣምላኽ እዩ!

*ብኽብርኻ፣ ዎ ፍቑር ዝኾንካ፣ ኣን'ታ ነዛ ዓለም ብርሃን እትህብ! እቶም ሃልሃልታታት ናይ ተነጽሎ ሃሚኾምኒ ኣሎዉ፣ ፋሉልነተይ ከኣ ንልበይ ኣብ ውሽጠይ ኣምኪኹዋ ኣሎ። ዎ ኣንታ ሃረርታ'ዛ ዓለምን ብወዲ-ሰብ ኣዚኻ ፍቱው ዝኾንካን! እቲ ህዱእ ንፋስ ናይ ስርጸትካ ንነፍሰይ ምእንቲ ኪናብያን፣ እቲ መስተንክራዊ ዝኾነ ድሃይካ ድማ ናብ እዝነይ ክበጽሕን፣ ከምኡ'ውን ኣዓ ንተይ ከም'ቲ ኣብ ክስተታት ናይ ኣስማትካን ባህርያትካን ተገሊጹ ዘሎ፣ ንምልክታትካን ብርሃንካን ምእንቲ ኪርእያ ክትፈቕድ፣ ዎ ኣንታ ኩሉ ነገራት ኣብ ጭባጦኡ ዝኾንካ! በቲ ኣዝዩ ዓቢ ዝኾነ ስምካ እውክሰካ ኣሎኹ።*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ፣ ካባኻ ብምፍላዮም፣ ንብዓት ናይ'ቶም ዝለዋህካሎም ክፈስስን፣ ካብ'ቲ ቅዱስ መጋባእያኻ ብምርሓርቖም ከኣ፣ ፍርሒ ናይ'ቶም ውፉያትካ ትርእዮ ኣሎኻ። በቲ ንኹሉ ዝርኣን ዘይርኣን ዝቈጻጸር ሓይልኻ ኢለ! እቶም ፍቑራትካ፣ ደም ክነብዑ ዝግብኦምሲ፣ በቲ ነቶም እሙናት ኣብ ኢድ'ቶም ናይ'ዛ መሬት እኩያትን፣ ጨቆንትን ከሎዉ ዝወረዶም መከራ እዩ። ዎ ኣምላኸይ፣ እቶም እምነት-ኣልቦ ነተን ከተማታትካን፣ ግዝኣትካን ከመይ ጌሮም ከቢቦምወን ከም ዘሎዉ ትርኢ ኣሎኻ! እምበኣር፣ ምእንቲ'ቶም መልእኽተኛታትካን፣ ምሩጻትካን፣ ምእንት'ቲ ኣብ ማእከል'ቶም ኣገልገልትኻ ዝተተኽለ፣ ስንደቕ ዕላማ ናይ መለኮታዊ ምሕረትካን፣ ኢልካ ስለ'ቲ ውህበትካ ከተዕቁቦም እውክሰካ ኣሎኹ። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ጸጋዊ፣ እቲ ኩሉ ሃያብ ኢኻ።*

*ደጊመ'ውን፣ በቲ ጥዑም ዝኾነ ኣዝመራታት ናይ ጸጋኻን በቶም ማዕበላት ናይ'ቲ ውቅያኖስ ሕያውነትካን ነቶም ብጹኣትካ፣ እቲ ነዒንቶም ዘቕስንን ንልብታቶም ዘጸናንንዕን ክትእዝዝ እውክሰካ። ጐይታ! ነቲ ኘኸገልግለካ ብድድ ኢሉ ንኪልዓል፣ ብሃንቀውታ ዚምብርከኽን፣ እቲ ዝሞተ ካብ'ቲ ውቅያኖስ ውህበትካ ዘልኣለማዊ ህይወት ንምርካብ ዚጽውዕን ናብ'ቲ ሰማያት ናይ ሃብትኻ ንምዕራግ ሃረር ዝብልን፣ እቲ ጓና ነቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ጸጋኻ ዘሎ ቤቱ ክናፍቖን፣ እቲ ደላያይ፣*

ብምሕረትካ ኣቢሉ፡ ናብ ኣፍ-ደገ ናይ ውህበትካ ገጹ ኪሃጽጽን፣ እቲ ሓጢኣተኛ ድማ፡ ናብ'ቲ ናይ ይቕረ-በሃልነትን ሕድገትን ውቅያኖስ ክምለስ ትርእዮ ኣሎኻ።

ብሉኣላዊነትካ ኢለ፡ ዎ ኣንታ ኣብ ልብታት ሰባት ዝተኸበርካ፣ ምእንቲ እቲ ቅዱስ ፍቓድካን ፍታውካን ኣብ ውሽጠይ ኪገዝእን፡ ከም'ቲ እታ ብርዒ ናይ ዘልኣለማዊ ድንጋጌኻ ኣነ ክበጽሖ ዝሓንጸጸቶን ክትመርሓን'ስ ፍቓደይን ገዛእ ድሌተይን ራሕሪሐ ናባኻ ገጸይ ተመሊሰ ኣለኹ። እዚ ኣገልጋሊኻ'ዚ፡ ዎ ጐይታ! ምንም'ኳ ሓጋዚ ዘይብሉ እንተኾነ፡ ናብ'ቲ በትረ ስልጣን ናይ ሓይልኻ ገጹ መሊሱ'ሎ፣ ዝተዋረደ'ኳ እንተኾነ፡ ናብ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ክብርኻ ይቀላጠፍ ኣሎ፣ ስኡን'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ውቅያኖስ ናይ ጸጋኻ ሃረር ይብል ኣሎ። ኻኸይተባርሮ ብሕያውነትካን ውህበትካን እልምነካ ኣሎኹ። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ሓዳግ፡ እቲ ርህሩህ ኢኻ።

— ዓብዱልባሃ

## ጽንዓት

**70**

ስምካ ይከበር፣ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! በቲ ኻኹሎም ዝተፈጥሩ ነገራት ሓቝፉ ዘሎ ሓይልኻን፣ በቲ ንመላእ ፍጥረት ብኹሉ ጸብለል ዝበሎ ሉኣላዊነትካን፣ በቲ ኣብ ልቦናኻ ተሓቢኡ ዝነበረ ቃልካ'ሞ ብእኡ ከኣ ንሰማይካን ምድርኻን ዝፈጠርካሉ፣ ብክልቲኡ ማለት ኣብ ፍቕርኻ ክንጸንዕን፣ ንደስታኻ ምእዙዛት ብምዃን ቈላሕታና ናብ ገጽካ ከነተኵርን፡ ኻኽብርኻ ከነብዕልን ከተኽእለና እልምነካ ኣሎኹ። እምበኣርከስ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ንምልክታትካ ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ናብ ኩሉ ወገናት ኻኽንዝርግሖን፡ ኣብ ውሽጢ ግዝኣትካ ከኣ ንሃይማኖትካ ኻኽንሕልዎን ኣበርትዓና። ካብ ፍጡራትካ ንሓደ'ኳ ከይረቛሕካ ብብሕትኻ ዘልኣለም ዝነበርካ ኢኻ። ከምኡ ኢልካ ከኣ ንዘልኣለም ኣለም ክትቅጽል ኢኻ።

መላእ ምትእምማነይ ኣባኻ ኣንቢረ ኣሎኹ፣ ገጸይ ናባኻ መሊሰ ኣሎኹ፣ ናብ'ቲ ገመድ ናይ ፈቃር ሓልዮትካ ተጸጊዐ ኣሎኹ፡ ናብ'ቲ ናይ ምሕረትካ ጽላል ተቐላጢፈ ኣሎኹ። ዎ ኣምላኸይ፡ ንዓኻ ንበይንኻ ጥራይ ስለ ዘናድስ፣ ከምሓደ ተስፋ ዝቔረጸ ካብ ኣፍ-ደገ ወጻኢ ኣይትራሕርሓኒ፣ ጸጋኻ'ውን ካባይ ኣይትዕገቶ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ዘልኣለም ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ኣዝዩ ሃያብ።

ውዳሴ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ኣንታ በቶም ዝፈለጡኻ ፍቑር ዝኾንካ።

— ባሃኡላህ

**71**

ዎ ኣንታ ምቕራቡ፡ ሃረርታይ፣ ህልውናኡ፡ ተስፋይ፣ ምዝካሩ፡ ባህገይ፣ መጋባእያ ክብሩ፡ ሽቶይ፣ መንበሪኡ፡ ዓላማይ፣ ስሙ፡ መድሃኒተይ፣ ፍቕሩ፡ ብርሃን ልበይ፣ ንዕኡ ምግልጋል፡ ዝለዓለ ትምኒተይ ዝኾንካ! በቲ እቶም ዘለለዩኻ፡ ናብቲ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ብራኺታት ናይ ንዓኻ ምፍላጥን፣ ጠንኪሮም ብተወፋይነት ንዓኻ ንምምላኽ ዘኽኣሎምን ስምካ፣ ናብ ውሽጢ'ቲ ቀጽርታት ናይ'ቲ ቅዱስ ልግስታትካ ዝኾነ መጋባእያኻ ኻኽድይብን፡ ገጸይ ናብ ገጽካ ኻኽምልስን፡ ንኣዒንተይ ናባኻ ከተኵረንን፡ ብዛዕባኻ ኻኽዛረብን ክትረድኣኒ እልምነካ ኣሎኹ።

ዎ ጐይታይ፡ ኣነ እቲ ብዘይካኻ ኻኹሉ ካልእ ዝረስዔን፡ ናብ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ጸጋኻ ኣቢሉ ከኣ ገጹ ዝመለሰን፣ ናብ መጋባእያኻ ኪቐርብ ተስፋ ብምግባር ከኣ ብዘይካኻ ኻኹሉ ዝራሕርሖን ኢየ። ኣዒንተይ ናብ ላዕሊ ኣቢለን፡ ናብ'ታ ብጸዳላት ናይ'ቲ ብርሃን ገጽካ እተንጸባርቕ ዘላ መንበር ቁሊሕ ኣቢለየን ከሎኹ ረኣየኒ። ስለ'ዚ ምእንት'ቲ ጥርጠራታት ናይ'ቶም ዘይኣመንቲ ናባኻ ካብ ምምላስ ከየተዓናቕፈንስ፡ ዎ ፍቑረይ፡ እቲ ኣብ ሃይማኖትካ ክጸንዕ ዘኽእለኒ ኣውርደለይ።

ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኣምላኽ ናይ ሓይሊ፡ እቲ ኣብ ጸበባ ረዳኢ፡ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል ኢኻ።

— ባሃኡላህ

**72**

*ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ብእኡ በቲ ንሓቅነትካ ብዝተሓስሙ ፍጡራትካ፡ ብዘስካሕክሕ ዝተሳቐየን፣ ብእኡ በቲ ሓንቲ ልሳን'ኳ ከተዘንትዎ ብዘይከኣል ጓሂ ተኸቢቡ ዝነበረን ኣዝዩ ዓቢ ዝኾነ ስምካ፣ ኣብ'ዘን ኩሎም ካብ ጽባቔኻ ዘልገሱለንን፡ ምሳኻ ዝተሃላለኹለንን፡ ብንፅቀት'ውን ካብ'ቲ ናይ ሃይማኖትካ ከሳቲ ዝኾነ ዝረሓቑለንን መዓልታት'ዚኤን ንዝኽርኻን ውዳሴኻን ንምብዓል ምእንቲ ክኽእል ፍቓድካ ክኸውን እምሕጸነካ። ዎ ጐይታ ባዕልኻ ገዛእ ርእሰኻ ድኣ እምበር ዝሕግዘካስ ሓደ'ኳ የሎን፣ ብዘይካ ናይ ባዕልኻ ሓይሊ ከኣ፡ ዝኾነ ዝረድኣካ ሓይሊ የሎን።*

*ናብ ፍቕርኻን ዝኽርኻን ብጽንዓት ክለግብ ኘኽተኽእለኒ እምሕጸነካ። እዚ፡ ብሓቂ ኣነ ንምግባሩ ዝኽእሎ እዩ። ንሰኻ ከኣ እቲ ሓደ፡ ኩሉ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ዝፈልጥ ኢኻ። ንሰኻ ብሓቂ ፈላጢን ናይ ኩሉ ኣፍልጦ ዘሎዎን ኢኻ። ዎ ጐይታይ፡ ካብ'ቲ ጸዳላት ናይ'ቲ ድምቀቱ ንመላእ ዓለም ዘብርህ ብርሃን ገጽካ ኣይትኸልክለኒ። ብዘይኻኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ኣዝዩ ሓያል፣ እቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ዘልኣለም ይቕረ በሃሊ።*

-- ባሃኡላህ

**73**

*ዎ ጐይታ፡ ኣምላኸይ! ፍቑራትካ ኣብ እምነትካ ቀጥ ክብሉ፡ ኣብ ሃይማኖትካ ክጸንዑ ሓግዞም። ንሓደጋ ገዛእ-ርእስን ከንቱ ስምዒትን ክጸሩ፣ ንብርሃን ናይ መለኮታዊ መሪሕነት ክስዕቡ፡ ጸጋኻ ሃቦም። ንሰኻ እቲ ሓያል፡ እቲ ጸጋ ዝመልኦ፡ እቲ ብገዛእ-ርእሱ ዝነብር፡ እቲ ለጋስ፡ እቲ ርህሩህ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኩሉ ሃያብ ኢኻ።*

– ዓብዱልባሃ

**74**

*ንስጉምትታትና ኣብ መንገድኻ ኣጽንዓየን፣ ዎ ጐይታ! ንልብታትና ከኣ ኣብ ተኣዛዝነትካ ኣበርትዓየን። ንገጻትና ናብ'ቲ ናይ ሓድነትካ ጽባቐ መልሰን፡ ንደረት ኣፍ ልብታትና ከኣ በቶም ምልክታት ናይ መለኮታዊ ስምረትካ ኣደስት። ምእንቲ ኩለንትና ናይ ኩሉ ህልውናታት ኣብ ቅድሚ'ቲ ራእዪ ናይ ዕቤትካ ንውዳሴኻ ክዝምር፡ ንኣካላትና በቲ ካባ ናይ ልግሰኻ ሰልሞ፣ ካብ ኣዒንትና ነቲ መጋረጃ ሓጥእነት ቀንጥጦ፣ እቲ ጽዋእ ናይ ጸጋኻ ከኣ ሃበና። ምእንት'ቲ ቅዱስ ትፍስህቲ ናይ ጸሎት፡ ልዕሊ ቃላትን፡ ፊደላትን፡ ጸብለል ክብልን፤ እቲ ኪኖው ደረጃታት ኣደማምጻ፡ ቅኒት ቃላትን፡ ድምጽታትን፡ ኪኸይድ ዘሎዎን ጸሎት፡ ንነፍሳትና ኪመልኦን፡ ከምኡ'ውን ምእንቲ ኩሎም ነገራት ኣብ ቅድሚ'ቲ ናይ ጸዳልካ ክስተት ሃለዋቶም ኣጥፊኦም ናብ ኣልቦነት ኪልወጡን'ሲ ፣ ዎ ጐይታ! እምበኣር፡ በቲ ምሕረት ዝመልኦ ኣንደበትካን፡ በቲ ምስጢር ናይ መለኮታዊ ህልውናኻን፡ ገዛእ ርእሰኻ ግለጽ።*

*ጐይታ! እዚኣቶም ኣብ'ቲ ኪዳንካን ፍቓድካን ቀጥ ኢሎምን፡ ጸኒዖምን ዝተረፉ፣ ኣብ ሃይማኖትካ ነቲ ገመድ ናይ ጽንዓት ቀጥ ኣቢሎም ዝሓዙን፡ ናብ'ቲ ዘፈር ካባ ናይ ዕቤትካ ከኣ ዝተጸግዑን ኣገልገልትኻ ኢዮም። ዎ ጐይታ! ብጸጋኻ ርድኣዮም፡ ብሓይልኻ ኣተኣማምኖም፡ ንኣኻ ኣብ ዘሎዎም ተኣዛዝነት ከኣ ንሽምጦም ኣጠንክሮ።*

*ንሰኻ እቲ ሓዳግ እቲ ጸጋዊ ኢኻ።*

-- ዓብዱልባሃ

**75**

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ብነስሓ ናባኻ ገጸይ መሊሰ ኣለኹ፣ ብሓቂ ከኣ ንሰኻ እቲ ሓዳግን ርህሩህን ኢኻ።*

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ናባኻ ተመሊሰ ኣለኹ፣ ብሓቂ ከኣ ንሰኻ እቲ ዘልኣለም ይቕረ በሃልን፡ እቲ ጸጋ'ውን ኢኻ።*

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ናብ'ቲ ገመድ ናይ ውህበትካ ተጸጊዐ ኣሎኹ፣ እቲ ማዕቀበ-ንዋይ ናይ ኩሉ ኣብ ሰማይን ምድርን ዝርከብ ምሳኻ እዩ ዘሎ።*

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ናባኻ ገጸይ ሃጺጸ ኣሎኹ፡ ብሓቂ ከኣ ንስኻ እቲ ይቕረ በሃልን፣ እቲ ጐይታ ምልኣተ ጸጋን ኢኻ።*

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ኣነ ነቲ ሰማያዊ ወይኒ ናይ ጸጋኻ እጸምኦ፣ ንስኻ ከኣ፡ ብሓቂ እቲ ወሃቢ፣ እቲ ለጋስ፣ እቲ ጸጋዊ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል ኢኻ።*

*ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ሃይማኖትካ ከም ዝገለጽካን፣ መብጽዓኻ ከም ዝፈጸምካን፣ እቲ ንልብታት ናይ'ቶም ፍቱዋትካ ናባኻ ከም ዝስሓብ ዝገብር፡ ካብ ናይ ጸጋኻ ሰማይ ከም ዝወረድካን እምስክር ኣሎኹ። እቲ ነቲ ጽኑዕ ገመድካ ቀጠው ኣቢሉ ዝሓዘን፡ ናብቲ ዘፈር ናይ'ቲ ኣንጸባራቒ ካባኻ ዝተጸግዐን ግሩም ገበረ!*

*ዎ ጐይታ ኩሉ ህልውናን፡ ንጉስ ናይ'ቲ ዝርአን ዘይርአን ዝኾንካ፣ በታ ብርዒ ናይ ክብርኻ፡ ምስ'ቶም ውፉያትካ፡ ማለት ምስ 'ቶም መዝገብ ብራናታት ናይ'ቶም ሓጢኣተኛታት ናብ'ቲ ብርሃን ናይ ገጽካ ኣቢሎም ካብ ምምላስ ዘየሰናኽሉም ስመይ ንክምዝገበለይ ክትፈቅድ እውከሰካ፤ ዎ ጸሎት ሰማዒ፣ ዎ ጸሎት መላሺ ዝኾንካ ኣምላኽ!*

--ዓብዱልባሃ

**76**

*ዎ ርህሩህ ኣምላኽ! ስለ ዘበራብርካንን ከም ዝነቅሕ ስለ ዝገበርካንን ምስጋና ይብጻሕካ። ንስኻ ዝርኢ ዓይኒ ሃብካኒ፡ ዝሰምዕ እዝኒ'ውን ለገስካኒ፤ ናብ መንግስትኻ መራሕካኒ፣ ናብ መንገድኻ ከኣ ሓበርካኒ። ንስኻ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ኣርኣኻኒ፡ ናብ'ታ መርከብ ድሕነት ከም ዝኣቱ ከኣ ገበርካኒ። ዎ ኣምላኽ! ኣጽንዓኒ፡ ነቺ ዘይብልን ድልዱልን ከኣ ግበረኒ። ካብ ብርቱዕ ፈተናታት ሓልወኒ፡ ኣብ'ቲ ብጽኑዕ ዝተደኮነ ዕርዲ ናይ ኪዳንካን ለበዋኻን ከኣ ኣዕቍበንን። ንስኻ እቲ ሓያል ኢኻ! ንስኻ እቲ ረኣዪ ኢኻ! ንስኻ እቲ ሰማዒ ኢኻ! ዎ ኣንታ ርህሩህ ዝኾንካ ኣምላኽ! ከም'ቲ ሓንቲ ብርጭቆ ብብርሃን ፍቕርኻ እተንጸባርቖ፡ እተንጸባርቕ ልቢ ለግሰለይ፣ ብሳላ'ቲ መንፈሳዊ ውህበት፡ ነዛ ዓለም'ዚኣ ናብ ሓንቲ ስፍራ ኣታኽልቲ ጽገሬዳ ክልውጣ ዘኽእል ሓደ ሓሳብ መጥወኒ። ንስኻ እቲ ርህሩህ፡ እቲ ምሕረተኛ ኢኻ! ንስኻ እቲ ዓብዪ ገባር ሰናይ ዝኾንካ ኣምላኽ ኢኻ!*

-- ዓብዱልባሃ

## *ምስትምሃር*

**77**

*ውዳሴ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! በቲ ሓደ'ኳ ከም ግቡእ ዘይተገንዘቦን ዝኾነት ትኹን ነፍሲ'ውን ትርጉሙ ዘይበጽሓቶን ስምካ እውከሰካ፤ ንልበይ መዕቆር ፍቕርኻን ዝኽርኻን ንኽትገብራ፡ ብእኡ በቲ ርእሰ-ምንጪ ናይ ክስተትካን መዓልቲ-ጽድያ ናይ ምልክታትካን ዝኾነ እልምነካ። እምበኣር ምእንቲ እቶም ህይወታውያን ማያት ናይ ልቦናኻን እቶም ሓቜቕ ዝኾኑ ወሓይዝ ናይ ውዳሴኻን ካብኣ ክውሕዙስ ምስ'ቲ ዓብዪ ውቅያኖስ ኣወሃህዳ።*

*መሓውር ኣካላተይ ንሓድነትካ ይምስክራ፣ ጸጉሪ ርእሰይ ከኣ ንሓይሊ ሉኣላዊነትካን ክእለትካን የረጋግጽ። ብፍጹም ርእሰ-ምነናን ብፍጹም ርእሰ ኣልቦነትን ናብቲ ዘፈር ናይ ውህበትካ ተጸጊዐን፣ ነዒንተይ ናብቲ ደረት-ትርኢት ናይ ህያባትካ ኣተኲረን፡ ኣብ ማዕጾ ናይ ጸጋኻ ቈይመ ኣለኹ።*

*ዎ ኣምላኸይ፣ እቲ ንዕቤት ናይ ግርማኻ ዘጸብቕ ክገብር ትዕድልተይ ግበሮ፣ ከምኡ'ውን በቲ ዘበራትዕ ጸጋኻ፡ ከምኡ ጌረ ሃይማኖትካ ክምህር'ሞ እቶም ምውታን ካብ መቓብሮም ወጺኦም፡ ምሉእ ብምሉእ ኣባኻ ብምእማን ተቐላጢሮም ናባኻ ኣቢሎም ሃንደፍደፍ ምእንቲ ኪብሉን፣ ጠመትኦም ናብ'ቲ ምብራቕ ናይ ሃይማኖትካን፡ ግልጸትካ ዝወግሓሉ ቦታን ከተኲርስ፡ ሓግዘኒ።*

ንሸኻ፣ ብሓቂ፣ እቲ ኣዝዩ ሓያል፣ እቲ ኣዝዩ ልዑል፣ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ እቲ ልቦና ዝመልኣካ ኢኻ።

— ባሃኡላህ

78

ዎ ኣንታ ኣምላኽ ናይ'ዛ ዓለምን፥ ባህጊ ናይ'ዘን መንግስታትን ዝኾንካ፣ ዎ ኣንታ በቲ ዝዓበየ ስም፥ ማለት በቲ ሉላት ናይ ልቦናን፥ ኣንደበትን፥ ካብ'ቶም ዛዕጐላት ናይ'ቲ ዓቢዩ ባህሪ ፍልጠትካ ተራእዮምሉ ዘሎዉ፣ እቶም ሰማያት ናይ ሃይማኖትካ ድማ፥ በቲ ምቕልቃል ብርሃን ጸሓይ ናይ ገጽካ ተሸሊሞምሉ ዘሎዉ፥ ከም እትግለጽ ዝኾንካ፣ ክብሪ ንዓኻ ይኹን!

በታ ብሳልኣ ኣብ መንጎ ፍጡራትካን ኣብ መንጎ ኣገልገልትኻን፣ ናይ መርትያኻን ክርክርካን ፍጹም ዝገበረት ቃል'ቲኣ፣ ምእንቲ ብኣኣ ገጽ ናይ'ዛ ሃይማኖት፥ ኣብ ኩሉ ግዝኣትካ ክንጸባርቕን፣ ሰንደቕ ዕላማታት ናይ ሓይልኻን፥ ኣርማታት ናይ መሪሕነትካን ድማ፥ ኣብ መንጎ ኣገልገልትኻን፥ ኣብ መሬትካን ክትከልስ፣ ንህዝብኻ ከተበርትዖም እልምነካ!

ዎ ኣምላኸይ! ንገመድ ጸጋኻ ተጸጊዮምን ንዘፈር መንጠሊና ሰናይካ ቀጥ ኣቢሎም ሒዞምን ትርእዮም ኣሎኻ። እቲ ናብ ጥቓኻ ኣጸቢቑ ዘቕርቦምን፥ ናባኻ እንተዘይኮይኑ፥ ካብ ኩሉ ካልእ ዝዓ ግቶምን ኣዝዘሎም።

ዎ ኣንታ ንጉስ ናይ ህላዌን መዕቆቢ ናይ'ቲ ዝርኣን ዘይርኣን ዝኾንካ፣ ንዝኾኑ ሃይማኖትካ ንምግልጋል ዝለዓል ዘበለ ከም ሓደ ብድልየትካ ዝንቀሳቐስ ባሕሪ ክትገብሮ እልምነካ፤ በቲ ካብ ደረት ትርኢት ናይ ፍቓድካ ዝኾነ ሰማይ ዝበርህ ዘሎ እሳት ናይ "ሳድራትካ" (መሐበሪ) ኣቃጽሎ። ብሓቂ፥ ንሸኻ፥ እቲ ሓደ፣ ሓይሊ መላእ ዓለም ኩነ ወይ፥ ብርታዔ መንግስታት ከዳኽሙዎ ዘይክእሉ ሓያል ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፥ እቲ ሓደ፥ እቲ ንውልቁ፥ እቲ ኣዕቋቢ፥ እቲ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር!

— ባሃኡላህ

79

ዎ ኣምላኽ፥ እቲ ፈጣር ኩሎም ክስተታት፥ መበቈል ናይ መበቈላት፣ ርእሰ ምንጪ ናይ ኩሎም ግልጸታት፥ ፈልፋሊ ዒላ ናይ ኩሎም ብርሃናት ዝኾንካ! ብስምካ እቲ ሰማይ ናይ ምስትውዓል ከም ዝተሸለመ፣ እቲ ውቅያኖስ ናይ ቃል ከም ማዕበል ከም ዝተኾመረ፣ እቲ ስርዒታት ሓልዮትካ ናብ ሰዓብቲ ኩለን ሃይማኖታት ከም ዝተዘርግሐ እምስክር።

ናባኻ'ምበር ካብ ኩሉ ካልእ ነገር ኽኽንጸልን፣ ከምኡ'ውን ናባኻ እንተዘይኮይኑ፥ ካብ ዝኾነ ይኹን ናጻ ዝኾንኩ ጌርካ ከተብልጽገንን እምሕጸነካ። እምበኣር'ከስ ካብ'ቶም ደበናታት ናይ ውህበትካ፥ እቲ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዓለም ናይ ዓለማትካ ከርብሓኒ ዘሎዎ፥ ኣዝንበለይ። ምእንቲ ንሃይማኖትካ ኣብ ማእከል ኣገልገልትኻ ከገልግልን፣ እቲ ናይ ባዕልኻ መንግስቲ ክሳዕ ዘሎን፥ ግዝኣትካ ነባሪ ክሳዕ ዝኾነን ድማ ነቲ ከም ዝዝከር ዝገብረኒ ተግባራት ከርእዮንሲ፥ በቲ ዘጠናኽር ጸጋኻ ሓግዘኒ።

ዎ ጐይታይ፥ እዚ እቲ ብመላእ ህልውናኡ ናብ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ውህበትካን፣ ውቅያኖስ ናይ ጸጋኻን፣ ናብ'ቲ ሰማይ ናይ ህያባትካን ተመሊሱ ዘሎ ኣገልጋሊኻ እዩ። ኣብ ልዕለይ እምበኣር ከምቲ ግርማኻን፣ ክብርኻን ወሃባይነትካን፣ ጸጋኻን ዝፈትዎ ግበር።

ንሸኻ ብሓቂ እቲ ኣምላኽ ብርታዐን ሓይልን ኢኻ፣ ንሸኻ እቲ ነቶም ናባኻ ዝጽልዩ መልሲ ንኽትህቦም ትኽክለኛ እትሕተት ኢኻ፣ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ፥ እቲ ልቦና ዝመልኦ።

— ባሃኡላህ

## *ፈተናታትን ጸገማትን*

### 80

*ዎ ኣምላኸ፣ ኣምላኸይ፣ ብውህበትካን ልግሰኻን ንሓዘነይ ኣርሕቕ፣ ንመሪር ትካዘይ ከኣ ብሉኣላዊነትካን ሓይልኻን ስጒጒለይ። ኣብ'ዚ ብኹሉ ሸነኽ ጓሂ ከቢቡኒ ዘሎ ጊዜ ገጸይ ናባኻ መሊሰ ትርእየኒ ኣሎኹ። ዎ ኣንታ ጐይታ ናይ ኩሉ ህላዌን፣ ንኹሉ ዝርኣይን ዘይርኣይን ነገራት ከኣ እተጽልልን፣ ከምኡ'ውን በቲ ንልብታትን ነፍሳትን ናይ ሰባት ዘህደአ ስምካን፣ በቶም ማዕበላት ናይ'ቲ ውቅያኖስ ምሕረትካን፣ ጸዳላት ናይ'ቲ ኮኾብ ቀትሪ ዝኾነ ውህበትካን፣ ምስ'ቶም፣ ገጾም ናባኻ ካብ ምቕናዕ ዝኾነ ይኹን ነገር ዘይከልከሎም ክትጽብጽበኒ እምሕጸነካ፡ ዎ ኣንታ ጐይታ ናይ ኩሉ ኣስማትን ሰራሒ ሰማያትን።*

*ዎ ጐይታይ ነቲ ኣብ'ተን መዓልታትካ ዝወረደኒ ነገራት ትርእዮ ኣሎኻ። ብእኡ በቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ኣስማትካን፡ በቲ ባህርያትካ ዝወግሓሉ ቦታን፡ እቲ ንምግልጋልካ ክልዓልን ንደጊታትካ ክብ ከብልን ዘኽእለኒ ክትእዝዘለይ እልምነካ። ንሰኻ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል፡ ንጸሎታት ኩሎም ሰባት ምምላሽ ዝልማዱ ኢኻ!*

*ኣብ መወዳእታ ከኣ፣ ንጉዳያተይ ክትባርኾ፣ ካብ ዕዳይ ከተናግፈንን፡ ድልየታተይ ከተማልኣለይን፡ በቲ ብርሃን ናይ ገጽካ እልምነካ። ንሰኻ እቲ፡ ነፍሲ ወከፍ ልሳን ንሓይሉን ግዝኣቱን ዝመስከረትሉን፣ እቲ ንግርማኡን ሉኣላዊነቱን ከኣ ንነፍሲ ወከፍ እተስተውዕል ልቢ ዝኣመነትሉን ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ ንሰኻ እቲ ዝሰምዕን ንምምላሽ ድሉዊ ዝኾነን ኢኻ።*

-- ባሃኡላህ

### 81

*ዝተወደስካን ክብሪ ዝመልኣካን ኢኻ፡ ዎ ኣምላኸይ! በቲ ዒሕታ ናይ መፍቀርትኻን፣ በቲ ናይ'ቶም ንኽርእዩኻ ዝናፍቑ ዝፈሰስ ንብዓትን፣ ኣብ'ታ መዓልትኻ፡ ካብ'ቶም ለውሃት ዝመልኦም ምሕረታትካ ከይትዓግተኒ፣ ወይ'ውን ካብ'ቶም ዜማታት ናይ'ታ ኣብ ቅድሚ ናይ'ቲ ካብ ገጽካ ዘንጸባርቕ ብርሃን ኰይና ንሓድነትካ እተመጉስ ርግቢት ከይትኽልክለኒ እምሕጸነካ። ኣነ እቲ ኣብ ሕሰም ዘሎ ኢየ፡ ዎ ኣምላኸ! ናብ'ቲ ኩሉ ዝውንን ስምካ ኣጽኒዐ ተጸጊዐ ኣሎኹ ረኣየኒ። ኣነ እቲ ዝጠፍእ ምዃነይ ዘረጋገጽኩ ኢየ፣ ነቲ ዘይጠፍእ ስምካ ተጸጊዐ ከሎኹ ድማ ረኣየኒ። እምበኣርከስ፡ በቲ ገዛእ ርእሰኻ፡ በቲ ልዑል፣ በቲ ኣዚኻ ክብ እትብለሉን፡ ኣብ ገዛእ-ርእሰይን ኣብ'ቶም ርኹሳት ድልየታተይን፡ ዝንባሌታተይን ከይትገድፈኒ እምሕጸነካ። ንኢደይ በታ ናይ ሓይል ኻ ኢድ ሓዛ፣ ካብ'ቲ መዓሙቓት ናይ ብልጭልጫትን ከንቱ ግምታትን ኣድሕነኒ፣ ካብ ኩሉ'ቲ ብኣኻ ጽዩፍ ዝኾነ ከኣ ኣንጽሃኒ።*

*እምበኣር፡ ፈጺመ ናባኻ ዝምለስን መላእ እምነተይ ናባኻ ዝገብርን፡ ከም መዕቆብየይ ዘናድየካን፡ ናብ ገጽካ ከኣ ዘምልጥን ግበረኒ። ንሰኻ፡ ብሓቂ፡ ንሱ እቲ ብሓይሊ ብርታዔኡ፡ ዝኾነ ደስ ዝበሎ ዝገብርን፣ ብሓይሊ ፍቓዱ ከኣ ዝኾነ ዝመረጾ ዝእዝዝን ኢኻ። ንኣሰራርሓ ድንጋጌኻ ዝጻረር ሓደ'ኳ የሎን፤ ንመኣዝን ቔጸራኻ ክቕይሮ ዝኽእል የሎን። ንሰኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ፡ ኣዝዩ ወሃቢ ኢኻ።*

-- ባሃኡላህ

### 82

*ዎ ኣንታ ፈተናታቱ፡ ነቶም ዝቐረቡኻ ዘበሉ ዘሕዊ መድሃኒት፣ ሴፉ፡ ናይ ኩሎም'ቶም ዘፍቅሩኻ፡ ብርቱዕ ባህጊ፣ ተወርዋሪ ኵናቱ፡ ናይ'ተን ንዓኻ ሃረር ዝብላ ልብታት፡ ዝኸበረ ዊንታ፣ ድንጋጌኡ፡ እቲ እንኮ ተስፋ ናይ'ቶም ሓቅነትካ ዘለለዩ፡ ዝኾንካ! በቲ መለኮታዊ ጣዕምን፣ በቲ ጸዳላት ክብሪ ናይ ገጽካን፣ ካብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ልጉስ መዕረፊ ቦታኻ፡ ስሒቡ ናባኻ ከቕርበና ዝኽእል ከተውርደልና እምሕጸነካ። እምበኣር፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ነእጋርና ኣብ ሃይማኖትካ ጸኒ ዒን ዝቔማ ግበረን። ንልብታትና በቲ ናይ ፍልጠትካ ነጸብራቕ ኣንቅሓየን፣ ንደረት ኣፍ-ልብታትና ከኣ በቲ ድምቀት ናይ ኣስማትካ ኣብርሃየን።*

-- ባሃኡላህ

83

*ክብሪ ንዓኻ ይኹን ዎ ኣምላኸይ! በቲ ኣብ መንገድኻ ዝተጸረ ጸበባታት እንተዘይከውንሲ፣ ከመይ ኢሎም ድኣ እቶም ሓቀኛታት መፍቀርትኻ ምተለልዩ፡ በቶም ምእንቲ ፍቕርኻ ዝተሰግሩ ፈተናታት እንተዘይከውንከ፡ እቲ ደረጃ ናይ'ቶም ሃንቀው ዝብሉኻ ከመይ ኢሉ ምተገልጸ፡ ሓይልኻ ይምስክረለይ እዩ! ኣሰነይቲ ናይ ኩሎም'ቶም ዝሰግዱልካ፡ እቶም ዘፍሰስዎም ንብዓት ኢዮም፣ መጸናናዕቲ፡ ናይ'ቶም ሃለው ዝብሉኻ ከኣ፡ እቶም ዘስምዕዎም እህህታታት ኢዮም፣ መግቢ፡ ናይ'ቶም ክረኽቡኻ ዝህወኹ'ውን፡ ርፍራፋት ናይ'ተን ዝሓዘና ልባቶም እዩ።*

*እቲ ናይ ኣብ መንገድኻ ሞት ዘሎ ስቓይ፡ ምረቱ ንዓይ ክንደይ'ሞ ዝምቅር እዩ ጣዕሙ፤ ቃልካ ክብ ኣብ ምባል፡ ዅናውቲ ናይ ጸላእትኻ ከጋጥም ከሎ፡ ብናተይ ግምት ክሳዕ ክንደይ'ሞ ክቡር እዩ። ዎ ኣምላኸይ፡ ኣብ ሃይማኖትካ፡ ዝኾነ ይኹን ንሸኻ እትምነዮ ኣጨልጠኒ፣ ኣብ ፍቕርኻ ከኣ ኩሉ'ቲ ንሸኻ ዝኣዘዝካዮ ኣውርደለይ። ብኽብርኻ ኢለ! ንሸኻ እትብህጎ ጥራይ ኢየ ዝብህግ፣ እቲ ንሸኻ እትፈትዎ ከኣ እፈቱ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ፡ ምሉእ እምነተይን፡ ምትእምማነይን፡ ኣብኻ ኣንቢረዮ ኣሎኹ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ምእንቲ ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ክዝክሩኒን፣ ኣብ መሬትካ ድማ ኣርማታት ናይ ዓ ወትካ ክሰቕሉን'ሲ፣ ከም ሓገዝተ'ዚ ክስተት'ዚ ንስምካን፡ ንሉኣላዊነትካን ዝበቕዑ ኰይኖም ዝቒጸሩ ኣተንስእ፡ ኢለ እምሕጸነካ።*

*ባህ ዝበለካ ክትገብር ዓቕሚ ዘሎካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ብጸበባ ረዳኢ፡ እቲ ብነብሱ ሓዳሪ።*

-- ባሃኡላህ

84

*ክብሪ ዝመልኣካ ኢኻ፡ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ነፍሲ ወከፍ ስውጠት ዘለዎ ሰብ፡ ንሉኣላዊነትካን ግዝኣትካን ይእመን፣ ነፍሲ ወከፍ እትመሚ ዓይኒ ከኣ ንዕብየት ግርማኻን፡ ነቲ ገዳዲ ሓይሊ ብርታ ዔኻን ትግንዘቦ። እቶም ንፋሳት ፈተናታት፡ ነቶም ናባኻ ብምቕራቦም ዝሕጐሱ፡ ገጻቶም፡ ናብ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ክብርኻ ካብ ምቕናዕ ክዓግትዎም፡ ዓቕሚ የብሎምን፤ እቶም ማዕበላት ናይ መንሱታት እውን እንተኾኑ፡ ነቶም ምሉእ ብምሉእ ንፍቓድካ ዝተወፈዩ ናብ መጋባእያኻ ካብ ምቕራብ፡ ከተዓናቕፍዎም ኰነ ከላግስዎም፡ ኣይከኣሎምን እዩ።*

*እታ ፋኑስ ናይ ፍቕርኻ፡ ኣብ ውሽጢ ልብታቶም ትበርህ ኣላ፣ እቲ ብርሃን ናይ ለውሃትካ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ደረት ኣፍ ልብታቶም በሪሁ ኣሎ። ጸገማት ካብ እምነትካ ከዘናብልዎም ክእለት የብሎምን፣ ምቅይያራት ናይ ዕድል'ውን ከቶ ካብ ደስታኻ ከላግሶም ኣይክእልን እዩ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ብኣታቶምን፡ በቲ እተን ልብታቶም፡ ካባኻ ብምፍላየን ዘስምዕኦ እህህታታትን፣ ካብ ዓመጽ ናይ'ቶም ተጻረርትኻ ክትሕልዎምን ንነፍሳቶም ከኣ፡ በቲ ነቶም ዝኾነ ይኹን ፍርሒ ዘይቀርቦምን፡ ንሓዘን ዘይቃልዑን ፍቑራትካ፡ ዝኣዘዝካሎም ክትዕንግለን እምሕጸነካ።*

-- ባሃኡላህ

85

*ብዘይካ ኣግዚኣብሄር ካብ ጸበባ ዘናግፍዶ'ሎ፡ በል፡ ኣምላኽ ምስጉን ይኹን! ንሱ፡ ኣምላኽ እዩ! ኩሎም ኣገልገልቱ ኢዮም፣ ኩሎም'ውን ንሓዋሩ ብትእዛዙ እሙናት ኰይኖም ይነብሩ።*

-- ባብ

86

*በል፡- ኣምላኽ ንኹሉ ነገራት፡ ልዕሊ ኹሉ ነገራት ኣኻሊ እዩ፣ ኣብ ሰማያት ኰነ፡ ወይ ኣብ'ዚ ምድሪ፡ ኣምላኽ ጥራይ እንተዘይኰይኑ፡ ካልእ ኣኻሊ የሎን። ብሓቂ፡ ንሱ ንገዛእ-ርእሱ እቲ ፈላጢ፡ እቲ ናባዪ እቲ ኩሉ ዝኽእል እዩ።*

--- ባብ

87

ንሱ እቲ ርህሩህ፣ እቲ ኩሉ ዝህብ እዩ!

ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! ንሰኻ ትርእየንን፡ ትፈልጠንን ኢኻ፣ ንሰኻ መድሕነይን ጸግዐይን ኢኻ። ንሓደ'ኳ ኣይደለኹን፣ ንዓኻ እንተዘይኮይኑ ከኣ ዝኾነ ካልእ ኣይደልን'የ፣ መንገዲ ፍቕርኻ እንተዘይኮይና፡ ሓንቲ'ኳ ኣይረገጽኩን፣ ካልእ ዝኾነት'ውን ኣይክረግጽን'የ። ኣብ'ዛ ድቕድቕ ጸልማት ናይ ቅብጸት፣ ዓይነይ ብሃንቀውታን፡ ብምሉእ ተስፋን፡ ናብ'ቲ ንግሃት ናይ'ቲ ወሰን ዘይብሉ ሕያውነትካ ትጥምዘዝ። ኣብ'ታ ናይ ወጋሕታ ሰዓት ከኣ እታ ዝጕበጠት ነብሰይ፡ ብዝኽሪ ጽባቔኻን፡ ፍጹምነትካን፡ ትሕደስን ትጥንክርን። ንሱ እቲ ጸጋ ምሕረትካ ዝደገፎ፣ ክንዲ ሓንቲ ነጥቢ'ኳ እንተኾነ፡ ወሰን ዘይብሉ ውቅያኖስ ክኸውን እዩ፣ እታ ብናይ ዝፍሻሕ ፈቃር-ሕያውነትካ እትድገፍ ዝደቐቐት “ኣቶም” ከኣ ክንድ'ታ ድምቕቲ ኮኾብ ከተንጸባርቕ ኢያ።

ዎ ኣንታ መንፈስ ንጽህናን፡ ኩሉ መሊእካ እተቐርብን፣ ነዚ ተማሪኹን፡ ተወሊዑን ዘሎ ኣገልጋሊኻ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላልካ ኣዕቍቦ፤ እዚ መንገብገቡ ተሰይሩ ዘሎ ዑፍ ከኣ፡ ኣብ'ታ ኣብ ልዕሊ ሰማያዊት ኦም እትርከብ መለኮታዊት እንዳኻ፡ ሓንቲ መዕቀቢትን፡ መጽለሊትን ንምርካብ ፍቐደሉ፤ ኣብ'ዛ ናይ ህልውና ዓለም ከኣ ኣብ ፍቕርኻ ጽኑዕን፡ ነቕ ዘይብልን ኰይኑ ንኽተርፍ ሓግዞ።

-- ዓብዱልባሃ

88

ዎ ጐይታ፣ ኣምላኸይን ኣብ መከራይ መዕቆብየይን! ኣብ ሽግረይ ዋልታይን ጽላለይን! ኣብ ግዜ ስእነተይ መድሕነይን መጸግዕየይን፡ ኣብ ሕልምልም ዝበለኒ ግዜ ብጻየይ! ኣብ ብርቱዕ ጭንቀተይ መጸናንዕየይ፣ ንበይነይ ኣብ ዝኾንኩሉ ግዜ ፈቃር ዓርኪ! እቲ ናይ ሃንደበታዊ ስቕታታት ሓዘነይ ቀንጣጥን፡ ናይ ኣበሳታተይ ሓዳግን ዝኾንካ!

ኣብ'ዚ ምልኣተ መዋእል ናይ ቅዱስ ሕብረትካ፡ ኣብ ኩሉ'ቲ ኣንጻር ፍቓደካ ዚካየድ ዋልታ ክትከሎነንን ከምኡ'ውን፡ ኣበርን መንቅብን ዘይብሉ ኰይነ፣ ነታ ናይ ጸጋኻ ጽላል ዝኾነት ኦም ኣብ ምድላይ ከተዓናቕፈኒ ካብ ዝኽእል ኩሉ ርኽሰት ከተንጽሃንን፡ ብምሉእ ልበይን፡ ኣእምሮይን፡ ልሳነይን፡ ብዉዕዉዕ ስምዒት እናተማሕጸንኩ፡ ብኩለንትናይ ናባኻ እምለስ ኣሎኹ።

ዎ ጐይታ ነቲ ድኹም ራህርሃሉ፣ ነቲ ሕሙም ኣጥዕዮ፡ ነቲ ብጽምኢ ቀራዕ ዝበለ ከኣ ኣርውዮ። ነቲ ናይ ፍቕርኻ ሓዊ ፈኸም ዝብለሉ ዘሎ ሕቍፌ ኣሐጒሶ፡ በቲ ሃልሃልታ ናይ'ቲ ሰማያዊ ፍቕርኻን መንፈስካን ከኣ ኣጒህሮ።

ነቲ ቤተ-መቕደሳት ናይ መለኮታዊ ሕብረት፡ በቲ ናይ ቅድስና ቀሚስ ኣልብሶ፡ ኣብ ርእሰይ ከኣ እቲ ናይ ሕያውነትካ ኣኽሊል ድፋእ።

ንገጸይ በቲ ነጸብራቕ ናይ ውህበትካ “ኦርብ” (ጸሓይ) ኣብርሃዮ፡ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ቅዱስ ድርኩኺትካ ከኣ ብጸጋ ሓግዘኒ።

ልበይ ንፍጡራትካ ብምፍቃር መሊኣ ጀርበብ ክሳብ ትብል ግበራ፣ ምልክት ናይ ምሕረትካ፣ መሓበርታ ናይ ጸጋኻ፣ ኣብ መንጎ ፍቑራትካ ስምምዕ ዘርጋሒ፡ ንዓኻ ዝተወፈኹ፣ ዝኽርኻ ዝዛረብን፡ ንገዛእ ርእሰይ ረሳዒ ኰይነ ወትሩ ብናትካ ጥራይ ዝግደስ ንምኳን ፍቐደለይ።

ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ! ነቶም ህዱኣት ንፋሳት ሕድገትካን ጸጋኻን ካባይ ኣይትኸልክሎም፡ ካብ'ቶም ፈልፈልቲ ምንጭታት ናይ ረድኤትካን ልግሰኻን ኣይትዕገተኒ።

ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ'ቶም መዕቈብቲ ኣኽናፍካ ኣስፍረኒ፣ ቈላሕታ ናይ'ቲ ካብ ኩሉ ዝሕሉ ዓ ይንኻ ከኣ ኣብ ልዕለይ ኣዕርፎ።

ድምጸይ ኣብ ዓበይቲ ባይቶታት ክብ ምእንቲ ክብልን፣ ካብ ከናፍረይ ማዕበላት ውዳሴኻ ምእንቲ ክውሕዝን፡ ልሳነይ፡ ኣብ መንጎ ህዝብኻ ንስምካ ምእንቲ ክትውድስን'ሲ ፍትሓያ።

ንሸኻ፡ ብምሉእ ሓቂ፡ እቲ ጸጋ ዝመልኦ፣ እቲ ዝተሸብረ፣ እቲ ሓያል፣ እቲ ኩሉ ዝኽእል ኢኻ!

-- ዓብዱልባሃ

89

ዎ ጐይታይ ፍቑረይ፡ ሃረርታይ! ኣብ ሕልምልም ዝብለኒ ግዜ ዓርኪ ኩነኒ፣ ኣብ ማሕዩረይ ከኣ ኣሰንየኒ፤ ንጓህየይ ቀንጥጠለይ፣ ንጽባቔኻ ውፉይ ዝኸውን ግበረኒ፣ ብዘይካኻ ካብ ኩሉ ኣግልለኒ፣ በቲ ምኡዛት ሽታታት ቅድስናኻ ማርኽኒ፣ ኣብ መንግስትኻ፡ ምስ'ቶም ብዘይካ ካባኻ፡ ካብ ኩሉ ነገር ዝተፈልዩን፣ ነቲ ቅዱስ ድርኩኺትካ ንምግልጋል ሃረር ዝብሉን፡ ኣብ እምነትካ ኪሰርሑ መብጽዕኦም ዝሕልዉን ከም ዝጽንበር ግበረኒ። ሓንቲ ካብ'ተን ናብ'ቲ ጽቡቕ ፍታውካ ዝበጽሓት ኣገልገልትኻ ንምዃን ኣኽእለኒ። ብሓቂ፣ ንሸኻ እቲ ጸጋ ዝመልኦ፡ እቲ ለጋስ ኢኻ።

-- ዓብዱልባሃ

## ሕብረት

90

ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣምላኸይ! ልብታት ባሮትካ ኣሕብር፣ እቲ ዓቢ ዕላማኻ'ውን ግለጸሎም። ንትእዛዛትካ ዝስዕቡን ኣብ ሕግኻ ከኣ ዝነብሩን ግበሮም። ዎ ኣምላኽ፡ ኣብ ጻዕሮም ርድኣዮም፣ ኻኸገልግሉኻ ከኣ ሓይሊ ሃቦም። ዎ ኣምላኽ! ንስጉምትታቶም ብብርሃን ፍልጠት ምርሓየን፣ ንልብታቶም'ውን ብፍቕርኻ ድኣ ኣደስተን እምበር ኣብ ገዛእ ርእሶም ኣይትሕደጎም።

-- ባሃኡላህ

91

ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣምላኸይ! መላእ ምሕረትካ፡ ኣብ ልዕሊ'ዘን ነፍሳት'ዚኣን ንኪወርድ እናተወከስኩ፡ ብሓቂ፡ ኣብ ቅድሚ ድርኩኺትካ እምህለልን እምሕጸነካን ኣሎኹ። ንሕያውነትካን ሓቅነትካን ኢልካ ኣዋሕልሎም። ዎ ጐይታ! ንልብታት ኣሕብርን ብሓደ ጥመርን፣ ኻኹለን ነፍሳት ብስኒት ጸንብረን፣ በቲ ምልክታት ናይ ቅድስናኻን ሓድነትካን ከኣ ነተን መንፈሳት ኣሐጉሰን። ዎ ጐይታ! ነዘን ገጻት እዚኤን በቲ ብርሃን ናይ ሓድነትካ ከም ዘንጸባርቓ ግበረን። ንሕቘ ናይ ኣገልገልትኻ ኣብ ናይ መንግስትኻ ኣገልግሎቶም ኣጠንክሮ። ዎ ጐይታ፡ ኣንታ ወናኒ ወሰን ዘይብሉ ምሕረት! ዎ ጐይታ ይቕረታን ሕድገትን! ነቲ መንግስቲ ሓይልን ብርታዔን እናተማህለልና፡ ኣብ'ቲ ቅዱስ መካንካ ትሑታት፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ክብሪ ናይ'ቶም መርትዖታትካ ከኣ ተገዛእቲ ኢና'ሞ፡ ንሓጥያትና ይቕረ በል፤ ንጉድለታትና'ውን ሕድገት ግበር፤ ናብ'ቲ መንግስቲ ናይ ምሕረትካ እንምለስ ከኣ ግበረና። ዎ ጐይታ ኣምላኽ! ከም ማዕበላት ናይ'ቲ ባሕሪ፡ ከም ዕምባባታት ናይ'ቲ ስፍራ ኣታኽልቲ፡ ሕቡራት፣ በቲ ልግስታት ናይ ፍቕርኻ ከኣ ዝተሰማማዕና ግበረና። ዎ ጐይታ! ንደረት ኣፍ ልብታት በቲ ምልክታታት ሓድነትካ ኣስፍሓዮ፣ ንመላእ ወዲ ሰብ ከኣ ከም ካብ ማዕረ ዝምልዓሉ ክብሪ ዘንጸባርቑ ከዋኽብቲ፣ ከም ኣብ ልዕሊ'ታ ናይ ህይወት ኦም ዝዓብዩ ፍጹማት ፍረታት ግበሮም። ብሓቂ፡ ንሸኻ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር፡ እቲ ወሃቢ፡ እቲ ይቕረ በሃሊ፡ እቲ ሓዳግ፡ እቲ ከኣሌ-ኩሉ፡ እቲ ሓደ ፈጣሪ ኢኻ።

-- ዓብዱልባሃ

## ኣብ ፍሉይ ኩነታት
## ዝዝውተሩ ጸሎታት ባሃኢ

ብባሃኡላህን ዓብዱልባሃን
ዝተገልጹ

# ሰሌዳ ዝርዝር ትሕዝቶ


| ተ.ቁ | | ገጽ |
|---|---|---|
| 1 | ሓጻር ናይ ግዴታ ጸሎት | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 2 | ማእከለይቲ ናይ ግዴታ ጸሎት | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 3 | ነዋሕ ናይ ግዴታ ጸሎት | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 4 | ጽላት ኣሕመድ | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 5-6 | ናይ ምብጻሕ ጽላታት | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 7-8 | ጽንዓት ኣብ ኪዳን | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 9-17 | ናይ ምስትምሃር ጸሎታት (ካብ ጽላታት ናይ መለኮታዊ መደብ ብዓብዱልባሃ ዝተገልጸ) | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 18-19 | መንፈሳዊ ባይቶ | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 20 | ኣያም-ኢ-ሃ (ንጾም መቀራረቢ ጸሎት) | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 21-24 | ጾም | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 25 | ናው-ሩዝ (ሓድሽ ዓመት) | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 26-28 | መርዓ | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 29 | ጽላት እሳት | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |
| 30 | ነዋሕ መሕወያ ጸሎት | - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - - |

# ናይ ግዴታ ጸሎታት

*“እተን መዓልታዊ ናይ ግዴታ ጸሎታት ብቑጽሪ ሰለስተ ኢየን...። እቲ ኣማኒ ክአ ካብኣተን ሓንቲ ኽኽመርጽ ናጻ እዩ፤ እንተኾነ ግን ብመሰረት እቲ ንኣፈጻጽምኤን ብዝምልከት ዝተዋህበ ፍሉይ መምርሒታት፡ ካብኣተን ሓንቲ ኽጸሊ ይግደድ እዩ።”*

— ሾጊ ኤፈንዲ

1

## ሓጻር ናይ ግዴታ ጸሎት

## <u>ኣብ መንጎ ፍርቂ መዓልትን ጸሓይ ዕራርቦን ዘሎ ግዜ ሓንሳእ እትጽለ</u>

*ዎ ኣምላኸይ፡* ንኽፈልጠካን ንኽምልኸካን ከም ዝፈጠርካኒ እምስክር። ኣብዛ ህሞት እዚኣ ንድኽመተይን ብርታዔኻን፡ ንድኽነተይን ሃብትኻን እምስክር።

ኣብ ግዜ ጸበባ ረዳኢ፡ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን።

— ባሃኡላህ

*2*

## *ማእከለይቲ ናይ ግዴታ ጸሎት*

## *ዕለታዊ ንግሆ፡ ቀትሪ፡ ምሸት እትጽለ*

## *እቲ ክጽሊ ዝደሊ፡ ኣእዳዉ ይተሓጸብ፡ እናተሓጸበ ከሎ ከአ ከምዚ ይበል*

*ዎ ኣምላኸይ፡* ሰራዊት ናይ'ዛ ዓለም ኣብ ልዕሊኣ ሓይሊ ክሳብ ዘሰኣኖም፡ ኢደይ ንመጽሓፍካ ኣጽኒዓ ንምሓዝ ኣደልድላ። ኣብዘይ ናታ ጠብሎቕ ካብ ምባል ከኣ ሓልዋ። ብሓቂ፡ ንሸኻ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ሓያል ኢኻ።

*ገጹ እናተሓጸበ ድማ ከምዚ ይበል፡*

ገጸይ ናብኻ መሊሰ ኣለኹ፡ *ዎ ጐይታይ!* በቲ ብርሃን ገጽካ ኣብርሃዮ። ናብኻ ጥራይ እምበር ናብ ካልእ ኣቢሉ ከይትምልስ እምበኣር ሓልዎ።

*ብድሕሪ'ዚ ብድድ ይበል፡ ናብ ቒብሊሕ (ንቕጣ ኣምልኾ-ማለት ባህጂ) እናረኣየ ከአ ከምዚ ይበል፡-*

*ንሱ ጥራይ እምበር ካልእ ኣምላኽ ከምዘየለ እግዚኣብሄር ባዕሉ ይምስክር። መንግስታት ግልጸትን ፍጥረትን ናቱ ኢዮም። ንሱ ብሓቂ፡ ነቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ግልጸት፡ ኣብ ሲናይ ዝተዘራረበ፡ ብእኡ እቲ ልዑል ደረት ትርኢት ከም ዘንጸባርቐ ዝተገብረ፡ እታ ብኪኖኣ መሕለፊ ዘይብሉ ናይ ሎጥ ኦም እተዛረበትሉን፡ እቲ ብእኡ ድማ ንኹሎም ኣብ ሰማይን ምድርን ንዘለዉ “እንሆ፡ እቲ ወናኒ ኩሉ መጺኡ። ምድርን ሰማይን፡ ክብርን ስልጣንን፡ ናይ ኣምላኽ እዩ፡ እቲ ጐይታ ኩሎም ደቂ ሰብን ወናኒ ናይ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዙፋንን ኣብ ታሕቲ ዘላ ምድርን!” ኢሉ ዝኣወጀ፡ ብሓቂ ኣግሂድዎ'ዩ።*

*ብድሕሪ'ዚ ጉምብስ ኢሉ፡ ኣብ ብርኩ በእዳዉ ተመርኲሱ ከምዚ ይበል፡-*

*ካብ ውዳሴይን ካብ ውዳሴ ናይ ዝኾነ ይኹን ካልእን፣ ካብ መግለጺየይን መግለጺ ኩሎም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘለዉን ዝለዓልካ ኢኻ!*

*ብድሕሪ'ዚ ኣእዳዉ ከፊቱ ብድድ ኢሉ፡ ክብዲ ኢዱ ናብ ሸነኽ ገጹ ጌሩ ክብ ብምባል ከም'ዚ ይበል፡-*

ዎ ኣምላኸይ፡ ኑቲ ብናይ ምሕጽንታ ኣጻብዕቱ ኑቲ ዘፈር ምሕረትካን ጸጋኻን ጨቢጡ ዘሎ ተስፋ ኣይተቐ·ርጾ፣ ዎ ኣንታ ካብ'ቶም ምሕረት ዝገብሩ ኣዚኻ ምሕረተኛ ዝኾንካ!

*ብድሕሪ'ዚ ኣእጋሩ ኣመሳቒሉ ኮፍ ብምባል ከምዚ ይበል፡-*

ንሕብረትካን ሓድነትካን፡ ንሸኻ ኣምላኽ ከም ዝኾንካን፡ ብዘይኻኻ ካልእ ኣምላኽ ከምዘየለን እምስክር። ብሓቂ ንሸኻ ንሃይማኖትካ ገሊጽካ፣ ኪዳንካ ፈጺምካ፡ ኑቲ ማዕጾ ጸጋኻ ድማ ንኹሎም'ቶም ኣብ ሰማይን መሬትን ዝነብሩ ጋህ ኣቢልካ ከፊትካሎም ኣሎኻ። ኣብ ልዕሊ'ቶም ለውጥታትን ዕድላትን ናይ'ዛ ዓለም ናባኻ ካብ ምምላኽ ዘየድሓርሓሩን፡ ኑቲ ምሳኻ ዘሎ ንምርካብ ተስፋ ብምግባር ድማ ዘለዎም ኩሉ ዝሃቡን ፍቑራትካን፣ በረኸትን ህድኣትን፡ ሰላምታን ክብርን፡ ኣብኣታቶም ይዕሰል። ንሸኻ ብሓቂ፡ እቲ ንዘልኣለም ይቕረ በሃልን ኩሉ ልግሲ ዝመልኦን ኢኻ።

*ሓደ ሰብ ኣብ ክንዲ ነዛ ነዋሕ ጥቕሲ፣ ነዘን ዚስዕባ ቃላት ክደግም እንተመሪጹ እኹል እዩ፡- "ንሱ እምበር ብዘይካኡ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየለ እግዚኣብሄር ባዕሉ ይምስክር፤ እቲ ኣብ ግዜ ጸበባ ረዳኢ፡ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር።" ከምኡ ድማ ኮፍ ኢሉ ነዘን ዝስዕባ ቃላት'ዚአን ኪደግም እንተመሪጹ እኹል እዩ፡- "ንሕብረትካን፡ ንሸኻ ኣምላኽ ምዃንካን፡ ብዘይኻኻ ድማ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየለን፡ እምስክር።"*

*-- ባሃኡላህ*

**3**

## ነዋሕ ናይ ግዴታ ጸሎት
## <u>ኣብ ውሽጢ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ሓንሳእ እትጽለ</u>

*እቲ ነዛ ጸሎት እዚኣ ክጽሊ ዝደሊ ብድድ ይበል፣ ገጹ ድማ ናብ ኣምላኽ ይመልስ፤ ኣብ ቦታኡ ምስ ቆመ ድማ፡ ንምሕረት ናይ'ቲ ኣዝዩ ምሕረተኛን ርህሩህን ጐይታኡ ይጽበ ከምዘሎ ኮይኑ ንየማንን ንጸጋምን ይጠምት። ብድሕሪ'ዚ ከም'ዚ ይበል፡-*

ዎ ኣንታ ጐይታ ናይ ኩሉ ኣስማትን ሰራሕ ሰማያትን! ንጸሎተይ፡ ኑቲ ካብ ጽባቐኻ ከዊሉኒ ዘሎ መጋረጃታት ዘንድድ ሓዊን ናብ ናይ ህላዌኻ ውቅያኖስ ዝመርሕ ብርሃንን ክትገብሮ፡ በቶም መዓልቲ ጽድያታት ዝኾኑ ናይ'ቲ ዘይርአ ኩለንትናኻን፡ እቲ ኣዝዩ ልዑልን፡ እቲ ፍጹም ክብሪ ዝመልኦን ወጋሕታታት ዝኾኑ እምሕጸነካ ኣሎኹ።

*ብድሕሪ'ዚ ብምሕጽንታ ኣእዳዉ ናብ ኣምላኽ የልዕል-ብሩኽን ልዑልን ይኹን- ከም'ዚ ድማ ይበል፡-*

ዎ ኣንታ ሃረርታ ናይ'ዛ ዓለምን፡ ናይ መንግስታት ፍቑርን ዝኾንካ! ናብ'ቲ ብምንቅስቓሱ መላእ ፍጥረት ዝተነቓነቐሉ ገመድካ ጨቢጠ ብምሓዝ ብዘይካኻ ካብ ኩሉ ወጣጢ ነገራት ርሒቐ ናባኻ ክምለስ ትርእየኒ ኣሎኻ። ኣነስ፡ ዎ ጐይታ፡ ኣገልጋሊኻን ወዲ ኣገልጋሊኻን ኢየ። ፍቓድካን ድልየትካን ንምፍጻም ተዳልየ፡ ብዘይካ ጽቡቕ ፍታውካ ድማ ካልእ ከይደለኹ ደው ኢለ ትርእየኒ ኣሎኻ። ምስ ኣገልጋሊኻ ከም ዝፈቐድካዮን ከም ዝደለኻዮን ክትገብር፡ በቲ ናይ ምሕረትካ ውቅያኖስን ኮኾብ መዓልቲ ናይ ጸጋኻን እምሕጸነካ። ብእኡ በቲ ካብ ኩሉ ስያመን ውዳሴን ኣዝዩ ክብ ኢሉ ዝለዓለን ሓይልኻ ኢለ ! ኩሉ'ቲ ብኣኻ ዝተገልጸ፣ ናይ ልበይ ሃረርታን ናይ ነፍሰይ ፍቑርን እዩ። ዎ ኣምላኽ፡ ኣምላኸይ! ኑቲ ንሰማያትን ምድርን ከቢቡ ዘሎ ፍቓድካ ድኣ'ምበር ንተስፋታተይን ግብርታተይን ኣይትርአ። በቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ስምካ ኢለ፡ ዎ ኣንታ ጐይታ ኩለን መንግስታት! ኣነ ኑቲ ንሸኻ እትብህጎ ጥራይ ብሂገ ኣለኹ፣ ኑቲ ንሸኻ እተፍቅሮ ጥራይ ድማ አፍቅር።

*ብድሕሪ'ዚ ድማ ይምበርከኽ፡ ብግምባሩ ናብ ባይታ ፍግም ኢሉ ድማ ከም'ዚ ይበል፡-*

ብዘይካ ካብ ናይ ባዕልኻ፡ ልዕሊ ናይ ዝኾነ ይኹን መግለጽን ብዘይካ ካብ ናትካ ካብ ናይ ዝኾነ ይኹን ምስትውዓልን ዝለዓልካ ኢኻ።

*ብድሕሪ'ዚ ብድድ ኢሉ ከም'ዚ ይበል።*

ዎ ጐይታይ፡ መንግስትኻ ክሳብ ዘሎ መታን ክነብርን ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓለም ናይ ዓለማትካ ድማ ክሰምየካን'ሲ ንጸሎተይ ፈልፋሊ ህያው ማይ ግበሮ።

*ብድሕሪ'ዚ እውን እንደገና ኣእዳው ብምሕጽንታ ኣልዒሉ ከምዚ ይብል፦*

ዎ ኣንታ ካባኻ ብምፍላየን ልብታትን ነፍሳትን ዝመኸኻ፡ ብሓዊ ፍቕርኻ'ውን መላእ ዓለም ከም ዝባራዕ ዝኾነ! ዎ ኣንታ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ሰባት እትገዝእ! በቲ ንመላእ ፍጥረት ዘምበርከኽካሉ ስምካ፡ ነቲ ምሳኻ ዘሎ ከይትኸልኣኒ እልምነካ ኣሎኹ። ዎ ጐይታይ፡ እዚ ጋሻ'ዚ ናብ'ቲ ኣብ ትሕቲ ድባብ ግርማኻን ኣብ ቀጽሪ ናይ ምሕረትካን ዘሎ ኣዝዩ ልዑል ቤቱ ክሃጽጽ፤ እዚ ሓጥእ'ዚ ንውቅያኖስ ይቕረ በሃሊነትካ፣ እዚ ትሑት'ውን ንቅርዓት ክብርኻ፤ እዚ ነዳይ ፍጥረት'ዚ ከኣ ንምብራቕ ናይ ሃብትኻ እናደለየ ከሎ ትርእዮ ኣሎኻ። ዝፈቐድካዮ ናይ ምእዛዝ ስልጣን ናትካ'ዩ። ንሸኻ በቶም እትገብሮም እትውደስን፡ ኣብ እትእዝዞ ዘበለ እሺ እትበሃልን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትእዛዝካ ከይተገደድካ ከም እትገብርን እምስክር ኣሎኹ።

*ብድሕሪ'ዚ ኣእዳዉ የልዕል'ሞ፡ ነቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ስም ድማ ሰለስተ ግዜ ይድገም። ብድሕሪኡ ኣእዳዉ ኣብ ኣብራኹ ጌሩ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብሩኽን ልዑልን ይኹን- ከምዚ ይብል፦*

ዎ ኣምላኸይ፡ መንፈሰይ፡ ንዓኻ ንምምላኽ ብዘሎዋ ናፍቖትን፡ ንዓኻ ንምዝካርን፡ ንምምጓስን ንምውዳስን ብዘሎዋ ሃንቀውታን ኣብ ውሽጢ መሓውራተይን፡ ኣካላተይን ከመይ ተለዓዒላ ከም ዘላን፤ ነቲ እታ ናይ ትእዛዝካ ልሳን ኣብ ውሽጢ'ቲ መንግስቲ ናይ ቃልካን ሰማይ ናይ ፍልጠትካን ኰይና ዝመስከረቶ ከኣ ከመይ ኢላ ትምስክሮ ከም ዘላን ትርኢ ኣሎኻ። ዎ ጐይታይ፡ ምእንቲ ንድኽነተይ ከርእን፡ ንልግሽኻን ሃብትኻን ከጉልሕን፡ ንዓቕሚ ኣልቦነተይ ከፍልጥን ንሓይልኻን ብርታዕኻን ከኣ ምእንቲ ከግህድን'ሲ በዚ ኩነት'ዚ ነቲ ምሳኻ ዘሎ ኩሉ ክልምን አፍቅር።

*ብድሕሪ'ዚ ብድድ ይበል'ሞ ኣእዳዉ ክልተ ግዜ ብምሕጽንታ ኣልዒሉ ከኣ ከምዚ ይብል፦*

ንሸኻ'ምበር ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፡ እቲ ወሃብ ኩሉ። እቲ ኣብ መጀመርታን ኣብ መወዳእታን በያኒ ዝኾንካ፡ ንሸኻ እምበር ካልእ ኣምላኽ የሎን። ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! ይቕረ በሃሊነትካ ኣደፋፊሩኒ፡ ምሕረትካ ኣበርቲዑኒ ፡ ጸውዒትካ'ውን ኣበራቢሩኒ፣ ጸጋኻ ድማ ኣልዒሉንን ናባኻ መሪሑንን ኣሎ። ካብኡ ተረፈስ ኣነ መን ኰይነ'የ'ሞ ኣብ ኣፍ ደገ ከተማ ናይ ቅርበትካ ደው ንምባል ዝደፍር፡ ወይ'ውን ገጸይ ናብ'ቲ ካብ ሰማይ ፍቓድካ ዘንጸባርቕ ብርሃን ዘቕንዕ፡ ዎ ጐይታይ፡ እዚ ዘይረብሕ ፍጥረት'ዚ፡ ማዕጾ ናይ ጸጋኻ እናኳሕኰሐ እዛ በናኒት ዝኾነት ነፍሲ'ውን፡ ካብ'ተን ናይ ልግሽኻ ኣእዳው ፈለግ ዘልኣለማዊ ህይወት እናኣናደየት ከላ ትርኢ ኣሎኻ። ዎ ኣንታ ጐይታ ናይ ኩሎም ኣስማት፡ እቲ ትእዛዝ ኩሉ ግዜ ናትካ'ዩ፤ ንፍቓድካ ምቕባልን ፍቓደኛ ኰይነ ምእዛዝን ድማ ናተይ'ዩ፣ ዎ ኣንታ ፈጣሪ ሰማያት!

*ብድሕሪ'ዚ ድማ ኣእዳው ሰለስተ ግዜ ንላዕሊ ሓፍ የብል'ሞ ከም'ዚ ይብል፦*

ኣምላኽ ካብ ኩሉ ዓቢ ዝበሃል ዝዓበየ እዩ!

*ብድሕሪ'ዚ ይምብርከኽ፡ ብግምባሩ ናብ ባይታ ተደፊኡ ድማ ከምዚ ይብል፦*

ውዳሴ ናይ'ቶም ኣብ ጥቓኻ ዘሎዉ፡ ናብ'ቲ ናይ ቅርበትካ ሰማይ ንኽዓርግ፣ ወይ'ውን ኣዕዋፍ ልብታት ናይ'ቶም ንዓኻ ዝተወፈዩ ናብ ማዕጾ ኣፍ ደገኻ ንኽበጽሓስ ኣመና ልዑል ዝኾንካ ኢኻ። ንሸኻ ልዕሊ ኩሎም ባህርያት ብጹእን ልዕሊ ኩሎም ኣስማት ዝተቐደስካ ምዃንካን እምስክር። እቲ ኣዝዩ ልዑል ዝኾንካን እቲ ኣዝዩ ክብሪ ዝመልኣካን፡ ንሸኻ እምበር ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን።

*ብድሕሪ'ዚ ኮፍ ኢሉ ከም''ዚ ይብል፦*

ኣነ ነቲ ኩሎም ፍጡራትን፣ ሰራዊት ሰማይን፣ ነባሮ ናይ'ታ ፍጹም ልዕልቲ ዝኾነት ገነትን፡ ዝመስከርዎ፣ ካብኦም ሓሊፉ እቲ ልሳን ናይ ዕቤት ንባዕሉ ካብ'ቲ ፍጹም ክብሪ ዝመልአ ደረት ትርኢት ዝኾነት ናይ ዕቤት ልሳን ንባዕላን፡ ንሸኻ ኣምላኽ ምዃንካን፣ ንሸኻ'ምበር ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ ከምዘየለን፣ ንሱ እቲ ዝተኸሰተ ድማ፣ እቲ ስቱር ሚስጢር፣ እቲ ዕቑብ ምልክት ነተን ፊደል "ኩ" ን "ን" ን (ኩን) ከኣ ብእኡ ብሓንሳብ ከም ዝሓብራን ከም ዝጽንበራን ዝገበረ ምዃኑ ዝመስከርዎ፡ ኣነ'ውን እምስክር ኣለኹ። ንሱ እቲ ስሙ ብብርዒ ናይ'ቲ ኣዝዩ ልዑል ዝሰፈረን፡ ኣብቲ መጻሕፍቲ ናይ'ቲ ጐይታ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዙፋንን፡ ኣብ ታሕቲ ዘላ መሬትን ዝኾነ፡ እግዚኣብሄር'ውን ዝተሰምየን ምዃኑ እምስክር።

*ብድሕሪ'ዚ ትኽ ኢሉ ደው ብምባል ከም'ዚ ይብል፦*

ዎ ጐይታ ኩሉ ህላዌን፡ ወናኒ ናይ ኩሎም ዝረኣዩን ዘይረኣዩን ነገራትን! ንሸኻ ንንብዓተይን ነቲ እህህ ዝብሎን ትግንዘቦ፣ ንቓንዛይን ዋይዋይታይን፡ ንመሪር ሓዘን ናይ ልበይን ድማ ትሰምዖ ኣሎኻ። ብብርታዕኻ ኢለ! ኣበሳታተይ ናባኻ ካብ ምቕራብ ከልኪሎምኒ፣ ሓጢኣታተይ'ውን ካብ ቅርዓት ቅድስናኻ ኣርሒቖምኒ ኣለዉ። ዎ ጐይታይ፡ ፍቕርኻ ኣበልጺጉኒ፣ ካባኻ ምፍላይ ኣፍሪሱኒ፡ ካባኻ ምርሓቕ ከኣ ሃሚሹኒ ኣሎ። በተን ኣብዚ ጸምጸም በረኻ'ዚ ዝገበርካየን ስጉምትታት ኣእጋርካን፣ በተን እቶም ሕሩያትካ ኣብ'ዚ ዓቢ ስፍሓት'ዚ "እነሆኹ፡ እነሆኹ፡" ዝበልወን ቃላትን፣ በቲ እስትንፋሳት ግልጸትካን፡ በቶም ህዱኣት ንፋሳት ናይ ወጋሕታ ክስተትካን፣ ንጽባቔኻ ክጥምትን ነቲ ኣብ መጽሓፍካ ዘሎ ኩሉ ኸኽብርን ክትእዝዝ እምሕጸነካ።

*ብድሕሪ'ዚ ነቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ስም ሰለስተ ግዜ ይድገም'ሞ ኣእዳዉ ኣብ ኣብራኹ ጌሩ ጉምብስ ኢሉ ከም'ዚ ይበል፡-*

ዎ ኣምላኸይ፡ ኝኽዝክረካን ክውድሰካን ስለ ዝሓገዝካንን፣ ነቲ ወጋሕታ ናይ ምልክታትካ ዝኾነ ክፈልጦ ስለ ዝገበርካንን፣ ኣብ ቅድሚ ጐይታነትካ ክሰግድ ስለ ዝገበርካንን፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽነትካ ንገዛእ ርእሰይ ከትሕትን፣ ነቲ በቲ ናይ ዕቤትካ ልሳን ዝተዘርበ ድማ ኝኽእመን ስለ ዝገበርካንን፡ ስብሓት ንዓኻ ይኹን።

*ብድሕሪ'ዚ ብድድ ኢሉ ከም'ዚ ይበል፡-*

ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! ሕቖይ ብጾር ናይ ሓጢኣተይ ጎቢጡ፣ ሸለልትነተይ ከኣ ኣዕኒዩኒ ኣሎ። ነቲ እኩይ ተግባራተይን ነቲ ናትካ ሰናይ ግብርን ከመዛዝኖ ከለኹ ልበይ ኣብ ውሽጠይ ምኽኽ ትብል፣ ደመይ'ውን ኣብ መትንታተይ ይፈልሕ። ብጽባቔኻ ኢለ፡ ዎ ኣንታ ናይ ዓለም ሃረርታ! ገጸይ ናባኻ ኝኸቕንዖ ብሕፍረት እደሃል። እተን ናፈቕቲ ኣእዳወይ ከኣ ናብ'ቲ ናይ ልግሸኻ ሰማይ ክዝርግሓ ይሓንካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ንብዓተይ ንዓኻ ካብ ምዝካርን ንባህርያትካ ካብ ምውዳስን ከመይ ኢሉ ከም ዝኽልክለኒ ትርኢ ኣሎኻ፣ ዎ ኣንታ ናይ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዙፋንን ናይ'ቲ ኣብ ታሕቲ ዘላ መሬትን ጐይታ ዝኾንካ! ዎ ጐይታ ኩሉ ህላዌን ንጉስ ናይ'ቲ ዝርኣን ዘይረኣን! ንፍቑራትካ፡ እቲ ምስ ልግሸኻ ዝሰማማዕን ንጺጋኻ ዝበቅዕን ክትገብር፡ በቶም ምልክታት መንግስትኻን ምስጢራት ግዝኣትካን እልምነካ።

*ብድሕሪ'ዚ ነቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ስም ሰለስተ ግዜ ይደግም፡ ተምበርኪኹ ድማ ብግምባሩ ናብ ባይታ ተደፊኡ ከም'ዚ ይበል፡-*

ዎ ኣምላኽና፡ በቲ ናባኻ ዘቕርበናን፡ በቲ ኣብ መጻሕፍትኻን፡ ጽሑፋትካን ኣማሊእካ ዘውረድካልና ኩሉ ጽቡቕ ነገርን፡ ስብሓት ንዓኻ ይኹን። ዎ ጐይታይ፡ ካብ'ቶም ሰራዊት ናይ ፋሉል ብልጭልጫትን፡ ከንቱ ግምታዊ ሓሳባትን ክትክውለና ንምሕጸነካ። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ሓያልን፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥን ኢኻ።

*ብድሕሪ'ዚ ርእሱ ኣቕኒዑ ኮፍ ብምባል ከም'ዚ ይበል።*

ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ እቶም ሕሩያትካ ዝመስከርዎ እምስክር፣ ነቲ እቶም ነበርቲ ናይ'ቲ ፍጹም ልዑል ዝኾነ ገነትን፡ እቶም ኣብ ዙርያ ናይ'ቲ ሓያል ዙፋንካ ብዙርያ ከቢቦም ኣፍልቦም ዝሃቡሉን ድማ እእመን። ዎ ጐይታ ናይ ዓለማት፡ መንግስታት መሬትን ሰማይን ናትካ'ዮም

— ባሃኡላህ

4

## <u>ጽላት ኣሕመድ</u>

*"እዚ ዕለታዊ ናይ ግዴታ ጸሎታት'ዚ ምስ ሒደት ካልኦት ፍሉያት፡ ማለት ከም ናይ መሕወያ ጸሎት፡ ጽላት ኣሕመድ ዝኣመሰሉ ተደሚሮም፡ ብባሃኡላህ ፍሉይ ሓይልን ትርጉምን ለቢሶም ኣሎዉ። ስለ'ዚ እምበኣር፡ ምእንቲ ኣመንቲ በዚኦም ኣቢሎም ናብ'ቲ ኣዝዩ ዝቐረበ ናይ ምስ ኣምላኽ ርክብ ክኣትዉን፡ ንገዛእ ርእሶም ድማ ምስ ሕግታቱን መምርሒ ስነ ስርዓቱን ብምልኣት መለለዪኦም ክገብሩን'ሲ፡ ከም'ታ ዘሎውዋ ተቐቢሎም ብጽኑዕ እምነትን ምትእምማንን ክጽልዩዎም ይግባእ።*

— ሾጊ ኤፈንዲ

ንሱ እቲ ንጉስ፡ እቲ ኩሉ ዝፈልጥ፡ እቲ ለባም እዩ!

እነሆ፡ እቲ ዑፍ ገነት፡ ነቶም ንጹሃት፡ እቲ ዘሐጉስ ብስራት ናይ እግዚኣብሄር ኣብ ቀረባ ምኧኑ እናኣወጀ፣ ነቶም ኣብ መለኮታዊ ሕብረት ዝኣምኑ ድማ ናብ ቀጽሪ ህላዌ ናይ'ቲ ለጋስ ዝኾነ እናጸውዐ፣ ነቶም ካብ'ቲ ብኣምላኽ በቲ ንጉስ፡ በቲ ክብሪ ዝመልኡ፡ በቲ መዘና ዘይብሉ እተገልጸ መልእኽቲ ዝተነጸሉ እናነገረ፣ ነቶም ኣፍቀርቲ ድማ ናብ'ቲ መንበረ-ቅድስናን ናብ'ዚ ኣንጸባራቒ ጽባቐን እናመርሐ፣ ኣብ ልዕሊ ጫለዳ ጨናፍር ናይ'ታ ኦም ዘልኣለማውነት ኰይኑ፡ ብቅዱስን ጥዑምን ዜማ ይዝምር።

ብሓቂ፡ እዚ እቲ ኣዝዩ ዝዓበየ ጽባቐ፣ ኣብ መጻሕፍቲ ናይ'ቶም ልኡኻት ኣቐዲሙ ዝተነግረ፣ ብእኡ ሓቂ ካብ ጌጋ ዝፍለየሉን ልቦና ናይ ነፍሲ-ወከፍ ትእዛዝ ድማ ዝፍተነሉን እዩ። ብሓቂ ንሱ፡ እታ ፍረታት ናይ ኣምላኽ ናይ'ቲ ልዑል፡ እቲ ሓያል እቲ ዓቢ፣ እተፍሪ ኦም ህይወት እዩ።

ዎ ኣሕመድ! ብሓቂ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነን፡ ብዘይካኡ ከኣ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየለን፡ እቲ ንጉስ፡ እቲ መዕቆቢ፡ እቲ መዘና ዘይብሉ፡ እቲ ከኣሊ-ኩሉ ምኧኑን መስክር። ከምኡ'ውን እቲ ኩልና ኣብ ትእዛዛቱ ሰሚርና ዘሎና፡ ዓሊ ብዝብል ስም ዝለኣኾ (ማለት ብጹእነቱ እቲ ባብ) ብሓቂ ካብ ኣምላኽ ነበረ።

በል፡ ዎ ህዝቢ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ባያን፡ በቲ ክብሪ ዝመልኦ፣ በቲ ለባም እተኣዘዙ ሕግታት ምእዙዛት ኩኑ። እንተትፈልጡዎስ ንሱ ብሓቂ ንጉስ ልኡኻት'ዩ፡ መጽሓፉ ከኣ እኖ መጽሓፍ ኢያ።

ስለ'ዚ ድማ እቲ ዑፍ ጽባሕ ድሃዩ ካብ'ዚ ቤት ማእሰርቲ'ዚ የስምዓኩም። ንሱስ ነዛ ንጽርቲ መልእኽቲ'ዚኣ ጥራሕ ንምብጻሕ'ዩ። እቲ ካብ'ዚ ምኽሪ'ዚ ከልግስ ዝደሊ የልግስ እቲ መገንዲ ጐይታኡ ክስዕብ ዝደሊ ከኣ ይስዓብ።

ዎ ህዝቢ፡ ነዞም ጥቕስታት እዚኣቶም እንተነጺግኩሞም፡ በየናይ መረጋገጺ ድኣ ኣብ እግዚኣብሄር ኣመንኩም፡ ዎ ናይ ሓሶት ጉባኤ፡ መረጋገጺኹም ኣቕርቡዎ።

ኣይፋልን፣ በቲ ነፍሰይ ኣብ ኢዱ ዘላ ኢለ፣ ዋላ'ኳ ንሓድሕዶም ክተሓጋገዙ እንተሓበሩ ነዚ ክገብሩ ኣይክእሉን ከቶ ኣይክኽእሉን ከኣ ኢዮም።

ዎ ኣሕመድ! ኣነ ኣብ ዘየለኹሉ ንውህበታተይ ኣይትረስዕ፡ ንመዓልትታተይ ብመዓልትታትካ ከምኡ'ውን ንጭንቀይን ኣብ'ዚ ርሑቕ ቤት ማእሰርቲ'ዚ ምሕያረይን ዘክር። ከምኡ ድማ ዋላ'ኳ ኣስያፍ ናይ'ቶም ጸላእቲ ኣብ ልዕሌኻ ጉድኣት እንተኣዝነቡ፡ ኩሎም ሰማያትን መሬትን'ውን ኣንጻርካ እንተ ተላዕሉ፡ ልብኻ ምእንቲ ከይወላወል'ሲ ኣብ ፍቕረይ ኣመና ጽኑዕ ኩን።

ንጸላእተይ ከም ሃልሃልታ ሓዊ፡ ንፍቑራተይ ድማ ከም ፈለግ ዘልኣለማዊ ህይወት ኩን፡ ካብ'ቶም ዝጠራጠሩ ድማ ኣይትኹን።

ከምኡ'ውን ኣብ መንገደይ ስቓይ፡ ወይ'ውን ምእንታይ ውርደት እንተ ኣጋጠመካ፡ ብእኡ ኣይትጨነቕ።

ኣብ እግዚኣብሄር፡ ኣብ'ቲ ኣምላኽካን ጐይታ ኣቦታትካን ተኣማመን። ከመይ'ሲ እቶም ህዝቢ፡ ንኣምላኽ ብገዛእ ኣዒንቶም ንምርኣይ ወይ'ውን ነቲ ጥዑም ድምጹ ብገዛእ ኣእዛኖም ሰሚዖም ንምልላዩ ስለ ዝተሳእኖም፡ ኣብ መንገድታት ምዕውንዋን ይኹብልሉ ኣለዉ። እምበኣርከስ፡ ከም'ቲ ንሸኻ'ውን እትምስክሮ፡ ከምኡ ኢና ረኺብናዮም ዘሎና።

ስለ'ዚ ድማ፡ እቲ ከንቱ እምነታቶም ኣብ መንጎኦምን ኣብ መንጎ ልብታቶምን መጋረጃታት ኰይኑ፡ ካብ መንገዲ እቲ ልዑልን፡ ዓቢን ኣምላኽ ከልኪሉዎም ኣሎ።

ብሓቂ፡ ንሱ እቲ ካብ'ዚ ጽባቐ'ዚ ዝርሕቕ፡ ካብ'ቶም ልኡኻት'ውን ከም ዝረሓቐን፡ ካብ ዘልኣለም ንዘልኣለም ከኣ ንኣምላኽ ትዕቢት ከም ዘርኣየን ንገዛእ ርእሹኻ ርግጸኛ ኩን።

*ዎ ኣሕመድ፥ ነዛ መልእኽቲ'ዚኣ ኣጸቢቕካ ኣጽንዓያ። ኣብ መዓልታትካ ኣዝዩማ፥ ንገዛእ ርእሰኻ ድማ ካብኣ ኣይተርሕቕ። ከመይ'ሲ ብሓቂ እግዚኣብሄር ነቲ ንዕኣ ዘዝይማ ዓስቢ ሚእቲ ሰማእታትን ኣብ ክልቲኤን ዓለማት ድማ ሓደ ኣገልግሎትን ኣዚዙሉ ኣሎ። ካብ'ቶም መማሰውቲ መታን ክትከውን'ሲ ነዞም ልግስታት እዚኣቶም፥ ካብ ወገና ከም ሓደ ውህበት፥ ካብ ህላዌና ድማ ከም ምሕረት ወፊናልካ ኣሎና።*

*ብኣምላኽ ኢለ! ሓደ ኣብ ጸበባ ወይ ጓሂ ዘሎ ነዛ ጽላት'ዚኣ ብፍጹም ቅንዕና ምስ ዘንብባ፥ ኣምላኽ ንጓሂኡ ክቕንጥጠሉን፥ ንጸገማቱ ክፈትሓሉን፥ ንጭንቅታቱ ድማ ክኣልየሉን እዩ።*

*ብሓቂ፥ ንሱ እቲ ምሕረተኛ፥ እቲ ርህሩህ እዩ። ስብሓት ንእግዚኣብሄር፥ ነቲ ጐይታ ኩለን ዓለማት ይኹኖ።*

— ባሃኡላህ

5

## ናይ ምብጻሕ ጽላታት

*(እዛ ጽላት'ዚኣ ኣብ'ቲ ዝተቐደሰ ቦታታት(መቓብር) ናይ ባሃኡላህን ባብን ትንበብ። ከምኡ'ውን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዝኽሪ ዓመታቶም ትዝውተር ኢያ)*

*እቲ ካብ'ቲ ኣዝዩ ዝዓዘዘ ግርማኻ ዝበረቐ ውዳሴን እቲ ካብ'ቲ ኣዝዩ ዝደመቐ ጽባቐኻ ዘንጸባረቐ ክብርን ኣባኻ ይንበር፣ ዎ ኣንታ ክስተት ናይ ዕቤትን፣ ንጉስ ናይ ዘልኣለማውነትን፣ ናይ ኩሎም ኣብ ሰማይን ኣብ መሬትን ዘለዉ ከኣ ጐይታ ዝኾንካ! ብኣኻ ኣቢሎም ሉኣላዊነት ናይ ኣምላኽን ግዝኣቱን፣ ከምኡ ድማ ግርማ ናይ ኣምላኽን ዕቤቱን ከም ዝተገልጹ፣ እቶም ከዋኽብቲ ቀትሪ ናይ ጥንታዊ ጸዳል ድምቀቶም ኣብ'ቲ ሰማይ ናይ ዘይሰዓር ድንጋጌኻ ከም ዘብርሁ፣ እቲ ጽባቐ ናይ'ቲ ዘይርአ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ፍጥረት ከም ዘብርሀ እምስክር። ብተወሳኺ ብናይ ብርዕኻ ምንቅስቓስ ጥራይ "ኩን" ዝብል ትእዛዝካ ከም ዝተተግበረን፥ ሕቡእ ምስጢራት ኣምላኽ ከም ዝተጋህደን፣ ኩሎም ፍጡራት ድማ ናብ ህልውና ከም ዝተጸውዑን፥ ኩሎም ግልጸታት'ውን ተላኢኾም ከም ዝወረዱን እምስክር።*

*ኣብ ርእሲ'ዚ'ውን ብጽባቐኻ ኣቢሉ ጽባቐ ናይ'ቲ ፍቑር ከም ዝተጋህደ፣ ብገጽካ ኣቢሉ'ውን ገጽ ናይ'ቲ ተባሃጊ ከም ዘንጸባረቐ፣ ከምኡ ድማ ብሓንቲ ካባኻ ዝወጸት ቃል ኣብ መንጎ ኩሎም ፍጡራት ነገራት፥ ነቶም ንዓኻ ዝተወፈዩ ናብ'ቲ ዝለዓለ ጫፍ ናይ ክብሪ ክድይቡ፣ ነቶም ዘይኣመንቲ ከኣ ናብ'ቲ ዝዓመቔ ደልሃመት ክወድቁ ከም ዝወሰንካ እምስክር።*

*ንሱ እቲ ንዓኻ ዝፈለጠ ንኣምላኽ ከም ዝፈለጠ፣ እቲ ኣብ ህላዌኻ ዝበጽሐ ኣብ ህላዌ ኣምላኽ ከም ዝበጽሐ ምስክርነተይ ኣቕርብ። እምበኣርከስ፥ ናይ'ቲ ኣባኻን ኣብ ምልክታትካን ዝኣመነን፣ ኣብ ቅድሚ ሉኣላዊነትካ ርእሱ ዘትሓተን፣ ምሳኻ ንምርኻብ ክብሪ ዝተዓደለን፣ ናብ'ቲ ናይ ፍቓድካ ሰናይ ፍስሃ ዝበጽሐን፣ ኣብ ዙርያኻ ዝኽበበን፣ ኣብ ቅድሚ ዙፋንካ ዝቐመን፥ በረኸቱ ዓቢ እዩ። እቲ ኣንጻር ሕግኻ ዝኸደን፥ ንዓኻ ዝኸሓደን፣ ንምልክታትካ ዝነጸገን፣ ንሉኣላዊነትካ ዝተጻረረን፣ ኣንጻርካ ዝተላዕለን፣ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ትዕቢት ዘርኣየን፣ ንምስክርነትካ ዝተታረኸን፣ ካብ ሕጋግካን ግዝኣትካን ዝሃደመን፣ ምስ'ቶም ኣስማቶም በጻብዕቲ ትእዛዝካ ኣብ'ቲ ቅዱስ ጽላታትካ ዝተመዝገቡ ዘይኣመንቲ ዝተቖጽረን፥ መዓት ይውረዶ።*

*እምበኣርከስ ዎ ኣምላኸይን ፍቑረይን፥ መታን ካብ ገዛእ ርእሰይን ካብ'ዛ ዓለምን ኣግሊሎም ናብ'ቶም ቅርዓታት ቅርበትካን ህላዌኻን ክስሕቡኒስ ካብ'ቲ የማናይ ኢድ ናይ ምሕረትካን ፈቃር ሕያውነትካን ነቶም ቅዱሳት እስትንፋሳት ናይ ጉንያታትካ ኡፍ በለለይ። ደስ ዝበለካ ክትገብር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ። ንሰኻ፣ ብሓቂ፣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገራት ልዑል ዝኾንካ ኢኻ።*

*ዝኽሪ ኣምላኽን ውዳሴኡን፥ ክብሪ ኣምላኽን ጸዳሉን ኣብ ልዕሌኻ ይንበር፣ ዎ ኣንታ ጽባቑኡ ዝኾንካ! እታ ዓይኒ ናይ ፍጥረት ከማኻ ጌሩ ዝተበደለ ሓደ'ኳ ከም ዘይረኣየት እምስክር ኣለኹ። ኩለን መዓልታት ህይወትካ ኣብ ትሕቲ ውቅያኖስ ናይ ጸበባ ተዋሒጥካ ነበርካ። ሓደ እዋን ኣብ ትሕቲ ሰንሰለታትን መቑሓትን ነበርካ፤ ካልእ እዋን ከኣ ብናይ ጸላእትኻ ሴፍ ተደንዲንካ ነበርካ። ምስ'ዚ ኩሉ ግን፥ ነቲ በቲ ኩሉ ዝፈልጥን በቲ ምሉእ ልቦናን ዝተሰርዓልካ ኩሎም ደቂ ሰባት ንኸኽብርዎ ኣብ ልዕሊኦም ኣዘዝካ።*

*መንፈሰይ ነቲ ዝተሳቐኻዮ ግፍዕታት መስዋእቲ፣ ነፍሰይ ከኣ ነቲ ዝተጻወርካዮ ሽግራት በጃ ይኹና። ብኣኻን በቶም ገጾም ብጸዳላት ብርሃን ገጽካ ዘንጸባረቐን፣ ምእንቲ ፍቕርኻ ድማ ኩሉ ዝተኣዘዞም ዘኽበሩን፣ ነቶም ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ፍጡራትካን ዝጋረዱ መጋረጃታት ከቕንጥጥ፣ ንዓይ ከኣ ሰናይ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ እትመጽእን ክዕድለኒ ንኣምላኽ እምሕጸኖ። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝኽእል እቲ ኣዝዩ ልዑል፡ እቲ ኣዝዩ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ዘልኣለም ይቕረ-በሃሊ፣ እቲ ኣዝዩ ለዋህ ኢኻ።*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ፡ ነታ መለኮታዊት ኦም ናይ ሎጥን ኣቚጽልታን፣ ቃራናታታን፣ ጨናፍራን ኣጉናዳን፣ ጫለዳታታን፣ እቶም ኣዝዮም ብሉጻት መዓርጋትካ ክሳብ ዘለውን፣ እቶም ኣዝዮም ዕዙዛት ባህርያትካ ነበርቲ ክሳብ ዝኾኑን በረኸትካ ኣውርደላ። እምበኣርከስ፣ ካብ ክፍኣት ናይ'ቲ ዓመጸዐን ካብ'ቶም ሰራዊት ናይ ጭቈናን ኣዕቁባ። ንሸኻ፡ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝኽእል፣ እቲ ኣዝዩ ሓያል ኢኻ። ከምኡ ድማ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ፡ ነቶም ኣባኻ ዝበጽሑ ኣገልገልትኻን፡ ነተን ኣገልገልትኻን ባርኾም። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ልግሲ ዝመልኦ፣ እቲ ደረት ኣልቦ ዝጸጋኡ ኢኻ። እቲ ዘልኣለም ይቕረ በሃሊ፣ እቲ ኣዝዩ ለጋስ ዝኾንካ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን።*

— ባሃኡላህ

**6**

*(እዛ ብዓብዱል-ባሃ ዝተገልጸት ጸሎት'ዚኣ ኣብ'ቲ መካነ መቓብሩ እትንበብ ኢያ። ኣብ ብሕታዊ ጸሎት'ውን ትዝውተር ኢያ።)*

*እቲ ነዛ ጸሎት'ዚኣ ብትሕትናን ብሓቀኛ ስምዒትን ዝጽልያ ናብ ልቢ ናይ'ዚ ኣገልጋሊ ሓጐስን ፍስሃን ከምጽእ እዩ፡- ኣረ ምስኡ ገጽ ንገጽ ከም ምርኻብ'ውን ክኸውን እዩ።*

ንሱ እቲ ኣዝዩ ክቡር እዩ!

*ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! ብትሕትናን ብንብዓትን፡ ዝምህለላ ኣእዳወይ ናባኻ ሰፍ ኣብለን፣ ንገጸይ ድማ በቲ ካብ ምስትውዓል ናይ'ቶም ፈላጣትን ካብ ምስጋና ናይ'ቶም ዝውድሱኻን ክብ ዝበለ፡ ናይ ድርኩኾትካ ሓመድ እኸድን። ነቲ ኣብ ማዕጾኻ ደው ኢሉ ዘሎ ምቕሉልን ትሑትን ኣገልጋሊኻ፡ ብቆላሕታ ዓይኒ ምሕረትካ ጠምቶ፣ ኣብ'ቲ ውቅያኖስ ናይ ዘልኣለማዊ ጸጋኻ ድማ እለኮ።*

*ጐይታ! ንሱ፡ ሓደ ድኻን፡ ትሑት ዝኾነን ኣገልጋሊኻ እዩ፣ ተማሪኹ ንዓኻ እናለመነን፣ ኣብ ኢድካ ኣትዩን፣ ብተመስጠ ናባኻ እናጸለየን፣ ናባኻ እናኣመነን፣ ኣብ ቅድሜኻ ንብዓቱ እናርገፈን፡ ናባኻ ብምቕራብ ከም'ዚ'ሉ ይምሕጸነካ ኣሎ፡-*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ንፍቑራትካ ከገልግሎም ጸጋኻ ሃበኒ፣ ንዓኻ ኣብ ምግልጋለይ ኣበርትዓኒ፣ በቲ ኣብ ቅርዓት ቅድስናኻ ዘሎ ብርሃን ናይ ኣምልኾን በቲ ንዕቤት መንግስትኻ ዝግበር ጸሎትን ንግንባረይ ኣብርሃዮ። ኣብ'ቲ መእተዊ ናይ'ቲ ሰማያዊ ኣፍደገኻ ኣነነተይ ክርስዕ ሓግዘኒ፣ ኣብ'ቲ ቅዱስ ቀጽርታትካ ድማ ካብ ኩሉ ነገራት ከግልል ደግፈኒ። ጐይታ! ካብ'ታ ጽዋእ ናይ ምናኔ ዝስተ ሃበኒ፤ ብልብሳ ክደነኒ፣ ኣብ ውቅያኖሳ ድማ እለኽኒ። ዎ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ዘሎኻ ናይ ክብሪ ጐይታ፡ ኣብ መንገዲ ናይ'ቶም ፍቑራትካ ከም ደሮና ግበረኒ፣ ምእንቲ'ታ ብኣሰር እግሪ ናይ'ቶም ኣብ መንገድኻ ዝጓዓዙ ሕሩያትካ ዝኸበረት መሬት ከኣ ንነፍሰይ ከወፍያ ፍቐድ።*

*ኣገልጋሊኻ በዛ ጸሎት'ዚኣ ኣብ እዋን ወጋሕታን ኣብ እዋን ለይትን ይጽውዓካ ኣሎ። ዎ ጐይታ! ባህጊ ልቡ ፈጽመሉ። ንእምነትካን ንኣገልገልትኻን ምእንቲ ከገልግል ንልቡ ኣብርሃያ፡ ንመዓሙቕ ሕቚፉ ኣሐጉስ፡ ንመብራህቱ ወልዓያ።*

*ንሸኻ እቲ ወሃቢ፣ እቲ ደንጋጺ፡ እቲ ኣዝዩ ለጋስ፡ እቲ ጸጋዊ፡ እቲ ምሕረተኛ፡ እቲ ለዋህ ኢኻ!*

— ዓብዱልባሃ

## ጽንዓት ኣብ ኪዳን

**7**

*ክብሪ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ንጉስ ዘልኣለምን፣ እቲ ሰራሒ መንግስታትን፡ እቲ ደኒኒ ቅርጻ ናይ ኩሉ ቦኽባሹ ዓጽምን ዝኾንካ! በቲ ኽኹሎም ደቂ ሰባት ናብ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ ግርማኻን ክብርኻን ዝጸዋዕካሉን፣ ንኣገልገልትኻ ድማ ናብ ቅርዓት ናይ ጸጋኻን ረዲኤትካን ዝመራሕካሉን ስምካ፣ ምስ'ቶም ብዘይ ካባኻ ንገዛእ ርእሶም ካብ ኩሉ ዘርሓቑን ገዛእ-ርእሶም'ውን ናባኻ ዝመለሱን፣ ብሰንኪ'ቶም ብኣኻ ዝተኣዘዙ ሽግረ-መከራታት ከኣ፡ ናብ ህያባትካ ገጾም ካብ ምምላስ ዘይተኸልከሉን ክትቈጽረኒ ጸሎተይ ኣብጽሓልካ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ለዓት ናይ ልግሰኻ ተዳሊወ ሒዘ ኣለኹ፣ ናብ'ቲ ዘፈር ልብሲ ናይ ረዲኤትካ ድማ ብጽንዓት ጠቢቐ ኣሎኹ። እምበኣርከስ ካብ'ቶም ደበናታት ልግሰኻ ናባኻ ጥራይ'ምበር ካብ ዝኾነ ይኹን ዝኽሪ ካልእ ነገር ዘንጽሃኒ ኣውርደለይ፤ ከምኡ'ውን፡ ናብኡ ናብ'ቲ ዕላማ ኣምልኾ ናይ ኩሎም ደቂ ሰባት ዝኾነ፣ ማለት ናብ'ቲ እቶም ቃል-ኪዳንካ ዘፍረሱን፣ ኣብ ምልክታትካን ኣባኻ'ውን ዘይኣመኑን፡ መለዓዓልቲ ናዕቢ ብምኺን ኣንጻሩ ዝተሰለፍዎ፡ ናብኡ ኽኽምለስ ኣኽእለኒ።*

*ዎ ጐይታይ፡ በተን መዓልታትካ ካብ'ቲ ምዑዝ ሽቶታት ናይ ልብሰኻ ኣይትኸልኣኒ፡ እቶም ጸዳላት ናይ ብርሃን ገጽካ ኣብ ዝቕልቀሉሉ ድማ ካብ'ቶም ንፋሳት ናይ ግልጸትካ ኣይትኸልክለኒ። ዝደለኻዮ ንኽትገብር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ። ንፍቓድካ ክጻረሮ ዝኽእል ኩነ፣ ብሓይልኻ ንኽትፍጽሞ ዝመደብካዮ፡ ከፍሽሎ ዝኽእል፡ ሓደ'ኳ የሎን።*

እቲ ከኣሊ ኩሉ፣ እቲ ልቦና ዝመልኦ፣ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡

-- ባሃኡላህ

8

ንሱ እቲ ሓያል! እቲ ይቕረ በሃሊ! እቲ ርህሩህ እዩ!

*ዎ ኣምላኽ ኣምላኸይ! ኣገልገልትኻ ኣብ ዓዘቕቲ ናይ ዘልኣለማዊ ኩነኔን ጌጋን ኣትዮም ትርእዮም ኣሎኻ፤ ዎ ኣንታ ሃረርታ ናይ ዓለም፡ ኣበይ ድኣ'ሎ እቲ ብርሃን መለኮታዊ መሪሕነትካ፡ ንሰኻ ሓገዝ ኣልቦነቶምን ድኹምነቶምን ትፈልጦ ኢኻ፤ ዎ ኣንታ ንሓይልታት ምድርን ሰማይን ኣብ ኢዱ ዝጨበጠ፣ ኣበይ ድኣ'ሎ እቲ ሓይልኻ፡*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! በቲ ጸዳል ናይ'ቲ ብርሃናት ናይ ፈቓር ሕያውነትካን፡ በቲ ማዕበላት ናይ'ቲ ውቅያኖስ ፍልጠትካን ልቦናኻን፣ በቲ ንናይ ግዝኣትካ ህዝብታት ዝተቈጻጸርካሉ ቃልካን፣ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መጽሓፍካ ንዘለዉ ትእዛዛትካ ዘኽብሩ ንምኺን ክትፈቕደለይ እልምነካ። እቲ፡ ነቶም ነቲ ወይኒ ናይ መለኮታዊ ስርጸት፡ ካብ'ቲ ጽዋእ ናይ ልግሰኻ ዝጨለጡን፣ እቲ ንሰኻ እትፈትዎ ንምግባር ዝሃጸጹን፣ ንቓል ኪዳንካን ለበዋኻን ዘኽበሩ እሙናትካ ዝኣዘዝካሎም ኣዝዘለይ። ዝፈቐድካዮ ንኽትገብር ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ፣ እቲ ኩሉ ዝፈልጥን ልቦና ዝመልኦን፡ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን።*

*ዎ ጐይታይ! እቲ ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ ዳሕረወይትን ዘርብሓንን ናባኻ ዘቕርበንን ብውህበትካ ኣዝዘለይ፣ ዎ ኣንታ ጐይታ ኩሎም ደቂ ሰባት ዝኾንካ፤ እቲ ሓደን፣ እቲ ሓያልን፣ እቲ ክብሪ ዝመልኦን፣ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን።*

-- ዓብዱልባሃ

## ናይ ምስትምሃር ጸሎት

### ካብ ጽላታት ናይ'ቲ መለኮታዊ መደብ

### ብዓብዱል ባሃ ዝተገልጸ

**9**

*ዎ ኣንታ መመዛዝንቲ ዘይብልካ ኣምላኽ! ዎ ኣንታ ጐይታ ናይ'ቲ መንግስቲ! እዞም ነፍሳት እዚኦም ሰማያውያን ሰራዊትካ ኢዮም። በቶም ጭፍራታት ናይ'ቲ ላዕለዋይ ሰራዊትካ*

*ሓግዞም፣ ምእንቲ ነፍስ-ወከፎም ከም ሓደ ወትሃደራዊ ኣሃዱ ኪኾኑን፣ በቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ከኣ ነዘን ሃገራት ኣሰኒፎም ክሕዙወንን፣ ብርሃን ናይ መለኮታዊ ትምህርቲ'ውን ኪኾኑን፡ ተዓወትቲ ግበሮም።*

*ዎ ኣምላኽ! ምእንቲ ብሓይሊ ናይ'ቲ መንግስትን፣ ብትንፋስ ናይ'ቲ መንፈስ ቅዱስን፡ ኣብ ጸምጸም በረኻን፣ ኣብ እምባን፣ ኣብ ስንጭሮን፣ ጫካታትን፣ ምድረ-በዳታትን፡ ባሕርታትን ዓው ኢሎም ኪጭድሩስ፤ ደጋፊኦምን ሓጋዚኦምን ኩን!*

ብሓቂ ንሸኻ፡ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ሓያል፣ እቲ ኩሉ ዚኽእል ኢኻ፤ ከምኡ'ውን፡ ንሸኻ እቲ ለባም፣ እቲ ዝሰምዕ፣ እቲ ዝርኢ ኢኻ።

**10**

*ዝኾነ ነፍሲ (ሰብ) ንክስተምህር ኢሉ፡ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት፡ ንመገሻ ዝነቅልን፡ ኣብ'ቶም ዘይፈልጦም ሃገራት ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜን፣ ነዚ ዝስዕብ ምህለላ መዓልትን ለይትን ብጥንቃቐ ኪደግም ይኽእል እዩ።*

*ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ! ምእንቲ ናይ'ዚ ሃይማኖትካን፡ ምስፍሕፋሕ ትምህርትታትካን፣ ንቓልካ ከኣ ኣብ ምብራቓትን ምዕራባትን ናይ'ዛ መሬት ክብ ንምባልን፡ ኣብ ዝገብሮ ኣገልግሎት፡ ንሸኻ ክትሕግዘኒ ኢለ፡ ኣብ ማእከል ደቂ-ሰብ ብሓዊ ፍቕርኻ ተወሊዐ፣ ኣብ'ዞም ሰፋሕትን፡ ርሒብን ዝኾኑ ሃገራት፡ ሓደ ናይ መንግስትኻ ኣዋጂ ኰይነ፣ ብዘይካ ካባኻ፡ ካብ ኩሉ ካልእ ነገር ተፈሊ፣ ኣባካዐ ተኣማሚነ፣ ዕረፍትን ምቾትን ራሕሪሐ፣ ካብ ዝተወለድኩላ ገዛይ ርሒቐ፣ ኣብ'ዞም ቦታታት'ዚኦም ከርተት በሃሊን፣ ኣብ ባይታ ዝተደርበየ ባዕዳውን፣ ኣብ ቅድሚ'ቲ ልዑል ድርኩኺትካ ትሑትን፣ ናይ'ቲ ኣዝዩ ክብ ዝበለ መንግስትኻ ድማ ተምበርካኺን ኰይነ፤ ኩሉ ግዜ ኣብ ፍርቂ ለይትን፡ ኣብ ማእከል ኣጋ--ምሸትን፡ ናባኻ እናተማህለልኩን፣ ንግሆን ምሸትን ድማ ንዓካዐ እናተማሕጸንኩን፣ ናብ መንግስትኻ፡ ናብ'ቲ ኤል ኣብሃ ገጸይ ብፍቕሩ ተታሒዘን ተማሪኸን ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ጐይታ! ንሕቕይ ኣደልድሎ፡ ዘሎኒ ኩሉ ሓይሊ ኣብ ምግልጋልካ ከውዕሎ ከኣ ኣጽንዓኒ፤ ኣብ'ዚ ሃገራት'ዚ'ውን ንበይነይን፡ ንገዛእ ርእሰይን ኣይትግደፈኒ።*

*ዎ ጐይታ! ንበይነይ ኣብ ዝኾነሉ ተሓባበረኒ፡ ናብ'ዞም ከይደዮም ዘይፈልጥ መሬታት ኣብ ዝገሸሉ ድማ ኣሰንየኒ።*

ብሓቂ፡ ንሸኻ፡ ነቲ ንሸኻ ዝፈቐድካሉ ዘበለ፡ ኣብ'ቲ ንሸኻ እትደልዮ፡ ጽንዓት እትህብ ኢኻ፣ ከምኡ'ውን ንሸኻ እቲ ብርቱዕ፡ እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ኢኻ።

**11**

*ዝኾነ ንክምህር ኢሉ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝገይሽ ዘበለ፣ ኣብ ልዕሊ እምባን፣ ምድረ-በዳን፣ መሬትን ባሕርን፣ ነዚ ምህለላ'ዚ ብጥንቃቐ ይድገም።*

*ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ! ኣብ ቅድሚ ፍጡራትካ፡ ንድኽመተይን፣ ትሑትነተይን፣ ውርደተይን ትርእዮ ኣሎኻ፤ ይኹን እምበር፣ ናባኻ ኣሚነን፣ ኣብ ሓይልኻን፡ ብርታዕኻን ተኣማሚነን፣ ንትምህርትታትካ፡ ኣብ መንጎ'ቶም ብርቱዓት ኣገልገልትኻ ንምዝርጋሑ ተላዒለ ኣሎኹ።*

*ዎ ጐይታ! ኣነ ሓደ ስቡር-ዝኽንፉ ዑፍ ኢየ፡ ኣብ'ቲ ወሰን ዘይብሉ ስፍሓት ሃዋህውካ ክዓርግ ከኣ እምነ። ነዚ'ሞ፡ ብለውሃትካን፡ ብጸጋኻን፣ ብመረጋገጺኻን ረዲኤትካን፡ እንተዘይኰይኑስ፡ ንዓይ ከመይ ጌሩ ክኾነለይ ይኽእል፧*

*ዎ ጐይታ፡ ድኹም ብምዃነይ ደንግጸለይ፣ ብሓይልኻ ከኣ ኣበርትዓኒ! ዎ ጐይታ ዓቕሚ-ኣልቦ ብምዃነይ ራህርሃለይ፣ ብሓይልኻን ግርማኻን ከኣ ርድኣኒ!*

ዎ ጐይታ! ትንፋስ መንፈስ ቅዱስ እንተድኣ ኣሐዲሱዎስ፡ እቲ ካብ ፍጡራት ዝደኸመ፣ ኻኹሉ'ቲ ዝምነዮ ክበጽሖን፣ ንዝኾነ ይኹን ንሱ ዝብህጎ ዘበለ ድማ ክውንኖን ምኸኣለ። ብሓቂ፡ ንሸኻ ንኣገልገልትኻ ኣብ ዝሓለፈ ረዲእካዮም ኢኻ፤ እቶም ካብ ፍጥረታት ዝደኸሙን፣ ካብ ኣገልገልትኻ ዝተሓቱን፣ ካብ'ቶም ኣብ ልዕሊ መሬት ካብ ዝነበሩ'ውን እቶም ፈጺሞም ኣብ ግምት ዘይኣትዉን'ኳ እንተነበሩ፣ ብናትካ ተቐባልነትን ሓይሊ ክእለትን፡ ኣብ ልዕል'ቶም ካብ ህዝቢ ኣዚዮም ክቡራት፡ ካብ ደቂ-ሰብ ድማ ኣዚዮም ዓበይቲ ዝኾኑ፣ ቀዳምነት ወሰዱ። ምንም'ኳ ብቐደም ከም ግዝዋታት እንተነበሩ፣ ብሳላ ውህበትካን ምሕረትካን ከም ንጉሳውያን ንስርታት፤ ከምኡ'ውን ሽሕ'ኳ ቅድም ከም ዛራታት እንተነበሩ፣ ከም ባሕርታት ኰኑ። ብሳላ'ቲ ኣዝዩ ዓቢ ዝኾነ ውህበትካ'ውን ኣብ'ቲ ደረት ትርኢት ናይ መሪሕነት ዘብርሁ ከዋኽብቲ፣ ኣብ'ቲ ስፍራ ጽጌረዳታት ናይ ዘይመዋቲነት ዝዝምሩ ኣዕዋፍ፣ ኣብ'ቲ ጫካታት ናይ ፍልጠትን ልቦናን ዝጓዝሙ ኣናብስ፣ ኣብ'ቶም ውቅያኖሳት ናይ ህይወት ከኣ ዝሕንብሱ ዓሳታት-ኣንበሪ ኰኑ።

ብሓቂ፡ ንሸኻ እቲ ለዋህ፣ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ሓያል፣ እቲ ናይ ምሕረተኛ ኣዝዩ ምሕረተኛ ኢኻ!

12

ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ፡ ኩሉ ዞባታት ብድቕድቕ ጸልማት ተኸቢቡ፣ ኩለን ሃገራት ብባርዕ ናይ ግርጭት እናነደዳ፣ እቲ ሓዊ ናይ ኵናትን ህልቂትን ድማ ኣብ ምብራቓትን ምዕራባትን ናይ'ዛ መሬት ተወሊዑ ከሎ ትርኢ ኣሎኻ። ደም ከም ዝፈስስ ኰይኑ፣ ሬሳታት ተሰጢሑ፣ ኣራእስ ከኣ ተቘራሪጹ ኣብ ባይታ፡ ኣብ ዓውደ-ውግእ ተደርቢዩ ኣሎ።

ጐይታ! ጐይታ! ነዞም ደናቍር ደንግጸሎም፣ ብዓይኒ ይቕረታን፡ ሕድገትን ድማ ርኣዮም። ምእንቲ'ዞም ነዚ ደረት ትርኢት ሸፊኖሞ ዘሎዉ ደበናታት ጽልመት ክብተኑን እዛ ጸሓይ ናይ ሓቅነት ብጨራታት ናይ ስምምዕ ከተብርህን፤ እዚ ጸልማት'ዚ ድማ ክበታተንን፡ ኩለን ሃገራት ብብርሃን ሰላም ክደምቃንሲ፤ ነዚ ሓዊ'ዚ ኣጥፍኣዮ።

ጐይታ! ካብ መዓሙቓት ናይ ባሕሪ ጽልኢ ኣበራብሮም፣ ካብዞም ክስንጠቑ ዘይከኣሉ ጸልማታት ኣድሕኖም፣ ኣብ መንጎ ልብታቶም ምቅርራብ መስርት፣ ንኣዒንቶም ከኣ ብብርሃን ሰላምን ዕርቅን ኣብርሃየን።

ጐይታ! ካብ'ቲ መስፈሪ ዘይብሉ መዓሙቓት ውግእን ምፍሳስ ደምን ኣናግፎም! ካብ'ቲ ናይ ጌጋ ጽልመት ኣበራቢርካ ኣውጽኣዮም፣ ነቲ መጋረጃ ካብ ዓይኖም ተርትሮ፣ ንልብታቶም ብብርሃን መሪሕነት ኣድምቆ፣ ከም መጠን ለዋህ ምሕረትካ'ምበር ከም መጠን ፍትሕኻን፡ ከም መጠን'ቲ ሕቼታት ናይ እቶም ሓያላት ዝብሃሉ ቀጥ ቀጥ ዝብልሉን ቁጣዕኻ ጌርካ ኣይትርኣዮም!

ጐይታ! ብሓቂ እቶም ውግኣት ተናዊሖም፣ እቶም መዓታት ወሲኾም፣ ነፍስ-ወከፍ ህንጻ ከኣ ናብ ዑና ተለዊጣ ኣላ።

ጐይታ! ብሓቂ እቶም ደረት ኣፍ-ልብታት ተናዊጾም፡ እተን ነፍሳት ከኣ ኣንቀጥቒጠን፡ ኣሎዋ። ኣብ'ዞም መሳኪን ምሕረት ግበር፣ ኣብ ገዛእ-ርእሶም ዝደለይዎ ክገብሩ ከኣ ኣይትግደፎም!

ጐይታ! ናብ መላእ ሃገራትካ፡ ገጾም ብጨራታት ናይ መሪሕነት ዝደመቐ፣ ካብ'ዛ ዓለም ዝገለሉ፣ ንዝኽርኻን ውዳሴኻን ዝዛረቡ፣ ነቲ ዝተቐደሰ ምዑዝ ሽታታትካ ከኣ ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ ዝዝርግሑ ትሑታትን ምእዙዛትን ነፍሳት ስደድ።

ጐይታ! ንሕቼኦም ኣደልድሎ፣ ንመዓንጥኦም ሸጥ ኣብሎ፣ ብምልክታት ናይ'ቲ ኣዚዩ ዓቢ ዝኾነ ፍቕርኻ ከኣ ንደረት ኣፍ ልቦም ኣስፍሓዮ።

ጐይታ! ብሓቂ ንሳቶም ድኹማት ኢዮም፣ ንሸኻ ከኣ እቲ ብርቱዕን፡ እቲ ሓያልን ኢኻ፤ ንሳቶም ዓ ቕሚ ዘይብሎም ኢዮም፣ ንሸኻ ከኣ እቲ ረዳእን፣ እቲ ምሕረተኛን ኢኻ!

ጐይታ! ብሓቂ እቲ ባሕሪ ናይ ሓጢኣት ክብ ኢሉ ይጋላበጥ ኣሎ፣ እቶም ብርቱዓት ህቦብላታት ከኣ፡ ብሳላ'ቲ ንኹሉ ዝሓቑፈ ወሰን ዘይብሉ ጸጋኻ እንተዘይኰይኑ፡ ኣይክሃድኡን ኢዮም!

ጐይታ! ብሓቂ እዘን ነፍሳት፡ ኣብ'ቲ ዓሚቝ ስንጭሮታት ናይ ፍትወተ-ስጋ ኢየን ዘሎዋ፣ እቲ ኣዝዩ መስተንክር ዝኾነ ውህበታትካ እንተዘይኰይኑ ከኣ ካልእ ዘበራብረን ነገር የሎን።

ጐይታ! ነዞም ናይ ፈተናታት ጸልማት ቀንጥጦም፡ በቲ ኩለን ሃገራት ክበርሃሉ ዘሎወን ፋኑስ ናይ ፍቕርኻ ከኣ ንልብታት ኣድምቀን። ነቶም፡ ምእንቲ ፍቕርኻን፡ ጽባቐኻን፣ ምእንቲ ምዝርጋሕ ጥዑም መኣዛኻን፡ ምእዋጅ ትምህርትኻን ኢሎም፣ ሃገሮምን፣ ስድራ-ቤቶምን፣ ደቆምን፡ ገዲፎም ናብ ኩሉ ዞባታት ዝገሹ ምእመናን፡ ውሑሳት ግበሮም። ኣብ ጽምዋኦም ብጻዮም፣ ኣብ ዘይፈልጥዎ መሬት ረዳኢኦም፣ ንጓሂኦም ዘርሕቕ፣ ኣብ እዋን ጸገሞም ዘጸናንዕ፣ ኣብ እዋን ሽግሮም መርሃዊ፣ መርወዪ ጽምኦም፣ ፈዋሲ ሕማሞም፣ ናይ'ቲ ሓዊ ናፍቖቶም ከኣ መህድኢ ኩን።

ብሓቂ፡ ንስኻ እቲ መሓሪ፣ እቲ ወናኒ ምሕረት ኢኻ፣ ብሓቂ ከኣ ንስኻ እቲ ርህሩህን እቲ ምሕረተኛን ኢኻ።

13

*እዛ እትስዕብ ጸሎት በቶም መምህራንን ብጾትን ኣብ መመዓልቲ እትንበብ ኢያ።*

*ዎ ኣንታ ሕያዋይ ጐይታ! ነቲ ቀንዲ ጐደና መሪሕነትካ ስለ ዘርኣኻና፣ ነቲ መዓጹ ናይ'ታ መንግስቲ ዝኸፈትካልና፣ በታ ጸሓይ ሓቕነት ጌርካ ከኣ ንገዛእ ርእሰኻ ስለ ዝገለጽካልና፡ ምስጋና ይኹንካ። ንስኻ ነቲ ዓይነ-ስውር ምርኣይ ሃብካዮ፤ ነቲ ጸማም፡ ምስማዕ ዓደልካዮ፤ ነቲ ምዉት፡ ናብ ህይወት መለስካዮ፤ ነቶም ድኻታት፡ ሃብታማት ገበርካዮም፤ ነቶም መንገዲ ዝሰሓቱ፡ ሓበርካዮም፤ ነቶም ከናፍሮም ዝነቐጸ፡ ናብ'ቲ ምንጪ መሪሕነት መራሕካዮም፤ ነቶም ዝጸምኡ ዓሳታት ናብ'ቲ ውቅያኖስ ሓቕነት ክበጽሑ ኣኽኣልካዮም፤ ነተን ዝኾብለላ ኣዕዋፍ ከኣ ናብ'ቲ ናይ ጺጋ ስፍራ ኣታኽልቲ ጽጌረዳ ዓደምካየን።*

*ዎ ኣንታ ኩሉ እትኽእል! ንሕና ኣገልገልትኻን ድኻታትካን ኢና፤ ካባኻ ርሑቓት ኢና፡ ንህላዌኻ ከኣ ሃንቀው ንብል፤ ንማይ ምንጭኻ ጽሙኣት ኢና፤ ንመድሃኒትካ እንጽበ ሕሙማት'ውን ኢና፤ እተን ነፍሳት፡ "ዎ ኣምላኽ ናብ'ቲ ቅኑዕ መንገዲ ምርሓና" ኢለን መታን ክጭድራ፣ ኣብ መንገድኻ ንመላለስ ኣሎና፤ ብዘይካ ነቲ ጥዑም መኣዛታትካ ምዝርጋሕ፡ ከኣ ካልእ ዕላማን ተስፋን የብልናን። ነቲ ብርሃን ክርእዩ፡ ኣዒንቶም ዝኽፈታ ግበረን፤ ካብ'ቲ ናይ ድንቍርና ጸልማት ከኣ ዝወጹ ግበሮም። ኣብ ዙርያ'ታ ፋኑስ መሪሕነትካ ዝእከቡ ግበሮም፤ ነፍስ-ወከፎም ብጽሒቱ ዝወስድ ግበሮም፤ እቶም ዝተሓረሙ ዘበሉ ከኣ ተኣመንቲ ናይ ምስጢራትካ ዝኸውኑ ግበሮም።*

*ዎ ኩሉ እትኽእል! ብዓይኒ ምሉእ-መሓሪነትካ ናባና ቁሊሕ በል። ሰማያዊ መረጋገጺ ለግሰልና። ምእንቲ ኣብ ምግልጋልካ ክንሕገዝን፡ ኣብ'ዚ ዞባታት'ዚ ከኣ ከም ድሙቓት ከዋኽብቲ ብብርሃን መሪሕነትካ ክነብርህን፣ ትንፋስ መንፈስ ቅዱስ ወፍየልና።*

14

*ነፍስ ወከፍ ኣብ'ዘን ዓበይቲ ከተማታትን ቁሸታትን፡ ናእሽቱ ገጠራትን፡ ናይ'ዘን ሃገራት እትጓዓዝን፡ ኣብ ምዝርጋሕ እቲ ጥዑም ሽታታት ኣምላኽ እተጸምደትን ነፍሲ (ሰብ) ንግሆ ንግሆ ነዚ ዘወሃህድ ጸሎት'ዚ ብጥንቃቐ ክትደግሞ ይግብኣ፡-*

ዎ ኣምላኸይ! ዎ ኣምላኸይ! ኣብ ትሑትን ድኹምን ኩነታት ኰይነ፣ ንቓልካ ኣብ መንጎ ሓፋሻት ክብ ከብልን፣ ንትምህርትኻ ድማ ኣብ መንጎ ህዝብታትካ ንምዝርጋሕን ወሲነ፡ ኣብ'ዚ ኣዝዩ ዝዓበየ ጉዳይ'ዚ ተጸሚደ ትርእየኒ ኣሎኹ። በቲ እስትንፋስ መንፈስ ቅዱስ፡ እንተዘይረዲእካኒ ፡ በቶም ሰራዊታት ናይ'ቲ ክብሪ ዝመልኦ መንግስትኻ ክዕወት እንተዘይሓጊዝካኒ፣ ነቲ ደቂቕ ቃርማ ናብ ንስሪ፣ ንሓንቲ ነጥቢ ማይ ናብ ኣፍላጋትን ባሕርታትን፣ ንሓንቲ "ኣቶም" ድማ ናብ ብርሃናትን ጸሓያትን ዝልውጥ ንውልቁ ዝኾነ ሓይሊ እንተዘይ ኣዝኒብካለይ፡ ከመይ ጌረ ክዕወት እኽእል፡ ዎ ኣምላኸይ! ልሳነይ ኣብ መንጎ ህዝቢ፡ ንውዳሴኻን፡ ባህርያትካን ብቓለይ ከስምዕን፡ ንነፍሰይ ከኣ በቲ ወይኒ ፍቕርኻን ፍልጠትካን ከተጥለቕልቓንሲ፡ በቲ ዕዉትን ውጽኢታውን ዝኾነ ሓይልኻ ርድኣኒ።

ንስኻ፡ እቲ ኩሉ ዝኽእል፣ እቲ ዝኾነ ይኹን ዝፈቐዶ ዘበለ ዝገብር ኢኻ!

**15**

*እቶም ነቲ ምዑዝ ሽታታት፣ ኣምላኽ ዘርጋሕቲ ዝኾኑ፣ ነዛ ናይ ውህደት ጸሎት'ዚኣ ንግሆ ንግሆ ብጥንቓቐ ክደግሙዋ ይኽእሉ ኢዮም፦*

*ዎ ጐይታ! ዎ ጐይታ! ናብ'ቲ ቀንዲ ጎደና መንግስትኻ ስለ ዝመራሕካንን፣ በዚ ትኽ ዝበለን፣ ነዊሕን መንገዲ'ዚ ክመላለስ ስለ ዝፈቐድካለይን፣ ንዓይነይ ከኣ ነቲ ብርሃናት ብምርኣይ ስለ ዘድመቕካለይን፣ ነቲ ዜማታት ናይ'ተን ኣዕዋፍ ቅድስና ካብ'ቲ መንግስተ-ምስጢራት ክሰምዕ ስለ ዘኽኣልካንን፣ ንልበይ ከኣ ኣብ መንጎ'ቶም ቅኑዓት፣ ብፍቕርኻ ስለ ዝሰሓብካያን፣ ስብሓትን ምስጋናን ይኹንካ።*

*ዎ ጐይታ! ኣብ ማእከል'ተን መንግስታት ንስምካ መታን ክጽውዕን፣ ኣብ መንጎ ህዝብታት ከኣ ብስራት ናይ ምግላጽ መንግስትኻ መታን ከብጽሕንሲ፣ በቲ መንፈስ ቅዱስ ኣጽንዓኒ።*

*ዎ ጐይታ! ኣነ ድኹም ኢየ፣ በቲ ሓይልኻን ክእለትካን ኣበርትዓኒ፣ ልሳነይ ኰልታፍ ኢያ፣ ዝኽርኻን፣ ምስጋናኻን ከውስእ ኣኽእለኒ። ኣነ ዝተሓትኩ ኢየ፣ ናብ መንግስትኻ ብምእታወይ ክብሪ ሃበኒ። ኣነ ርሑቕ ኢየ ዘሎኹ፣ ናብ'ቲ ምሕረት ዝመልኦ ድርኩኺትካ ከም ዝቐርብ ግበረኒ። ዎ ጐይታ! ድሙቕ ፋኑስን፣ ዘንጸባርቕ ኮኾብን፣ ብፍረታት ዝተሸለመትን፣ ጨናፍራ ኻኹለን ዞባታት እተጽልልን ኦም ግበረኒ። ብሓቂ ንስኻ እቲ ሓያል፣ እቲ ብርቱዕን ዘይግደድን ኢኻ።*

**16**

*እዛ እትሰዕብ ጸሎት ውህደት'ዚኣ ኣብ መመዓልቲ... እትንበብ ኢያ፦*

*ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ! እዚ ሓደ ስቡር ክንፊ ዝኾነ ዑፍ እዩ፣ ኣነፋፍርኡ ከኣ ኣዚዩ ዘገምተኛ እዩ፣ ስለ'ዚ ናብ'ቲ ዝለዓለ ጫፍ ብልጽግናን፣ ድሕነትን ገጹ መታን ክነፍርን፣ በቲ ኣዚዩ ዝለዓል ደስታን ፍስሃን ናብ መላእ እቲ ወሰን ዘይብሉ ጽፍሒ ክበርርን፣ ኣብ ኩሉ ዞባታት'ውን በቲ ልዑል ስምካ ዜምኡ ክብ ክብልን'ሲ፣ በዚ ጻውዒት'ዚ ነእዛን ኣሓጕሰን ነዒንቲ ከኣ፣ ነቲ ምልክታት ርእየን ዝበርሃ ግበረን!*

*ዎ ጐይታ! ኣነ ንጽልን ንውልቀይን፣ ዝተሓትኩን ኢየ። ብዘይካኻ ሓደ'ኳ ደጋፊ የብለይን፣ ብዘይካኻ'ውን ረዳእን ዓንጋልን የብለይን። ንዓኻ ኣብ ምግልጋለይ ኣጽንዓኒ፣ በቶም ናይ መላእኽትኻ ሰራዊታት ሓግዘኒ፣ ኣብ ምዝርጋሕ ቃልካ ዕዉት ግበረኒ፣ ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ከኣ ብዛዕባ ልቦናኻ ንምዝራብ ኣኽእለኒ። ብሓቂ፣ ንስኻ እቲ ዓቃቢ ናይ ድኻታትን፣ እቲ ተኻላኻሊ ናይ'ቶም ሕጻናትን ኢኻ፤ ከምኡ'ውን ብሓቂ ንስኻ እቲ ብርቱዕን፣ እቲ ሓያልን፣ እቲ ዘይግደድን ኢኻ!*

**17**

*እቶም ነቲ ምዑዝ ሽታታት ኣምላኽ ዘርጋሕቲ ዝኾኑ፣ ነዚ ዝስዕብ ናይ ውህደት ምህለላ ንግሆ ንግሆ ክደግምዎ ይግባእ፦*

*ምስጋና ንዓኻ ይኹን፣ ዎ ኣምላኽ! ብሓቂ እዚኣቶም በቲ ምዑዝ ሃገግታ መሪሕነትካ ዝተማረኹን፣ በቲ ኣብ'ታ ናይ ንጽልነትካ ኦም ዝተወልዐ ሓዊ ዝበርሁን፣ ኣዒንቶም ከኣ በቲ ብርሃን ናይ'ቲ ኣብ'ቲ ሲና ናይ ሓድነትካ ዝበርህ ነጸብራቓት ርእዮም ዝደመቑን ኢዮም።*

*ዎ ጐይታ! ኣብ መንጎ ህዝብኻ፣ ንዓኻ ኣብ ዝዝክሩሉ ግዜ ልሳናቶም ፍትሓሎም፤ ብልግሽኻን ጸጋኻን፣ ውዳሴኻ ከስምዑ ኣኽእሎም፣ ንዓኻ ኣብ ዘገልግልሉ፣ በቶም ናይ መላእኽትኻ ጭፍራታት ጌርካ፣ ንሕቘታቶም ኣደልድሎ፣ ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ከኣ ምልክታት መሪሕነትካ ግበሮም!*

*ንስኻ ብሓቂ፣ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ክብ ዝበለ፣ እቲ ሓዳግ፣ እቲ ምሕረተኛ ኢኻ!*

*ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ! እዚ ድኹም'ዚ ንሓይሊ መንግስትኻ ክልምን! እዚ ስኡን'ዚ ነቲ ናይ ሰማይካ ማዕቀባ-ሃብትታት ኪልምን! እዚ ብጽምኢ ዝነቐጸ ነቲ ዘልኣለማዊ ህይወት ዝኾነ ፈልፋሊ ማይ ሃንቀው ኪብል! እዚ ሕሙም'ዚ በቲ ኣብ'ቲ ልዑል መንግስትኻ ነቶም ምሩጻት ኣገልገልትኻ*

*ኢልካ ፍሉይ ዝገበርካዮ፡ ወሰን ዘይብሉ ምሕረትካ ጌርካ፡ ፍጹም ሕውየት ክትህቦ ኢሉ ኪምሕጸነካ ትርእዮ ኣሎኻ!*

*ዎ ጐይታ! ብዘይካኻ ካልእ ሓጋዚ የብለይን፣ ብዘይካኻ ካልእ መጸናንዒ የብለይን፣ ብዘይካኻ'ውን ካልእ ዓንጋሊ የብለይን! ነቲ ቅዱስ ዝኾነ ምዑዝ ሃገግታታት'ካን ንትምህርትታትካን፡ ኣብ መንጎ'ቶም ምሩጻት ህዝብኻ ኣብ ምዝርገሐይን፡ ኣብ ምስፍሕፋሐይን፡ በቶም መላእኽትኻ ጌርካ ሓግዘኒ!*

*ዎ ጐይታ! ነቲ ዘፈር ልብሰኻ ኣጽኒዐ ብምሓዝ፡ ብዘይካ ካባኻ፡ ካብ ኩሉ ካልእ ነገር ንገዛእ ርእሰይ ከርሕቕ፤ ኣብ ሃይማኖትካ ቅኑዕ፣ ኣብ ፍቕርኻ ጽኑዕ፣ ኣብ ህይወተይ ከኣ ከም'ቲ ኣብ መጽሓፍካ ክገብሮ ኣዚዝካኒ ዘሎኻ ክነብር ኣኽእለኒ።*

*ብሓቂ፡ ንሰኻ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ሓያልን፣ እቲ ኩሉ ዚከኣሎን ኢኻ!*

18

## *መንፈሳዊ ባይቶ*

*ናብ'ቲ ናይ ምይይጥ ክፍሊ ኣብ እትኣትዉሉ፣ እቲ ብርታዕ ዝመልአ (ኣምላኽ) ምእንቲ ልዑል ዓወት ክጨብጠኩምን ብጸጋ ኪሕግዘኩምን፡ነዛ ጸሎት'ዚኣ፡ ብፍቕሪ ኣምላኽ ተረግ-ተረግ፣ ብእትብል ልብን፣ ብዘይካ ካብ ዝኽሩ ካብ ኩሉ ብዝነጽህት ልሳንን ጸልዩዋ፡-*

*ዎ ኣምላኽ! ኣምላኸይ! ንሕና፡ በዛ ክብሪ ዝመልኣ መዓልቲ እዚኣ፡ እቶም ብተወፋይነት ናብ'ቲ ቅዱስ ገጽካ ዝመለስናን፣ ብዘይካ ካባኻ ከኣ ካብ ኩሉ ካልእ ነገራት ገዛእ ርእስና ዘግለልናን ኣገልገልትኻ ኢና። ኣብ'ዚ መንፈሳዊ ባይቶ'ዚ፡ ኣብ ኣመለኻኽታናን፡ ኣብ ኣተሓሳስባና ሰሚርናን፣ ንቓልካ ኣብ መንጎ ደቂ-ሰባት፡ ክብ ንምባል ከኣ ብዝተወሃሃደ ዕላማታትናን ተኣኪብና ኣሎና። ዎ ጐይታ ኣምላኽና! ኣብ መንጎ ሰባት ምልክታት ናይ መለኮታዊ መሪሕነትካ፣ ሰንደቕ ዕ ላማታት ናይ ልዑል እምነትካ፣ ኣገልገልቲ ናይ ሓያል ለበዋኻ ግበረና፤ ዎ ኣንታ ኣዚኻ ልዑል ዝኾንካ ጐይታና፡- ኣብ'ቲ ናትካ መንግስተ-ኣብሃ፡ መርኣያታት ናይ መለኮታዊ ሕብረትካ፣ ኣብ ልዕሊ ኩለን ዞባታት ከኣ ዘንጸባርቑ ድሙቓት ከዋኽብቲ ግበረና። ጐይታ! ከም'ቶም ብመስተንክራዊ ጸጋኻ ጥሕስሕስ ዘበሉ ተገላበጥቲ ማዕበል ባሕርታት ካብ'ቲ ምሉእ ክብርኻ ዘሎዎ ብራኼታት ዝውሕዙ ወሓይዝ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ'ታ ሰማያዊት ሃይማኖትካ ዘሎው ጽቡቓት ፍረታት፣ ኣብ'ቲ ናይ ሰማይ ስፍራ ኣታኽልቲ ወይኒ፡ በቶም ህዱኣት ንፋሳት ናይ ልግሰኻ ዝወዛወዙ ኣእዋም ንምኳን ርድኣና። ምእንቲ ከም ማዕበላት ናይ ሓደ ባሕሪ ኴንና ክንሓብርን፣ ከም ጨራታት ናይ'ቲ ማሕማሕ ዝብል ብርሃንካ ብሓባር ክንደባለቕን፤ ሓሳባትናን፡ ኣረኣእያታትናን፡ ስምዒታትናን፡ ከም ሓደ ክውንነት ኰይኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም፡ ነቲ መንፈስ ናይ ሕብረት ከርእንሲ፡ ዎ ኣምላኽ! ንነፍሳትና፡ ኣብ ልዒሊ'ቶም ጥቕስታት ናይ መለኮታዊ ሕብረትካ ዝምርኰሳ፣ ንልብታትና ከኣ በቲ ካብ ጸጋኻ ዝድርጓሕ ታሕጓስ ዝፍስሃ ግበረን። ንሰኻ እቲ ምሉእ-ጸጋ፣ እቲ መጽዋቲ፣ እቲ ሃያብ፣ እቲ ሓያል፣ እቲ መሓሪ፣ እቲ ራህራህ ኢኻ።*

-- *ዓብዱልባሃ*

19

*ኣብ መደምደምታ ኣኼባ ናይ'ቲ መንፈሳዊ ቤት (መንፈሳዊ ባይቶ) ዝድገም ጸሎት፡-*

*ዎ ኣምላኽ! ዎ ኣምላኽ! ኣብ'ዚ መንፈሳዊ ኣኼባ'ዚ ምግባእናን፣ ኣባኻ ምእማንናን፣ ኣብ ምልክታትካ ምትእምማንናን፣ ኣብ ምልክታትካ ምትእምማንናን፣ ኣብ ቃል-ኪዳንካን ለበዋኻን ጸኒዕ ናን፣ ናባኻ ተሳሒብናን፣ ብሓዊ ፍቕርኻ ተኾሊዕናን፣ ኣብ ሃይማኖትካ ቅኑዓትን፣ ኣገልገልቲ ናይ ስፍራ ኣታኽልቲ ወይንኻን፣ ዘርጋሕቲ ሃይማኖትካን፣ ናይ ገጽካ ሰገድትን፣ ናይ'ቲ እተፍቅሮ ትሑታትን፡ ኣብ ማዕጾኻ ተኣዘዝትን ኴንና፤ ኣብ ምግልጋል'ቶም ምሩጻትካ ክንውዕል ከተረጋግጸልናን፣ እናተማሕጸንናካ ከሎና፡ ኣብ'ቲ ዘይርኣ ናይ ሓድነት መንግስትኻ ኴንካ ትርእየና ኣሎኻ። እምበኣር በቶም ዘይርኣዩ ሰራዊትካ ደግፈና፤ ንዓኻ ኣብ እንገብሮ ኣገልግሎት፡ ንሕቜታትና ኣደልድሎ፣ ምእዙዛትን ንዓኻ እንሰግድ ኣገልገልትን ምሳኻ እንወሃሃድን ግበረና።*

*ዎ ጐይታና! ንሕና ሰነፋት ኢና፣ ንሸኻ ከኣ እቲ ሓያል፣ እቲ ብርቱዕ ኢኻ። ንሕና መወትቲ ኢና፣ ንሸኻ ከኣ እቲ ዓቢ ህይወት ወሃቢ ዝኾነ መንፈስ ኢኻ። ንሕና ነዳያን ኢና፣ ንሸኻ ከኣ እቲ ብርቱዕን፣ ዓንጋልን ኢኻ!*

*ዎ ጐይታና! ንገጽና ናብ'ቲ መለኮታዊ ገጽካ መልሶ፤ በቲ ኣምሳኻዊ ጸጋኻ ካብ'ቲ ሰማያዊ መኣድኻ መግበና፤ በቶም ጭፍራታት ናይ'ቶም ልዑላት መላእኽትኻ ጌርካ ሓግዘና፣ በቶም ናይ'ቲ መንግስቲ ኣብሃ ዝኾኑ ቅዱሳንካ ኣጽንዓና።*

*ብሓቂ፣ ንሸኻ እቲ ለጋስ፣ እቲ መሓሪ ኢኻ፤ ንሸኻ ወናኒ ዓቢ ውህበት ኢኻ፣ ብሓቂ ድማ፣ መሓርን ጸጋውን ኢኻ።*

-- *ዓብዱልባሃ*

## *ኣያም-ኢ-ሃ (መዓልታት ናይ "ሃ") መዓልታት ምቅርራብ ንጾም)*

*(እዘን ካብ ለካቲት 26 ክሳብ 1 መጋቢት ጸምቢርካ ዘሎዋ መዓልታት፤ ንጾም እንዳለወለንን፣ እንተኣናገደለንን፣ እንምጽውተለንን፣ ህያባት እንለጋገሰለንን ኪኾና ይግባእ።)*

**20**

*ኣምላኸይ፣ እሳተይን፣ ብርሃነይን! እዘን ኣብ መጽሓፍካ ኣያም-ኢ-ሃ ኢልካ ዝሰመኻየን ጀሚረን እኖሆዋ። ዎ ኣንታ ንጉስ ናይ ኣስማት ዝኾንካ፣ እታ በታ ኣዚያ ዝለዓለት ብርዕኻ፣ ብኹሎም ኣብ መንግስተ-ፍጥረትካ ዘሎዉ ክትክበር ዝኣዘዝካያ እዋን ጾም ትቀራረብ ኣላ።*

*ዎ ጐይታይ በዘን መዓልታት እዚአንን፣ ኣብ ኩሉ ከምአን ዝበለ እዋንን፣ ናብ'ቲ ገመድ ትእዛዛትካ ቀጥ ኢለ ዝጠበቕኩሉን፣ ነቲ ልዓት ናይ ስነ-ስርዓት ሕጋጋትካ ኣደልዲለ ዝሓዝኩሉን፤ ንነፍስ-ወከፍ ነፍሲ፣ ኣብ ውሽጢ ቀጽርታት ናይ ቤተ-መንግስትኻ ሓደ ቦታ ክትምደበላን፣ ኣብ'ቲ ግልጸት ናይ'ቲ ጸዳላት ብርሃን ናይ ገጽካ ከኣ ሓደ መንበር ክትፈቕደላን እምሕጸነካ።*

*እዚኣቶም ዎ ጐይታይ እቶም ካብ'ቲ ኣብ መጽሓፍካ ዘውረድካዮ፣ ብዝኾነ ይኹን ዝንባለ ናይ ብልሽውና ዘይተዓግቱ ኣገልገልትኻ ኢዮም። ኣብ ቅድሚ ሃይማኖትካ ሰጊዶምን፣ ንመጽሓፍካ ከኣ ካባኻ ከም ዝተፈጥረ ጌሮም ብዓቢ ቈራጽነት ተቐቢሎምን፣ ከም'ቲ ዝኣዘዝካሎም መጠን ኣኽቢሮምን፣ ነቲ ብኣኻ ዝወረደ ክስዕቡ መሪጾሞን ኣለዉ።*

*ዎ ጐይታይ፣ ኝኹሉ'ቲ ኣብ ቅዱስ ጽሑፋትካ ዝገለጽካዮ፣ ከመይ ጌሮም ከም ዘለለይዎን፣ ዝተኣመኑዎን ትርኢ ኣሎኻ። ዎ ጐይታይ፣ ካብ'ቲ ኣእዳው ጸጋውነትካ፣ እቲ ማያት ናይ ዘልኣለማዊነትካ ክሰትዩ ሃቦም። እምበኣር፣ እቲ ኣብ ውቅያኖስ ህላዌኻ ንዝጠለቑን፣ እቲ ናብ'ቲ ዝተመርጸ ወይኒ ናይ ምርኻብካ ንዝበጽሐን ዝኣዘዝካሉ ዓስቢ ጸሓፈሎም።*

*ዎ ኣንታ ንጉስ ናይ ነገስታትትን፣ ደንጋጺ ናይ'ቶም ግፉዓትን፣ ንዓታቶም ሰናይ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ እትመጽእ ዓለምን ክትእዝዘሎም እምሕጸነካ። ብተወሳኺ፣ ዝኾነ ይኹን ካብ ፍጡራትካ ዘይገለጾ ጽሓፈሎም፤ ምስ'ቶም ኣብ ዙርያኻ ዝኸበቡን፣ ምስ'ቶም ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዓለም ናይ ዓለማትካ ከኣ ኣብ ዙፋንካ ዝዘዋወሩን ጸብጽቦም።*

*ንሸኻ፣ ብሓቂ እቲ በዓል ምሉእ ሓይሊ፣ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ፣ እቲ ናይ ኩሉ ሓበሬታ ዘሎዎ ኢኻ።*

-- *ባሃኡላህ*

## *ጾም*

*ኣብ መጽሓፍ ኣቕዳስ (እቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ መጽሓፍ) ከምዚ ይብል፦*

*"ካብ'ቲ መጀመርታ ዕድመ ብጽሕና (ማለት ካብ 15 ዓመት) ጀሚርኩም፣ ክትጽልዩን ክትጾሙን ኣዚዝናኩም ኣሎና፤ እዚ ብኣምላኽ በቲ ጐይታኹምን ጐይታ ኣባሓጐታትኩምን ዝተኣዘዘ እዩ።..." እቲ ገያሺ፣ እቲ ጥዕና ዘይብሉ፣ እተን ቈልዓ*

*ዘለወን፣ ወይ ዘጥብዋ፣ ብጾም ኣይቅየዱን ኢዮም...። ካብ ጸሓይ ብራቕ ክሳብ ጸሓይ ዕራብ፡ ካብ መግብን መስተን ተኸልክሉ፤ ባህጊ፡ ካብ'ቲ ኣብ መጽሓፍ ተኣዚዙ ዘሎ ጸጋ ከየትርፈኩም ከኣ ተጠንቀቑ።*

*ግዜ ጾም ካብ 2 መጋቢት ክሳብ 20 መጋቢት እዩ።*

**21**

*ዎ ኣምላኸይ፡ ኣብ መንጎ ሰባት ካብ'ቲ ኣፍ ደገ ከተማ ናይ ህላዌኻ ኣርሒቕካ ከይትድርብየንን፣ ኣብ ማእከል ፍጡራትካ ከኣ፡ ካብ'ቲ ተስፋ ዘንበርኩሉ ግልጸታት ናይ ጸጋኻ ተስፋ ከይተቑርጸንን፣ በቲ ሓያል ምልክታትካን፡ በቲ ግልጸት ናይ ጸጋኻን እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ ብቲ ኣዝዩ ምቁር ደሃይካን፣ በቲ ኣዚዩ ልዑል ዝኾነ ቃልካን፣ ናብ'ቲ ድርኩኺት ናይ ማዕጾኻ ወርትግ ከተቕርበንን፣ ካብ ጽላሎት ናይ ምሕረትካን ካብ'ቲ ድባብ ናይ ውህበትካን ከኣ ኣዚየ ከይርሕቕን፡ ክትሕግዘኒ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓ ለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ በቲ ካብ'ቲ ዝለዓለ ደረት-ትርኢት ዝበርሀ ጸዳል ናይ'ቲ ኣንጸባራቒ ግንባርካን፣ ድምቀት ብርሃን ናይ ገጽካን፡ በቲ ጥዑም ሃገግታ ናይ ልብሰኻን ክትስሕበንን፣ ምሩጽ ወይኒ ኣንደበትካ ከም ዝሰቲ ክትገብረንን እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚ'ዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ምእንቲ ንድሕሪት ከይወድቕ ወይ ድማ ብእማመታት ናይ'ቶም ኣብ ምልክታትካ ዘዕዘምዘሙን፡ ካብ ገጽካ ዝተመልሱን ከይዕንቀፍንሲ ከም'ቲ እታ ኣዚያ ዝለዓለት ብርዕኻ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ናይ'ቲ ገጻት ጽላታትካ ነቲ ሽቶ ገነት ናይ ሕቡእ ትርጉማት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ፍጥረትካ እናፍሰሰት እትንቀሳቐሶ፣ ከምኡ ጌርካ በቲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ገጽካ ዝዋዛወዝ ጸጉርኻ ንሃይማኖትካ ከገልግል ከተተስኣኒ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ ናብ'ታ ኮኾብ መዓልቲ ናይ ጽባቐኻ ክጥምት ከተኽእለንን፣ ነቲ ወይኒ ኣንደበትካ ከተቕርበለይን፣ በቲ ንጉስ ኣስማት ዝገበርካዮን፡ ብእኡ'ውን ኩሎም ኣብ ሰማይ ዘለዉን፡ ኩሎም ኣብ ምድሪ ዘለዉን ብሓጐስ ዝተፈንጭሑን ስምካ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ በቲ ኣብ'ቶም ዝለዓሉ ብራኼታት ዘሎ ናይ ግርማኻ ታቦትን፣ በቲ ኣብ'ቶም ዝነውሑ ታባታት ዘሎ ድባብ ናይ ግልጸትካን፣ ነቲ ፍቓድካ ዝተመነየን፡ ዕላማኻ ዝገለጸን ክገብር፣ ብጸጋውነትካ ኘኽትረድኣኒ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ በቲ ኣብ ልዕሊ ደረት–ትርኢት ዘልኣለማዊነት ዘብርህ ጽባቐኻ፡ ማለት በቲ፡ ንገዛእ ርእሱ ቅልዕ ብዘበለሉ፣ መንግስቲ ጽባቐ፡ ደወል ብዝጥዕም ቃናታት እናኣመጐሰ ብስግደት ኣብ ቅድሚኡ ድፍእ ዝብለሉ ሓደ ጽባቐ ኘኹሉ'ቲ ኣነ ዝውንኖ ዘበለ ክመውት፣ ንዝኾነ ንዓኻ ዝግባእ ዘበለ ከኣ ክነብር እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓ ቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቓ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ በቲ ናይ ስምካ ግልጸት፣ በቲ ፍትዊ፣ ማለት በቲ ልብታት ኣፍቀርቸኻ ህሙኽ ዝበላሉ፣ ነፍሳት ናይ ኩሎም ተቐማጠ'ዛ መሬት ከኣ ናብ'ቲ ላዕለዋይ ጫፍ ዝዓረጋሉ፣ ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ክዝክረካን ኣብ ማእከል ህዝብኻ ከኣ ከመጒሰካን ክትሕግዘኒ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ*

*ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቕ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ብሓሸሽታ ናይ'ታ መለኮታዊት ኦም ሎጥን፡ ብሽውሽውታ ንፋሳት ናይ ኣንደበትካ ኣብ'ቲ መንግስተ-ኣስማትካን፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ድሌትካ ዝፍንፍኖ ኣርሒቕካ ከይተልግሰኒን፣ ናብ'ቲ መዓልቲ-ጽድያ ናይ ምልክታትካ ዝኾነ ኣብሪሁሉ ዘሎ ደረጃ ከተቕርበንን እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቕ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ በታ ብፍቓድካ ካብ ኣፍካ ውጽእ ብዝበለት፡ ብኡንብኡ ውቅያኖሳት ኪገላበጡ፣ ንፋሳት ክነፍሱ፣ ፍረታት ክረኣዩ፣ ኣእዋም ኪበቍሉ፣ ኩሎም ዝሓለፉ ኣሰራት ኪጠፍኡ፣ ኩሎም መጋረጃታት ኪትርተሩ፣ ኩሎም'ቶም ንዓኻ ዝተወፈዩ ዘበሉ ከኣ ናብ ብርሃን ገጽ ናይ'ቲ ዘይግደድ ጐይትኦም ኪቀላጠፉ ዝገበረት ፊደል፤ ነቲ ኣብ ኣብያተ–ግምጃ ናይ ፍልጠትካ ተሓቢኡ ተነቢሩ ዘሎን፣ ነቲ ኣብ ማህደራት ናይ ልቦናኻ ተሰቲሩ ዘሎን፣ ከም ዝፈልጠ ክትገብረኒ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓ ለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቕ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ በቲ ካብ ኣዒንቲ'ቶም ናይ ምሩጻትካን ፍቑራትካን ድቃስ ዘርሓቐ ሓዊ ናይ ፍቕርኻን፣ በቲ ኣብ ናይ ወጋሕታ ሰዓት፡ ንዝኽርኻን፡ ውዳሴኻን ኢሎም ዝገብርዎን፤ ምስ'ቶም ነቲ ኣብ መጽሓፍካ ዘውረድካዮን፡ ብፍቓድካ ድማ ግሉጽ ዝገበርካዮን፡ ንምፍላጡ ዝበቕዑ ክትቈጽረኒ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓ ለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቕ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ በቲ ነቶም ናባኻ ዝቐረቡ፡ እቲ ተወርዋሪ መስፈታት ናይ ድንጋጌኻ ከጓንፎምን፡ ንዓኻ ዝተወፈዩ ኰይኖም ከኣ ኣብ መንገድኻ ነስያፋት ናይ ጸላእትኻ ግንባሮም ክህቡ ዘተባብዖም ብርሃን ገጽካን፣ በታ ኣዚያ ዝለዓለት ብርዕኻ እቲ ነቶም እሙናትካን ምሩጻትካን ዝጸሓፍካሎም፡ ክትጽሕፈለይ እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓ ቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቕ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ ብስምካ፣ በቲ ንጻውዒት ኣፍቀርትኻ ዝሰማዕካሉን፣ ብወዮታ ናይ'ቶም ንዓኻ ዝናፈቑን፣ ብጭርሖ ናይ'ቶም ናባኻ ንምቕራብ ዝሕጐሱን፣ ብእህህታ ናይ'ቶም ንዓኻ ዝተወፈዩን፣ በቲ ተስፍኦም ኣባኻ ብምንባሮም፡ ድሌቶም ዝፈጸምካሉን፣ ብጸጋኻን፡ ውህበታትካን ከኣ ባህግታቶም ክሰምር ዝገበርካሉን፣ ከምኡ'ውን፡ በቲ እቲ ውቅያኖስ ፡ ናይ ይቕረ በሃሊነትካ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ዝተገላበጠሉን፣ እቶም ደበናታት ናይ ልግሰኻ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኣገልገልትኻ ዘዝነብሉን ስምካ፣ ንነፍስ-ወከፍ ናባኻ ዝተመልሰን፡ ነቲ ብኣኻ ዝተኣዘዘ ጾም ዘኽበረን፣ እቲ ነቶም ብዘይ ናትካ ጽቡቕ ፍቓድ ባዕሎም ዘይዛረቡን፣ ኻኹሉ'ቲ ዝውንንዎ ከኣ ምእንቲ ፍቕርኻ ኢሎም ዝጠንጠንዎን ዝደንገግካዮ ዓስቢ ክትጽሕፈሎም እምሕጸነካ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ብባዕልኻን፣ ብምልክታትካን፣ በቲ ንጹር መርትዖታትካን፣ በቲ ድሙቕ ብርሃን ናይ'ታ ኮኾብ-መዓልቲ ጽባቐኻን፣ ጨናፍርካን፣ ንሓጥያት ናይ'ቶም ንሕግታትካ ኣጽኒዖም ዝሓዙን፡ ነቲ ኣብ መጽሓፍካ ዝኣዘዝካሎም ዝሓለዉን ክትድምስሰሎም እምሕጸነካ። ዎ ኣምላኸይ፡ ነቲ ኣዚዩ ዝተቐደሰ፣ ኣዚዩ ዝበርሀ፣ ኣዚዩ ሓያል፣ ኣዚዩ ዓቢ፣ ኣዚዩ ልዑልን፣ ኣዚዩ ክብሪ ዝመልኦን ስምካ ሒዘ፤ ናብ'ቲ ኩሎም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለምን ዝተጸግዕዎ ዘፈር ካባ ጠቢቕ ትርእየኒ ኣሎኻ።*

**-- ባሃኡላህ**

## -22-

*ምስጋና ንዓኻ ይኹን ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! ንዓይን ነቶም ምሳይ ሓቢሮም ዘሎዉን፡ እቲ ናብ'ቲ ሰማያት ናይ'ቲ ብሉጽ ክብርኻ ክንዓርግ ዘኽእለናን፡ ካብ'ቲ ነቶም ተጠራጠርቲ ኣብ'ቲ ጽላል ሓድነት ካብ ምእታው ዝኸልከሎም ናይ ምጥርጣር ኣበር ዝሓጽበናን፡ ክትሰደልና፣ በቲ ጸልማት ናብ ብርሃን ዝተለወጠሉን፣ እታ ብኹሉ እትብጻሕ ቤተ-መቕደስ ከኣ ዝተሃንጸትሉን፣ እቲ ጽሑፍ ጽላት ዝተገለጸሉን፣ እቲ ዝተዘርግሐ ጥቕላል ከኣ ዝተቐልዓሉን ግልጸት'ዚ እምሕጸነካ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ኣነ፡ ሓደ ንገመድ ፈቃር ሕያውነትካ ኣጽኒዐ ዝሓዝኩን፣ ናብ'ቲ ዘፈር ናይ ምሕረትካን፡ ሓልዮትካን ከኣ ጠቢቐ ዘሎኹን ኢየ። ንዓይን ነቶም ፍቑራተይን፣ እቲ ናይ'ዛ ዓለም'ዚኣን ናይ'ታ እትመጽእ ዓለምን ሰናይ ዘበለ ኣዝዝ፤ እምበኣር፡ ነቶም ካብ መንጎ ፍጡራትካ ምሩጻት ዘበሉ ዝኣዘዝካሎም ሕቡእ ህያብ ኣቕርበሎም።*

*ዎ ጐይታይ፡ እዚኣተን፡ እተን ኣገልገልትኻ ኪጾሙወን ዝኣዘዝካሎም መዓልታት ኢየን። እቲ ነዘን ጾም'ዚኣን ምእንታኻ ኢሉ ብምሉእ ልቢ ብዘይካ ካባኻ፡ ካብ ኩሉ ነገራት ብፍጹም ገለልትነት ዝሓለወን፡ ዝተባረኸ እዩ። ዎ ጐይታይ፡ ንዓኻ ክንእዘዝን፡ ንሕግታትካ ክንሕሉን፣ ንዓይን ንዓታቶምን ሓግዘና። ንስኻ፡ ብሓቂ፡ ዝመረጽካዮ ክትገብር ሓይሊ ኣሎካ።*

*ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፡ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ፣ እቲ ምሉእ ልቦና ዘሎዎ። ኩሉ ስብሓት ንኣምላኽ ይኹን፣ እቲ ጐይታ ኩለን ዓለማት።*

— *ባሃኡላህ*

## 23

*ኣዚኣተን ዎ ኣምላኸይ! እተን ጊልያታትካ ኪጾሙወን ዝኣዘዝካሎም መዓልታት ኢየን። ብእኣን ድማ ነቲ መቕድም ናይ'ታ ንኹሉ ፍጥረታት ዝተገልጸት መጽሓፍ ሕግታትካ ሰለምካያ፤ ነቶም ማህደራት ትእዛዛትካ ድማ ኣብ ቅድሚ ኩሎም'ቶም ኣብ ሰማይካን መሬትካን ዘሎዉ ኣማዕረግካሎም። ንሸኻ ንነፍሲ-ወከፍ ሰዓት ናይ'ዘን መዓልታት'ዚኣን፡ ብዘይካ ብኣኻ በቲ ፍልጠቱ ንመላእ ዝተፈጥሩ ነገራት ዝሓቝፍ ካልእ ምስጢሩ ተማራሚሩ ክበጽሖ ብዘይክእል ሓደ ፍሉይ ደጊ ዓ ዲልካየን ኣሎኻ። ከምኡ'ውን ብመሰረት እቲ ጽላት ናይ ኣዋጅካን፣ ጽሑፋት ናይ'ቲ ዘይቅየር ፍርድኻን፣ ንነፍስ ወከፍ ነፍሲ ሓደ ክፋል ናይ'ዚ ደጊ'ዚ መዲብካላ ኣሎኻ። ብተወሳኺ ንነፍስ ወከፍ'ዞም ህዝብታትን ዓሌታትን ናይ'ዛ መሬት፡ ነፍስ ወከፍ ቈጽሊ ናይ'ዚ መጻሕፍትን ጽሑፋትን'ዚ ኣማሲሕካዮም ኣሎኻ።*

*ዎ ኣንታ ገዛኢ ናይ'ቶም ገዛእቲ ዝኾንካ! ነቶም ፍናናት ኣፍቀርትኻ፣ ከም'ቲ ኣብ ኣዋጅካ ዘሎ መጠን፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ወጋሕታ ነታ ጽዋእ ናይ ዝኽርኻ ዓቂብካሎም ኣሎኻ። እዚኣቶም እቶም ብወይኒ ናይ'ቲ ዝተዓጻጸፈ ልቦናኻ ኣመና ሰኺሮም ንውዳሴኻ ኬኽብሩን፡ ንደግታትካ ክብ ከብሉን ብምንፋቕ፣ ከምኡ'ውን ናብ ህላዌኻ ንምቕራብን ካብ በረኸትካ ንምክፋልን ብዘሎዎም ሃንቀውታ ካብ ድቃሶም በሪሮም ንዓራውቶም ዝራሕርሑን ኢዮም። ኣዒንቶም ወርትግ ናብ'ቲ መዓልቲ ጽድያ ናይ ፈቃር ሕያውነትካ ምስ ኣድሃባ፣ ገጻቶም ከኣ ናብ'ቲ ርእሰ-ምንጪ ናይ ስርጸትካ ምስ ኣተኰራ ኢየን። ምእንት'ዚ ምስ ሰማይ ናይ ህያባትካን ጸጋኻን ዝቃዶ፡ ካብ'ቶም ደበናታት ምሕረትካ ኣብ ልዕሌናን ኣብ ልዕሊኦምን ኣዝንብ፡*

*ዎ ኣምላኸይ ስምካ ይባረኽ! እዚኣ እታ ንኣፍደገታት በረኸትካ ኣብ ቅድሚ ገጽ ፍጡራትካ ዝፈታሕካላ፣ ንመዓጹ'ቲ ለዋህ ምሕረትካ ንኹሎም ተቐማጦ'ዛ መሬትካ ኣስፊሕካ ዝኸፈትካላ ሰዓት ኢያ። ዎ ኣምላኸይ ብኹሎም'ቶም ደሞም ኣብ መንገድኻ ዝፈሰሰ፣ በቶም ንዓኻ ብምንፋቖም ካብ ኩሎም ፍጡራትካ፡ ምስ ሓደ'ኳ ካብ ምትእስሳር ዝረሓቑን፣ በቶም በቲ ምቁር መኣዛታት ናይ'ቲ ነፍስ-ወከፍ ንጽል ኣካል ናይ ሰብነቶም ብዓቢ ምልዕዓል ንውዳሴኻን ዝኽርኻን፡ ኣንደቕዲቓ ዘዜመትሉን፤ ነቲ ኣብ'ዚ ግልጸት'ዚ ማለት ሓደ ግልጸት ሓይሉ ንነፍስ-ወከፍ ኦም፡ ከም'ቲ እታ ነዳዲት-ቆጥቋጥ ቅድሚ ሕጂ ንሙሴ እቲ ምሳኻ ዝተዛረበ ዝኣወጀትሉ ንኽትጭድር ዝገበረ፤ እቲ ግልጸት ንነፍስ-ወከፍ ዝደቐቐት ጸጸር፡ ከም'ቲ እቶም ኣእማን ብመዓልታት መሓመድ ዓርኽኻ፡ ንውዳሴኻ ከም እንደገና ከቃልሕዎ ዘኽኣሎም ነገራት ከይትኸልኣና እምሕጸነካ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ እዚኣቶም እቶም ብጸጋውነትካ ምሳኻ ምሕዝነት ክገብሩን፡ ምስኡ ምስ'ቲ ገላጺ ናይ ገዛእ-ርእሰኻ ዝኾነ ክጽንበሩን ዘኽኣልካዮም ኢዮም። ክሳብ ብሓንሳብ ኣኪብካ ኣብ ትሕቲ ጽላልካ እተምጽኦምን፡ ክሳብ ናብ ቀጽሪ ቤተ-መንግስትኻ ከም ዝኣትዉ እትገብሮምን ከኣ፡ እቶም ንፋሳት ፍቓድካ ናብ ኩሉ ወገናት በታቲኖሞም ኣሎዉ። ሕጂ ግና፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዙፋን ምሕረትካ ክቐመጡ ስለ ዝገበርካ፡ ኣብ'ቲ ንዓታቶም ዝግባእን፡ ዝበቅዕን ኣዚዩ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ባዕልኻ ሓግዞም። ዎ ጐይታይ፡ ምስ'ቶም ናባኻ ክቐርቡ ምንም'ኳ ዕድል ረኺቦም እንተነበሩ፡ ንገጽካ ከየለለዩ ንድሕሪት ዝተመልሱ፣ ከምኡ'ውን ሽሕ'ኳ ምሳኻ ተራኺቦም እናሃለዉ፡ ካብ ህላዌኻ ዝተሓረሙ ከይቑጸሩ ርድኣዮም።*

*ዎ ጐይታይ እዚኣቶም እቶም ምሳኻ፡ ኣብዚኣ፡ ኣብ'ዛ ኣዚያ ዝዓበየት ቤት-ማእሰርቲ ዝኣተዉን፣ ኣብ ውሽጢ መናድቓ ነቲ ጾም ዘኽበሩን ኣገልገልትኻ ኢዮም። እምበኣርከስ፡ ምእንቲ ምሉእ ብምሉእ ንዓኻ ዝተወፈዩ ክኾኑን፣ ብዘይካ ካባኻ ከኣ፡ ንገዛእ-ርእሶም ካብ ኩሉ ምእንቲ ከግልሉን፡ እቲ ሓንቲ ከየትረፈ ካብ'ቲ ንሰኻ እትጸልኦ ከጽርዮም ዝኽእል ኣውርደሎም።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ እምበኣር እቲ ምስ ጸጋኻ ዝሰማማዕን፡ እቲ ምስ በረኸትካ ዝቃዶን ኣውርደልና። ዎ ኣምላኸይ፡ እምበኣር ንዓኻ ኣብ ምዝካርና ክንነብርን፣ ንዓኻ ኣብ ምፍቃርና ክንመውትን ኣኽእለና፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ተን ዳሕረዎት ዓለማትካ፣ ማለት ኣብ'ተን ብዘይካ ንዓኻ ዃኻልእ ኩሉ ምስጢራውያን ዝኾና ዓለማት፡ እቲ ህያብ ህላዌኻ ኣቕርበልና። ንሰኻ ጐይታናን ጐይታ ናይ ኩለን ዓለማትን፣ ኣምላኽ ናይ ኩሎም'ቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉን፣ ኩሎም'ቶም ኣብ መሬት ዘለዉን ኢኻ።*

*ዎ ኣምላኸይ በተን መዓልታትካ፡ ነቶም ፍቑራትካ እንታይ ከም ዝወረዶም ርኢኻ ኢኻ። ነዚ ክብርኻ ይምስክረለይ እዩ! ደሃይ ቁዘማ ናይ ሕሩያትካ ኣብ መላእ መንግስትኻ ብጕልሒ ተሰሚዑ እዩ። ገሊኦም በቲ መጻወድያ ናይ'ቶም ኣብ መሬትካ ዘለዉ ከሓድቲ ተታሒዞም ነበሩ፤ ኣብ ጥቓኻ ከይቀርቡን፡ ናብ ቤተ-መንግስቲ ናይ ክብርኻ ከይበጽሑን ከኣ ብሰንኮም ተዓጊቶም ነበሩ። ካልኦት'ውን ናባኻ ኪቐርቡ ይኽእሉ ነይሮም፣ ገጽካ ካብ ምርኣይ ግን ኣድሓርሒሮም። ጌና ካልኦት'ውን በቲ ንዓኻ ንምርኣይ ዝነበሮም ምህንጣይ፡ ናብ ቀጽርታት ቤተ-መንግስትኻ ክኣትዉ ተፈቒዱሎም ነይሩ፣ ግን እቲ መጋረጃታት ከንቱ ሓሳባት ናይ ፍጡራትካን፣ እቲ በቶም ኣብ መንጎ ህዝብኻ ጨቆንቲ ዝኾኑ ዝወረደካ በደላትን፡ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎኦምን ክኣቱ ፈቒዱ።*

*ዎ ጐይታይ፡ እዚኣ እታ ሕልፊ ኩለን ሰዓታት ጌርካ ዝፈጠርካያን፣ ምስ'ቶም ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ዘለዉ ሕሩያትካ ከኣ ዘዛመድካያን ሰዓት ኢያ። ዎ ኣምላኸይ፡ ብገዛእ ርእሰኻን ብኣታቶምን ኣብ ውሽጢ'ዛ ዓመት'ዚኣ፡ እቲ ንፍጡራትካ ልዕል ዘብሎም ክትእዝዘሎም እልምነካ። ከምኡ'ውን በዛ ዓመት'ዚኣ እቲ ነዛ ኮኾብ መዓልቲ ናይ ሓይልኻ ኣብ ልዕሊ ደረት ትርኢት ክብርኻ ብድምቀት ከተብርህን፡ በቲ ሓያል ሉኣላዊነትካ ከኣ ንምልእቲ ዓለም ከተብርሃን ኣውጅ።*

*ዎ ጐይታይ፡ ንሃይማኖትካ ዕውትቲ ግበራ፤ ንጸላእትኻ ድማ ኣዋርዶም። እምበኣር ናይ'ዛ ህይወት'ዚኣን ናይ'ታ እትመጽእን ጽቡቕ ዘበለ ኩሉ ጽሓፈልና። ንሰኻ እቲ ምስጢራዊ ነገራት ዝፈልጥ፡ እቲ ሓቂ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፤ እቲ ወርትግ ይቕረ-በሃሊ፣ እቲ ኩሉ ልግሲ ዝመልኦ ኢኻ።*

-- ባሃኡላህ

**24**

*ክብሪ ይኹንካ ዎ ጐይታ ኣምላኸይ! እዘን መዓልታት እዚኣን፡ እተን ኻኹሎም ሰባት፡ ምእንቲ ብእኣን ኣቢሎም ንነፍሳቶም ከንጽሁለንን፡ ብዘይካ ካባኻ ካብ ኩሉ ማራኺ ምትእስሳራት ንገዛእ ርእሶም ከርሕቑን፡ ከምኡ'ውን ምእንቲ ኣብ ውሽጢ ልባቶም፡ እቲ ነቲ ቤተ-መንግስቲ ናይ ግርማኻ ዝበቅዕ ንሰማይ ክዓርግን፡ ምስ'ቲ መንበረ ግልጸት ናይ ሓድነትካ ከኣ ኣጸቢቑ ክሰማማዕን ኢልካ ክጾሙወን ዝኣዘዝካሎም መዓልታት ኢየን። ዎ ጐይታይ፡ እዛ ጾም'ዚኣ፡ ህይወት ዝህብ ማያት ዝሓዘ ሓደ ፈለግ ክትከውንን፡በቲ ንሰኻ ዝዓደልካያ፡ ደጊ ከተፍርን ፍቐድ። ብኣኣ ጌርካ፡ ንልብታት ናይ'ቶም፡ እቲ እኪያት ናይ'ዛ ዓለም ናብ'ቲ ኩሉ ክብሪ ዝመልኦ ስምካ ገጾም ካብ ምምራሕ ዘየሳናኸሎምን፣ ብዋጭዋጭታን ረብሻን ናይ ከም'ኒ'ቶም ነቲ ብሉኣላዊነትካን፡ ሓይልኻን፡ ግርማኻን፡ ክብርኻን፡ ንምጽኣት ግልጸትካ ዘሰነየ ኣዚዩ ብሩህ ዝኾነ ምልክታትካን ዝኸሓዱ፣ ምንቕ ከይበሉ ዝጸንዑን ኣገልገልትኻ ኣጽርየን።*

እዚኣቶም እቶም ጸውዒትካ ምስ በጽሓም፡ ብኡንብኡ ናብ'ቲ ናይ ምሕረትካ መዳይ ዝተሃወኹን፡ በቲ ለውጥታትን ዕድላትን ናይ'ዛ ዓለም ወይ ድማ ብዝኾነ ይኹን ናይ ወዲ-ሰብ ድሩትነታት ካባኻ ንድሕሪት ዘይበሉ ኣገልገልቲ ኢዮም።

ዎ ኣምላኸይ፡ ኣነ ንሱ'ቲ ንሕብረትካ ዝምስክር፣ ንሓድነትካ ኣፍልጠ ዝሀብ፣ ኣብ ቅድሚ ክስተታት ናይ ግርማኻ ብትሕትና ድፍእ ዝበል፣ ብሕዙን ገጽ ነቲ ጸዳላት ናይ'ቲ ብሉጽ ብርሃን ክብርኻ ዘለልን ኢየ። ንዓኻ እቲ ንኣዒንቲ ሰባት በቲ ሓይሊ ናይ ሉኣላዊነትካን፡ ስልጣንካን ዘግሃድካ፡ ንገዛእ-ርእሰኻ ክፈልጥ ምስ ኣኽኣልካኒ ናባኻ ኣሚነ ኣሎኹ። ምሉእ ብምሉእ ካብ ኩሉ ነገራት ገሊለን፡ ነቲ ገመድ ናይ ህያባትካን ልግስታትካን ከነው ኣቢለ ብምጽናዕን ናብኡ ተመሊሰ ኣሎኹ። ንሓቅነቱን፡ ንሓቅነት ናይ ኩሉ'ቲ ናብኡ ዝወረደ መስተንክራዊ ሕግታቱን፡ ሞራላዊ ስርዓታቱን ሓቝፈዮ ኣሎኹ። ንፍቕርኻን ትእዛዝካ ንምክትታልን ከኣ ጸይመ ኣሎኹ፤ ልሳነይ ንዓኻ እናወደሰትን ምስ'ቲ ንዓኻ ባህ ዘብል ብምስናይን ከኣ ጸመይ ስዒረዮ ኣሎኹ። ዎ ጐይታይ ምስ'ቶም ብመዓልቲ ዝጸሙ ብለይቲ ከኣ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ለጥ ዝበሉ፤ ንሓቅነትካ ዝተሓስሙ፡ ንምልክታትካ ዘይኣመኑ፡ ንምስክርነትካ ዝኸሓዱ፡ ዘረባኻ ዝጠምዘዙ፡ ከይጽብጸብ ርድኣኒ።

ዎ ጐይታይ፡ ምእንቲ በተን ናትካ ኣዒንቲ ርኢና ክነለልየካስ፡ ኣዒንተይን፡ ንኣዒንቲ ናይ ኩሎም'ቶም ንዓኻ ዝደለዩን ክፈተን። እዚ ትእዛዝ'ዚ እቲ ኣብ'ቲ ንዓና ዝተዋህበ መጽሓፍ፣ ማለት ብኣኻ ናብኡ ናብ'ቲ ብትእዛዝካ ዝመረጽካዮ፡ ልዕሊ ኩሎም ፍጡራትካ ፈሊኻ ብፍታውካ ዝሓረኻዮ፡ ሉኣላዊነትካ ከተልብሶ ዝተሓጐስካሉ፡ ነቶም ህዝብኻ ዝኸውን መልእኽትካ ንምብጻሕ ከኣ ብፍሉይ ዝመረጽካዮን ሕድሪ ዝሃብካዮን፡ ዝወረደ እዩ። እምበኣርከስ ዎ ኣምላኸይ ክንድ'ቲ ብጸጋኻ ንዕኡ ከነለልዮን፡ ንዝኾነ ይኹን ንዕኡ ዝተሰደ ዘበለ ኣፍልጦ ክንህቦ ዘኽኣልካናን፣ ኣብ ቅድሚ ህላዌ'ቲ ሓደ፡ ኣብ መጽሓፍካን ኣብ ጽላታትካን መብጽዓ ዝገበርካሉ ክንበጽሕ ከኣ ኣብ ልዕሌና ዝዓደልካዮ ክብርን ዝተመስገንካ ኩን።

ዎ ኣምላኸይ፡ እምበኣር ገጸይ ናባኻ ኣቢለ መሊሰን፡ ነቲ ገመድ ጸጋዊ ሓልዮትካን ልግሾኻን ብጽንዓት ጠቢቐን፣ ንዘፈር ልኡም ምሕረትካን ልግሲ ዝመልኦ ሓልዮትካን ጨቢጠን ትርእየኒ ኣሎኻ። እቲ ነቶም ናብ'ቲ ቀጽርታት ናይ ቤተ-መንግስትኻን፡ ናይ ህላዌኻ ቅዱስ ቦታን ኣቢሎም ዝተመልሱን፡ ምእንቲ ፍቕርኻ ኢሎም ድማ ነቲ ጾም ዘኽበሩን ኣገልገልትኻ ዝኣዘዝካሎም ኻኽበጽሖ ተስፋታት ዘንበርኩሉ፡ ከይተቕህሞ እልምነካ። ዎ ኣምላኸይ ዝኾነ ይኹን ካባይ ዝወጽእ፡ ንሉኣላዊነትካ ጨሪሱ ዘይበቅዕ፣ ንግርማኻ'ውን ዘይቀራረብ ምዃኑ እኣመን። ይኹን እምበር፡ ምእንቲ ኣዒንተይ ናባኻ ተኺለ ክጥምትን፡ ብዘይካ ካባኻ ከኣ ካብ ኩሉ ነገራት ክገልልን፡ ነዛ ዓለምን ኻኹሉ'ቲ ኣብኣ ተፈጢሩ ዘሎን ከኣ ከም ሓንቲ ክትፈጥራ ግዲ ዘይገበርካላ ሓላፊት መዓልቲ ኰይኑ ክርኣየኒ፡ ኣብ'ዚ ኻኹሎም ዝተፈጥሩ ኻኽብሪ ናይ'ቲ ኣዚዩ ዝበለጸ መዓርጋትካን ጽባቐኻን፡ ነቲ ኣዚዩ ኣንጸባራቒ ዝኾነ ስምካን ዝኸሰተ ግልጸት'ዚ ካብ'ቲ ወይኒ ናይ ምሕረትካን፡ ካብ'ቲ ካብ የማናይ ኢድ ናይ ፍቓድካ ዝወሓዘ ንጹህ መስተ ናይ ልግሾኻን፡ ዝስተ ክትህበኒ ብስምካ፡ በቲ ንገዛእ-ርእሰኻ ዝገለጽካሉ እምሕጸነካ።

ብተወሳኺ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ዎ ኣንታ ንገዛእ-ርእሰኻ፡ ኣምላኽ ምሕረት ኢልካ ዝጸዋዕካ! ካብ'ቲ ናይ ሓጥያታትና ዝላሕተተ ቃናታት ዘንጽሃና፣ ካብ'ቲ ሰማይ ናይ ፍቓድካን፡ ደበናታት ምሕረትካን ከተዝንበልና እምሕጸነካ። ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኣዚዩ ብርቱዕ፡ እቲ ክብሪ ዝመልኦ፡ እቲ ገባር ሰናይ ኢኻ።

ዎ ጐይታይ፡ እቲ ናባኻ ኣቢሉ ዝተመልሰ ኣርሒቕካ ኣይትድርብዮ፡ ወይ'ውን ነቲ ናባኻ ዝቐረበ ካብ'ቲ ቤተ-መንግስትኻ ኣመና ከም ዝርሕቕ ኣይትግበሮ። ንተስፋታት ናይ'ቲ ጸጋን ልግስታትካን ኪደሊ ኢሉ፡ ብናፍቖት ኣእዳዉ ዘርጊሑ ብልቢ ዝልምን ኣይተጓናድቦ፤ ነቶም ቅኑዓት ኣገልገልትኻ ከኣ ካብ'ቲ መስተንክራት ናይ'ቲ ልኡም ምሕረትካን፡ ፈቃር ሕያውነትካን ኣይትኸልክሎም። ዎ ጐይታይ ይቕረ-በሃልን፡ ኣዚኻ ልግሲ ዝመልኣካን ኢኻ! ባህ ዝበለካ ክትገብር ከኣ ሓይሊ ኣሎካ። ብዘይካኻ፡ ኩሎም ካልኦት ኣብ ቅድሚ ግልጸታት ናይ ሓይልኻ፡ ምንም ክገብሩ ዘይክእሉ ኢዮም፤ ኣብ ቅድሚ'ቲ መረጋገጺታት ናይ ሃብትኻ ከም ጥፉኣት ኢዮም፤ ምስ'ቲ ግልጸታት ናይ'ቲ ብሉጽ ሉኣላዊነትካ ከተነጻጽሮም ከሎኻ፡ ከም ኣልቦ ኢዮም፤ ምስ'ቲ ምልክታትን፡ መርትዖታትን ናይ ብርታዕኻ ገጽ ንገጽ ደው ምስ በሉ ከኣ ናይ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ዝተሳእኖም ኢዮም። ዎ ጐይታይ፡ ብዘይካኻ ሃዲመ ከዕቍበሉ ዝኽእል እንታይ ኣሎ፡ መጸግዒ ክኾነኒ ኢለ ጸደፍደፍ ክብለሉ ዝኽእል መዕቆቢኸ ኣበይ ኣሎ፡ ኣይፋልን፣ ሓይሊ ብርታዕኻ ይምስክረለይ እዩ! ብዘይካኻ መዕቆቢ የሎን፤ ናባኻ እንተዘይኰይኑ፡ ሃዲምካ እትዕቆበሉ ቦታ የሎን፤ ብዘይኻ ናባኻ፡ ካልእ ከተዕቁበሉ ኢልካ ዝደለ የሎን። ዎ ጐይታይ፡ ነቲ መለኮታዊ መቐረት ዝኽርኻን ውዳሴኻን፡ ከም ዝጥዕም ግበረኒ። ብሓይልኻ እምሕል ኣሎኹ! ካብ'ቲ ጣዕሙ ዘስተማቐረ ዘበለ ንገዛእ-ርእሱ ካብ ኩሉ ናይ'ዛ ዓለምን ኩሉ ምስኣ

*ዘሎን ምትሕሓዛት ከርሕቕ እዩ፣ ብዘይካ ናባኻ ካብ ዝኾነ ይኹን ዝኽሪ ነጺሁ ገጹ ናባኻ ኣቢሉ ከተኮር እዩ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ እምበኣር ምእንቲ ንስምካ ክኽብር፡ በቲ መስተንክራዊ ዝኽርኻ ንነፍሰይ ኣተባብዓ ያ። ምስ'ቶም ንቃላትካ ኣንቢቦም፡ ነቲ ኣብኡ ተዓቍሩ ዘሎ ሕቡእ ህያብ ማለት ከምቲ ብኣኻ ተኣዊጁ ዘሎ ንነፍሳት ፍጡራትካን፡ ንልብታት ኣገልገልትኻን ዘነጣጥፍ ክረኽብዎ ዘይከኣሉ፡ ኣይትቐጽረኒ። ዎ ጐይታይ፡ ኣብ መንጎ'ቶም በቲ ምቁር መኣዛታት ናይ'ቲ ብመዓልታትካ ዝነፈሰ፡ ብኣዚዩ ብርቱዕ ድሌት ተለዓዒሎም፡ ህይወቶም ንዓኻ ዝሃቡን፣ ጽባቐኻ ንምጥማት ናፊቖምን፡ ናብ ህላዌኻ ክበጽሑ ተሃንጥዮም ድማ ናይ ሞቶም ፍጻሜ ዘቀላጠፉ፤ ከምኡ'ውን ኣብ መንገዶም ዝኾነ ሰብ “ናበይ ትኸዱ ኣሎኹም፧” እንተዝብሎም “ናብ ኣምላኽ፡ እቲ ንኹሉ ዝውንን፡ እቲ ኣብ ጸበባ ረዳኢ፣ እቲ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር!” ኢሎም ዝምልሹ፣ ዝቑጸር ግበረኒ።*

*እቲ በቶም ካባኻ ብዝረሓቑ ዝተፈጸመ ሓጥያትን፡ እቲ ናባኻ ብዘርኣይዎ ብትዕቢት ናይ ምንፍሖምን፣ ንዓኻ ካብ ምፍቃሮምን፡ ገጾም ናባኻ ካብ ምትኳሮምን፡ ናብ ምሕረትካ ኣቢሎም ካብ ምዛሮምን፡ ኣብ ምኽልካል ኣይጠቐሞምን። እዚኣቶም እቶም፡ በቶም ኣብ ላዕሊ ዘሎዉ ሰራዊት ዝተባረኹን፣ እቶም በቶም ተቐማጦ ናይ'ቲ ዘልኣለማዊ ከተማታት ዝተኸበሩን፣ ኪኖኦም ድማ፡ እቶም በቶም ኣብ ግንባራቶም፡ “እዚኣቶም! እዞም ህዝቢ ባሃ፡ እቶም ብእኦም ኣቢሉ እቲ ጸዳላት ብርሃን ናይ መሪሕነት ዝተዘርግሐ።” ኢላ እታ ኣዚያ ዝለዓለት ብርዕኻ ዝጸሓፈትሎም ኢዮም። ከምኡ ኢሉ እምበኣር፡ ብመሰረት ትእዛዝካን፡ ብፍቓድካን ኣብ'ቲ ጽላት ናይ'ቲ ዘይልወጥ ኣዋጅካ ተደንጊጉ እዩ።*

*እምበኣር ዎ ኣምላኸይ፡ ንዕብየቶምን፡ ንዕብየት ናይ'ቶም ብህይወቶም ከሎዉ ወይ ብድሕሪ ሞቶም ኣብ ዙሪያኦም ዝኸበቡን ግለጾ። እቲ ነቶም ኣብ መንጎ ፍጡራትካ ቅኑዓት ዝኾኑ ኢልካ ዝኣዘዝካዮ ኣቕርበሎም። ኩሉ ነገራት ክትገብር ዓቕሚ ዘሎካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ምሉእ ብርታዐ ዘሎዎ፣ እቲ ብጸበባ ረዳኢ፣ እቲ ኣዚዩ ሓያል፣ እቲ ኣዚዩ ልግሲ ዝመልኦ።*

*ዎ ኣምላኽ ነዚ ጾማትና'ዚ በዚ ጾም'ዚ ወይ ድማ ነቲ ምስ'ዚ ቃል-ኪዳን'ዚ ዝገበርካዮ ቃል ኪዳናት፡ ኣብ ምዕጻው ኣይተብጽሓዮ። ንኹሉ'ቲ ምእንቲ ፍቕርኻን፡ ምእንቲ ሓጐስካን ኢልና ዝገበርናዮን፣ ንኹሉ'ቲ ብሰሪ ናይ'ቲ እኩይን ብልሽዊ ዝኾነ ሃረርታታትናን፡ ተገዛእቲ ብምኳንና ከይፈጸምናዮ ዝተረፈን ተቐበሎ። እምበኣር ብጽንዓት ኣብ ፍቕርኻን፡ ሰናይ ደስታኻን ክንጠብቕ ኣኽእለና፤ ከምኡ'ውን ካብ ክፍኣት ናይ'ቶም ንዓኻ ዝኸሓዱን፣ ነቲ ኣዝዩ ኣንጸባራቒ ዝኾነ ምልክታትካ ዝነጸጉን ሓልወና። ንሸኻ ብሓቂ፡ ጐይታ ናይ'ዛ ዓለምን፡ ናይ'ታ ዳሕረወይትን ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፤ እቲ ልዑል፣ እቲ ኣዚዩ ክብ ዝበለ።*

*ዎ ጐይታ ኣምላኸይ፡ ንዕኡ ነቲ ቀዳማዊ ነቑጣ፣ ነቲ ምስጢረ መለኮት፣ ነቲ ዘይርአ ኩለንትና፤ ነቲ ናይ መለኮታዊነት ወጋሕታን ግልጸት ናይ ጐይታነትካን ዝኾነ፤ ነቲ ብኣኡ ኣቢሉ ናይ ኩሉ'ቲ ዝሓለፈን፡ ናይ ኩሉ'ቲ ዝመጽእን ፍልጠት ብሩህ ዝኾነ፤ ነቲ ብእኡ ኣቢሉ እቶም ሉላት ናይ'ቲ ሕቡእ ልቦና ከም ዝቕልዑ ዝኾነ፣ ነቲ ከም ናይ'ቲ ብስሙ ኣቢለን እታ “ኩ” እትብልን “ን” እትብልን ፊደል ተጸንቢረን ዝሓበራሉ ኢልካ ዝሰየምካዮ፤ ነቲ ብእኡ ኣቢሉ ግርማኻን፡ ሉኣላዊነትካን ሓይልኻን ከም ዝፍለጥ ዝኾነሉ፤ ነቲ ብእኡ ኣቢሎም ቃላትካ ከም ዝወርዱን፡ ሕግታትካ ብንጹርነት ከም ዝፍለጡን፡ ምልክታትካ ብስፍሓት ከም ዝዝርግሑን፡ ቃልካ ከም ዝምስረትን ዝኾነሉ፤ ነቲ ብእኡ ኣቢለን ልብታት ምሩጻትካ ዝተቐልዓሉን፡ ኩሎም ኣብ ሰማያትን፡ ኣብ መሬትን ዝነብሩ'ውን ብሓንሳብ ዝተኣከቡሉን፤ ነቲ ኣብ መንግስተ ኣስማትካ፡ ኣብ'ቲ ጽላት ናይ'ቲ ዘይቅየር ኣዋጅካ ድማ እቲ መንፈስ ናይ መንፈሳት ኢልካ ዝጸዋዕካዮ፤ ነቲ ናይ ባዕልኻ ዝኾነ መዓርግ ዘልበስካዮ፤ ነቲ ኩሎም ካልኦት ኣስማት ብትእዛዝካን፡ ብብርታዐ ሓይልኻን ናብ ስሙ ከምዝምለሱ ዝተገብረሉን፤ ከምኡ'ውን ነቲ ኩሎም ባህርያትካን፡ መዓርጋትካን ነቲ ናይ መጨረሽታ ምሉእነቶም ክበጽሑሉ ዝገበርካዮን፤ ክብሪ ሃቦ። ንዕኡ ከም'ቶም ኣብተን ዘይረኣያ ዓለማትካን፡ ኣብተን ዝተቐደሳ ከተማታትካን፡ ኣብ መንቅብ ዘይብሎም ታቦታትካን ብስቱር ተነቢሮም ዘለው ዝኣመሰሉ ኣስማትካ ይግብእዎ ኢዮም።*

*ብተወሳኺ፡ ከም'ቶም ኣብ መንጎ'ቶም ኣብ ዳሕረዋይ ግልጸቱ--በቲ ኣብ ጽላታቱን፣ ኣብ መጻሕፍቱን፣ ኣብ ጽሑፋቱን፣ ኣብ ኩሉ'ቲ ናብኡ ዝወረደ መስተንክራዊ ጥቕስታትን፣ ወለላ ዝጥዕም ኣንደበትን፣ ከም ዝርቋሕ ተገይሩሉ ዘሎ ሓደ ግልጸት፣ ንዕኡን ንምልክታቱን ንዝኣመኑን፣ ኣብ ሕብረትካ ንዝተኣመኑን ክብሪ ሃቦም። እዚ ግልጸት'ዚ ንባዕሉ እዩ'ቲ ቅድሚ ናይ ገዛእ-ርእሱ ቃል ኪዳን ምምስራቱ፣ ክምስርቶ ዝተኣዘዞ ቃል-ኪዳን። ንሱ እዩ'ቲ ኣብ ባያን ንውዳሴኡ ዘኽብሮ። ኣብኡ (ኣብ ባያን) ብሉጽነቱ ተመጕሱ፣ ሓቅነቱ ተተኺሉ፣ ሉኣላዊነቱ ተኣዊጁ፣ ሃይማኖቱ ፍጹም ኰይኑ*

*ኣሎ። ዎ ኣንታ ጐይታ ናይ'ዘን ዓለማትን፡ ሃረርታ ናይ ኩሎም'ቶም ዝፈለጡኻን ዝኾንካ! እቲ ናብኡ ዝተመልሰን፡ ነቲ ንሱ ዝኣዘዞ ዘበለ ነገራት ዝፈጸመን ዝተባረኸ እዩ።*

*ዎ ኣምላኸይ፡ ክንድ'ቲ ከነለልዮን ከነፍቅሮን ዝሓገዝካና፡ ዝተወደስካ ኩን። እምበኣርከስ፡ ንከነገልግሎን፡ ንክንእዘዞን፣ ከምኡ'ውን ሓገዝቲ እምነቱን በተንቲ ተጻረርቱን ክንከውን ሓይሊ ክትህበናን፡ ከተኽእለናን፤ ብእኡን በቶም ወጋሕታታት ናይ ሉኣላዊነትካን፣ ክስተታት ናይ ጐይትናትካን፣ ማዕቀበ-ንዋያን ናይ ግልጸትካን፣ ማህደራት ናይ ስርጸትካን እምሕጸነካ። ኩሉ'ቲ ባህ ዝበለካ ክትገብር ምሉእ ሓይሊ ዘሎካ ኢኻ። ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የሎን፣ እቲ ኩሉ ዚከኣሎ፣ እቲ ምሉእ ክብሩ፣ እቲ ሓገዙ ብኹሎም ሰባት ዝድለ!*

-- ባሃኡላህ

## *ናው-ሩዝ*

**25**

*(ናው-ሩዝ እታ ኣብ 21 መጋቢት እትውዕል፡ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ባሃኢ ሓዲሽ ዓመት ኢያ)*

*ዎ ኣምላኸይ፣ ስለ'ቲ ናው-ሩዝ ነቶም ምእንቲ ፍቕርኻ ኢሎም ንዝጾሙን፡ ካብ ኩሉ'ቲ ብኣኻ ጽዩፍ ዘበለ (ነገራት) ከኣ ንዝተቐጠቡን፡ በዓሎም ክትከውን ዝኣዘዝካሎም ምስጋና ይኹንካ። ዎ ጐይታይ፣ እቲ ሓዊ ናይ ፍቕርኻን፣ እቲ ብኣኻ ካብ ዝተኣዘዘ ጾም ዝፍጠር ሙቐትን፡ ኣብ እምነትካ ንኺቃጽሎም ፍቐድ፤ ኣብ ውዳሴኻን፡ ዝኽርኻን ከኣ ዝጽመዱ ግበሮም።*

*ዎ ጐይታይ፡ በቲ ስልማት ናይ'ቲ ብኣኻ ዝተኣዘዘ፡ ጾም ካብ ኣጌጽካዮም፣ ብጸጋኻን፡ በቲ ምሉእ ዘይጉዱል ልግሰኻን ጌርካ'ውን ንጓኻ ብናይ ምቕባል ሽልማት ኣጊጾም። ከመይ'ሲ ኩሎም ተግባራት ናይ ደቂ-ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰናይ ደስታኻ ዝተመርኰሱን ብትእዛዝካ ዝተቐየዱን ኢዮም። ነቲ ጾም ዝሰዓረ ከም ዝጾመ፣ እንተትቈጽሮስ እቲ ከምኡ ዝኣመሰለ ሰብ፡ ካብ መንጎ'ቶም ካብ ዘልኣለም ነዚ ጾም'ዚ ከም ዘኽበሩዎ ምተጸብጸበ። ንዕኡ፡ ነቲ ነዚ ጾም'ዚ ዘኽበረ ከም ዝሰዓሮ እንተትድንግገሉ ከኣ፡ እቲ ሰብ'ቲ ምስ ከም'ቶም፡ ንካባ ግልጸትካ ብሓመድ ከም ዝበላሸ ዝገበሩን፡ ካብ'ቲ ሓቂ ዝኾነ ማያት ናይ'ዚ ህይወታዊ ምንጪ'ዚ ዝረሓቑን ምተቘጽረ።*

*ንሸኻ እቲ ብእኡ ኣቢሉ፡ እቲ "ብቓላትካ ናእዳ ዝግብኣካ ኢኻ" ዝብል ሰንደቕ ዕላማ ክብ ዝበለሉ፣ እቲ "ኣብ እትእዝዞ ዘበለ እሺ ተባሃሊ ኢኻ" ዝብል ኣርማ ዝተዘርጋሓሉ ኢኻ። ክብሪ ንጓኻ ይኹን ዎ ኣምላኸይ፡ ምእንቲ ዝኾነ ይኹን ነገር ካብ ጽባቐኻ ከይዓግቶም'ሲ፡ ኣብ'ዘን ክርስቶስ፡"ኩሉ ግዝኣት ናትካ እዩ፣ ዎ ኣንታ ናይ'ቲ መንፈስ (የሱስ) ህልውና ዋሃቢ ዝኾንካ" ኢሉ ዝጨደረለን መዓልታትን ከምኡ'ውን እቲ ዓርክኻ (መሓመድ) "ዎ ኣንታ ኣዚኻ ዝተፈቶኻ፣ ስለ'ተን ንጽባቐኻ ዝገለጽካለንን ስለ'ተን ነቶም ሕሩያትካ ናብ'ቲ መንበረ-ግልጸት ናይ'ቲ ኣዚዩ ዝዓበየ ስምካ ዘብጽሕ ዝጸሓፍካለን መዓልታትን፣ ማለት በተን እቶም ንግዝእ-ርእሶም ናባኻ እንተዘይኰይኑ ካብ ኩሉ ነገራት ዘግለሉለንን፣ ናብኡ ናብ'ቲ ናይ ግዝእ-ርእሰኻ ገላጽን ናይ ባህርያትካ ከሳትን ዝኾነ ኣቢሎም ከኣ ዘቕንዑን እንተዘይኰይኖም፡ ኩሎም ካልኦት ህዝብታት ዝተከዙለን።" ኢሉ ዝጨደረለን መዓልታት፣ ነዚ ደረጃኻ'ዚ፡ ማለት ነዚ ብልጫ ናይ ኩሉ ነገራት ኣብ ትእዛዝካን፡ ቃልካን ዝተመርኰሰ ምዃኑ፣ ደግነት ናይ ነፍስ-ወከፍ ተግባር ብፍቓድ ናይ ሓድነትካን ሰናይ ደስታኻን ዝተቐየደ ምዃኑ፣ ከምኡ'ውን ልጓም ናይ ተግባራት ደቂ-ሰብ ኣብ ትሕዞ ቁጽጽር ናይ ተቐባልነትካን ትእዛዝካን ምዃኑ፣ ንኣገልገልትኻ ፍሉጥ ግበሮ።*

*ዎ ጐይታይ፣ ንሱ'ቲ ጨንፈርካ ዝኾነን፡ ኩሎም'ቶም ኣሰነይትኻን፣ ኣብ ቀጽርታት ቤተ-መንግስትኻ ኰይኖምን፡ ንጓኻ ንምሕጓስ ተሃንጥዮምን፡ ድሕሪ ምጽዋሞም ሎሚ መዓልቲ ይስዕሩ ኣለዉ። ንዕኡን ንዓታቶምን፡ ንኹሎም'ቶም፡ በተን መዓልታት እቲኤን ናብ ህልውናኻ ዝኣተዉን፡ ኩሉ'ቲ ኣብ መጽሓፍካ ጽሕፍቶኦም ዝገበርካዮ ጽቡቕ ዕድል ኣዝዘሎም። እምበኣር እቲ ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ'ዚ ህይወት'ዝን፡ ኣብ'ቲ ኪኖው'ዚ ህይወት'ዚ ዘሎን ከርብሖም ዝኽእል(ነገራት) ኣቕርበሎም።*

ንሸኻ፡ ብሓቂ፡ እቲ ኩሉ ዚፈልጥ፣ እቲ ልቦና ዝመልኦ ኢኻ።

-- ባሃኡላህ

## መርዓ

*“መርዓ ባሃኢ (ግን) ናይ ክልቲኦም ወገናት፣ ፍጹም ርክብን ምሉእ ፍቓድን እዩ። ዝኾነ ኾይኑ፣ ብልዑል ኣቓልቦ፣ ኣብ ናይ ሓድሕዶም ጠባያት ምግልላጽ ልዑል ትኹረት ክርእዩ ይግብኦም፤ እቲ ኣብ መንጎኦም ዝግበር ጽኑዕ ቃል-ኪዳን ከኣ ዘልኣለማዊ ምትእስሳር ዘሎዎ ክኸውን ይግባእ። ዕላማኦም'ውን ዘልኣለማዊ ቤተ-ሰብ ናይ ምዃንን ምሕዝነትን፣ ሕብረትን፣ ህይወትን ክህልዎ ይግባእ።”*

**— ዓብዱልባሃ**

እቲ ኣብ ኪታብ-ኢ-ኣቕዳስ (ኣዚዩ ዝተቐደሰ መጽሓፍ) ከም ኩነት ቀሪቡ ዘሎ፣ ብመርዓውን መርዓትን በብውልቆም ኣብ ቅድሚ ባሃኢ መሰኻኽር ዝዛረቡዎ ሓረግ “ኩላትና፣ ብሓቂ ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ክንጸንዕ ኢና” ዝብል እዩ።

**-26-**

ንሱ እቲ ለጋስ፣ እቲ ኩሉ ውህበት ዝመልኦ እዩ! ንኣምላኽ፣ ነቲ ጥንታዊ፣ ነቲ ወርትግ ነባሪ፣ ነቲ ዘይልወጥ፣ ነቲ ዘልኣለማዊ፣ ንዕኡ ነቲ ብሓቂ ሓደ ዝኾነ፣ እቲ ንበይኑ፣ እቲ ዘይዕ ንቀፍ፣ እቲ ልዑል ምዃኑ ብገዛእ ህላዌኡ ዝመስከረ፣ ምስጋና ይኹኖ። ብሓቂ ንሓድነቱ እናኣፍለጥናን፣ ንውልቅነቱ እናተኣመንናን፣ ንሱ እምበር ካልእ ኣምላኽ ከምዘየሎ ንምስክር ኣሎና። ንሱ ኣብ'ቲ ክብጻሕ ዘይከኣል ብራኼታት፣ ኣብ'ቲ ናይ ልዑልነቱ ጥርዝታት፣ ብዘይካ ካብ ገዛእ-ርእሱ ካብ ናይ ካልእ ምርቋሕ ተቐዲሱን፣ ብዘይካ ካብኡ ካብ ናይ ካልእ መግለጫ ናጻ ኴይኑ ዝተቐመጠ እዩ።

ንደቂ ሰብ፣ ጸጋን፣ ምግባረ-ሰናይን ክገልጸሎም፣ ንዓለም ከኣ ስርዓት ከትሕዛ ምስ ተመነየ፣ ክኽበሩ ዝግብኦም ኣጋባባት ገለጸ፤ ሕግታት ድማ ፈጠረ፤ ካብ መንጎ'ዚኦም'ውን ሕጊ መርዓ መስረተ፤ ከም ዕርዲ ቅሳነትን፣ ድሕነትን፣ ከኣ ገበሮ፤ ኣብ'ታ ካብ ላዕሊ፣ ካብ ናይ ቅድስና ሰማይ ዝወረደት ኣዚያ ዝተቐደሰት መጽሓፉ ከኣ፣ ኣብ ልዕሌና ኣዚዙዎ ኣሎ። ንሱ፣ ክብሩ ዓቢ እዩ፣ ብምባል ከም'ዚ ይብል፣-“ዎ ህዝቢ፣ ምእንቲ ኣብ መንጎ ኣገልገልተይ ንስመይ ዝዝክር፣ ካባኹም ክመጽእ'ሲ፣ ተመርዓ ዉ፤ እዚ ንዓኻትኩም ሓደ ካብ'ቲ ትእዛዛተይ እዩ፤ ሓጋዚኹም ከም ዝኾነ ጌርኩም ከኣ ተኣዘዝዎ።

**-- ባሃኡላህ**

**-27-**

ንሱ ኣምላኽ እዩ! ዎ መዘና ዘይብሉ ጐይታ! ኣብ'ዛ ናይ ኣጋጣሚ ዝኾነት ዓለምን፣ ንሳ ክሳዕ ዘላን፣ ምእንቲ ወለዶታት ወዲ-ሰብ እናተኸታተለ ኪኸይድን፣ ኩሉ ግዜ ከኣ ኣብ ድርኩኺት ሓድነትካ፣ ብኣገልግሎትን ስግዳንን ሰላምታን፣ ፍቕርን፣ ውዳሴን ምእንቲ ኪጽመዱ ኢልካ በቲ ኩሉ ዚከኣሎ ልቦናኻ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት፣ መርዓ ኣዊጅካ ኣሎኻ። “መናፍስትን ሰባትን ዝፈጠርኩስ፣ ምእንቲ ከምልኹኒ ኢለ ኢየ።” (ቁርኣን 51-56) እምበኣርከስ፣ ነዞም ናይ ፍቕርኻ ጎጆ ዝኾኑ ክልተ ኣዕዋፍ፣ ኣብ'ቲ ናይ ምሕረትካ ሰማይ ጸምብሮም፤ ምእንቲ ካብ ሕብረት ናይ'ዞም ክልተ ናይ ፍቕሪ ባሕርታት፣ ማዕበል ናይ ለውሃት ክድሽዶሽን፣ እቲ ሉላት ናይ ንጽህናን ሰናይን፣ ኣብ'ቲ ገማግም ናይ ህይወት ተገፊዖም ክወጹንሲ፣ ሰሓብቲ ናይ'ቲ ነባሪ ጸጋ ግበሮም። “ምእንቲ ነንሕድሕዶም ክራኸቡ ኢሉ፣ ነቶም ክልተ ባህርታት ፈንዩዎም ኣሎ፤ ኣብ መንጎኦም ሓደ ዘይሳገርዎ ሓጹር ኣሎ። ካብ'ቲ ናይ ጐይታኹም ውህበታት ነየንኡ ድኣ ኢኹም'ሞ ክትክሕዱ፧ ካብ ነፍስ-ወከፍ ዝዓበየን ዝነኣሰን ሉላት የምጽእ።” (ቁርኣን 55፣ 19-22)

ዎ ሕያዋይ ጐይታ! ካብ'ዚ መርዓ'ዚ መርጆንን (ኮራል) ሉላትን ዝፈሪ ግበሮ። ንሸኻ ብሓቂ እቲ ኩሉ ሓይሊ ዘሎዎ፣ እቲ ኣዚዩ ዓቢ፣ እቲ ወርትግ ይቕረ በሃሊ ኢኻ!

**--ዓብዱልባሃ**

28

*ክብሪ ንዓኻ ይኹን፡ ዎ ኣምላኸይ! እቲ ኣገልጋሊኻን እዛ ኣገልጋሊትካን፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ምሕረትካ ተጠርኒፎምን፡ ብለውሃትካን ብልግሰኻን ከኣ ሓቢሮምን እነሆው። ዎ ጐይታ! ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ መንግስትኻን፡ ርድኣዮም፤ ብልግሰኻን፡ ጸጋኻን ኣቢልካ'ዉን ኩሉ'ቲ ጽቡቕ ዘበለ ሓንጽጸሎም። ዎ ጐይታ! ንዓኻ ኣብ ዘርእይዎ ጊሊያነት፡ ኣጽንዓዮም፤ ንዓኻ ኣብ ዝገብርዎ ኣገልግሎት ከኣ ሓግዞም። ኣብ ዓለምካ፡ ምልክታት ናይ ስምካ ክኾኑ ፍቐደሎም፤ በቶም ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣን ኣብ'ታ መጻኢት ዓለምን ዘይነጽፉ ውህበታትካ ሓልዎም። ዎ ጐይታ! ናብ'ቲ መንግስተ መሓሪነትካ ይልምኑን፡ ግዝኣተ-ንጽልነትካ ከኣ ይምህለሉ ኢዮም ዘሎዉ። ብሓቂ ነቲ ዝኣዘዝካዮ ምእዙዛት ብምዃን ተመረዓዊዮም ኣሎዉ። እምበኣር ክሳብ ግዜ ፍጻሜ ምልክታት ናይ ስኒትን፡ ሕብረትን ከም ዝኾኑ ግበሮም። ብሓቂ፡ ንስኻ ኩሉ እትኽእል ኢኻ፤ እቲ ኩሉ ግዜ ህልዊ፣ እቲ በዓል ኩሉ ሓይሊ ድማ ኢኻ።*

**--ዓብዱልባሃ**

## ጽላተ-እሳት

*"ቓድ-ኢህታራቓ'ል-ሙኽሊሱን" ብዝብል ኣርእስቲ እትፍለጥ ብባሃኡሏህ ዝተገለጸት ጸሎት*

**29**

ብስም ኣምላኽ፡ እቲ ኣዝዩ ጥንታዊ፡ እቲ ኣዚዩ ዓቢ።
ብሓቂ እተን ልብታት ናይ'ቶም ቅኑዓት፡ ኣብ'ቲ ሓዊ ናይ ፍልልይ ተሃሚኾን ኣሎዋ።
ኣበይ ኣሎ እቲ ጸርጊ ብርሃን ናይ ገጽካ፧
ዎ ፍቑር ናይ ዓለማት።
እቶም ናብ ጥቓኻ ዝቐረቡ፡ ኣብ'ቲ ናይ ጥፍኣት ጸልማት ተራሕርሖ፡-
ኣበይ ኣሎ እቲ ናይ ምሕረትካ ኣንጸባራቒ ወጋሕታ፧
ዎ ባህጊ ናይ ዓለማት።
ኣካላት ናይ'ቶም ሕሩያትካ ኣብ ልዕሊ ርሑቕ ዘሎ ሑጻታት
ተሰጢሖም የንቀጥቅጡ ኣሎዉ፡-
ኣበየ'ሎ'ቲ ናይ ህልውናኻ ውቅያኖስ፧
ዎ መሳጢ ናይ ዓለማት።
ናፈቕቲ ኣእዳው ናብ'ቲ ሰማይ ናይ ጸጋኻን ልግሰኻን ሰፍ ኢለን ኣሎዋ፣
ኣበይ ኣሎዉ እቶም ናይ ውህበትካ ዝናባት፧
ዎ መላሺ ናይ ዓለማት።
እቶም ዘይኣመንቲ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ኢድ ብጭቆና ተላዒሎም ኣሎዉ፡-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ናይ'ታ ኣዛዚት ብርዕኻ ገዳዲ ሓይሊ፧
ዎ ገዛኢ ናይ ዓለማት።
እቲ መንባሕቲ ናይ ኣኽላባት ብኹሉ ወገን ድምጹ ክብ ኢሉ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎ እቲ ኣንበሳ ዱር ናይ ሓይልኻ፧
ዎ ቀጻዒ ናይ ዓለማት።
ቀዝሒ ንኹሉ ወዲ-ሰብ ኮኺዱዎ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎ እቲ ሙቐት ናይ ፍቕርኻ፧
ዎ እሳት ናይ ዓለማት።
መዓት ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጅኡ በጺሑ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎዉ እቶም ናይ ረዲኤትካ ምልክታት፧
ዎ ድሕነት ናይ ዓለማት።
ንዝበዝሑ ህዝብታት ጸልማት ሸፊኑዎም ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ናይ ጸዳልካ ድምቀት፧
ዎ ጨራ ብርሃን ናይ ዓለማት።
ክሳዳት ሰባት ብኽፍኣት ተወጢረን ኣሎዋ፡-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ናይ ሕነ-ምፍዳይካ ኣስያፍ፧
ዎ ኣዕናዊ ናይ ዓለማት።
ውርደት ኣብ'ቲ ዝተሓተ መዓሙቕ በጺሓ ኣላ፡-
ኣበይ ኣሎዉ እቶም ኣርማታት ናይ ክብርኻ፧

ዎ ክብሪ ናይ ዓለማት።
ኑቲ ናይ ስምካ ገላጺ፣ እቲ ፍጹም ምሕረተኛ ዝኾንካ ሓዘናት ኣሳቒዮሞ ኣሎዉ፥-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ሓጐስ ናይ ግልጸትካ ወጋሕታ፧
ዎ ፍስሃ ናይ ዓለማት።
ንኹሎም ህዝብታት'ዛ መሬት መሪር ሓዘን ወዲቑዎም ኣሎ፥-
ኣበይ ኣሎዉ እቶም ምልክታት ናይ ደስታኻ፧
ዎ ደስታ ናይ ዓለማት።
እቲ ምልክታትካ ዝወግሓሉ ቦታ ብርኹስ እማመታት ተጋሪዱ ትርኢ ኣሎኻ፥-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ኣጻብዕቲ ናይ ብርታዐኻ፧
ዎ ሓይሊ ናይ ዓለማት።
ንኹሎም ሰባት ብርቱዕ ጽምኢ ኣሰኒፉዎም ኣሎ፥-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ፈለግ ውህበትካ፧
ዎ ምሕረት ናይ ዓለማት።
ንኹሎም ደቂ-ሰብ ስስዕቲ ማሪኹዎም ኣሎ፥-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም መርኣያታት ገለልትነት፧
ዎ ጐይታ ናይ ዓለማት።
እዚ ግፋዕ'ዚ ኣብ ማሕዩር ንበይኑ ትርእዮ ኣሎኻ፥-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ሰራዊት ሰማይ ናይ ትእዛዝካ፧
ዎ ሉኣላዊ ናይ ዓለማት።
ኣብ መሬት ባዕዲ ተራሕሪሐ ነይረ ኢየ፥-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ኣርማታት ተኣማንነትካ፧
ዎ ናይ ዓለማት በዓል ሕድሪ።
ኩሎም ሰባት ጻዕረ-ሞት ሒዙዎም ኣሎ፥-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ተጋላባጢ ማዕበል ውቅያኖስካ
ዎ ህይወት ናይ ዓለማት።
እቶም ሕሹኽሹታታት ናይ ሰይጣን ኣብ ንነፍስ-ወከፍ ፍጡር ነፊሶም ኣሎዉ፥-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ተወርዋሪ ኮኾብ እሳትካ፧
ዎ ብርሃን ናይ ዓለማት።
እቲ ሰኽራን ናይ ብርቱዕ ስምዒት፣ ንዝበዝሐ ደቂ-ሰብ ኣባላሺዩዎም ኣሎ፥-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ወጋሕታታት ናይ ንጽህና፧
ዎ ባህጊ ናይ ዓለማት።
እዚ ግፋዕ'ዚ ኣብ መንጎ'ቶም ሲርያውያን፣ ብጭቆና ተሸፊኑ ትርእዮ ኣሎኻ፥-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ድምቀት ናይ ወጋሕታ ብርሃንካ፧
ዎ ብርሃን ናይ ዓለማት።
ንኽይዛረብ ተኸልኪለ ትርእየኒ ኣሎኻ፥-
እሞ'ቶም ዜማታትካ ድኣ ካበይ ክፍልፍሉ ኢዮም፧
ዎ ዑፍ ጽባሕ ናይ ዓለማት።
እቶም ዝበዝሑ ህዝቢ፣ ብከንቱ ሓሳባትን ግምታትን ተሸፊኖም ኢዮም ዘሎዉ፥-
ኣበይ ኣሎዉ እቶም ናይ ርግጽነትካ ገለጽቲ፧
ዎ መረጋገጺ ናይ ዓለማት።
ባሃ ኣብ ባሕሪ ሽግር ይጥሕል ኣሎ፥-
ኣበይ ኣላ'ታ መርከብ ድሕነትካ፧
ዎ መድሕን ናይ ዓለማት
እቲ ወጋሕታ ኣንደበትካ፣ ኣብ'ቲ ጸልማት ናይ ፍጥረት ትርእዮ ኣሎኻ፥-
ኣበይ ኣላ'ታ ጸሓይ ሰማይ ናይ ጸጋኻ፧
ዎ ወሃብ ብርሃን ናይ ዓለማት።
እተን ፋኑሳት ናይ ሓቅነትን፣ ንጽህናን፣ ናይ ተኣማንነትን ክብርን፣ ጠፊአን ኣሎዋ፥-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ምልክታት ናይ ምፍዳይ ሕነ ቁጥዓኻ፧
ዎ መንቀሳቐሲ ናይ'ዘን ዓለማት።
ገለ ዝተሓለቑልካ ወይ ብዘዕባ'ቲ ኣብ መንገዲ ፍቕርኻ
እንታይ ከም ዝወረዶ ዘስተንትኑ'ዶ ክትርኢ ትኽእል፧
ሕጂ ብርዔይ ደው ኣብላ፣
ዎ ፍቑር ናይ ዓለማት።
ጨናፍር ናይ'ታ መለኮታዊት ኦም-ሎጥ፣
በቶም ሽቦብቲ ህቦብላታት ናይ ጽሕፍቶ ተሰይሮም ወዲቖም ኣሎዉ፥-

ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ሰንደቕ ዕላማታት ናይ ረድኤትካ፧
ዎ በጃ ናይ ዓለማት።
እዚ ገጽ'ዚ ብደሮና ጸለመ ተሸፊኑ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎዉ እቶም ንፋሳት ርህራሄኻ፧
ዎ ምሕረት ናይ ዓለማት።
እቲ ካባ ብጽእና፣ በቶም ህዝበ-ምትላል ተዓዪኑ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎ እቲ ናይ ቅድስናኻ ልብሲ፧
ዎ ሰላሚ ናይ ዓለማት።
ብሰሪ'ቲ ኣእዳው ደቂ-ሰብ ዝሰርሕኦ፣ እቲ ባሕሪ ናይ ጸጋ ጸጥ ኢሉ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ማዕበላት ውህበትካ፧
ዎ ባህጊ ናይ ዓለማት።
እቲ ናብ መለኮታዊ ህላዌ ዘምርሕ ማዕጾ፣ብናይ ጸላእትኻ ጭቆና ተረጊጡ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎ'ቲ መፍትሕ ናይ ውህበትካ፧
ዎ ከፋቲ ናይ ዓለማት።
እቶም ኣቚጽልቲ፣ በቶም መረዝቲ ንፋሳት ናይ ናዕቢ፣ ናብ ብጫ ተለዊጦም ኣሎዉ፡-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ደበናታት ብርቱዕ ዝናብ ናይ ውህበትካ፧
ዎ ወሃቢ ናይ ዓለማት።
እዚ ዩኒቨርስ፣ ብደሮና ሓጥያት ጸልሚቱ ኣሎ፡-
ኣበይ ኣሎዉ'ቶም ናይ ይቕረ-በሃሊነትካ ንፋሳት፧
ዎ ይቕረ-በሃሊ ናይ ዓለማት።
እዚ መንእሰይ'ዚ፣ ኣብ ሓደ ሕልምልም ዝብል መሬት፣ ንበይኑ እንሆ፡-
ኣበይ ኣሎ'ቲ ዝናብ ናይ ሰማያዊ ጸጋኻ፧
ዎ መጣዊ ናይ ዓለማት።
ዎ ልዕልቲ ብርዒ፣ ካብ'ቲ ዘልኣለማዊ መንግስቲ ዘድሃኺዮ
ኣዚዩ ምቁር ጸውዒትኪ ሰሚዕናዮ
ኣሎና፡-
ነቲ እታ ልሳን ናይ ዕቤት እትዛረቦ ጽን በሎ፣
ዎ እንታ ናይ ዓለማት ግፉዕ ዝኾንካ!
ቁሪ እንተዘይህሉ እቲ ሙቐት ናይ ቃላትካ ከመይ'ሉ ምስተስፋሕፍሐ፧
ዎ ገላጺ ናይ ዓለማት።
መከራ እንተዘይህሉ፣
እታ ጸሓይ ናይ ትዕግስትኻ፣ ከመይ ጌራ ምበርሀት፧
ዎ ብርሃን ናይ ዓለማት፣
ብሰንኪ'ቶም ክፉኣት ኣይተስቈርቍር።
ንሸኻ ክትጽመምን ክትጸውርን ተባሂልካ ኢኻ ዝተፈጠርካ፣
ዎ ትዕግስቲ ናይ ዓለማት።
ኣብ መንጎ'ቶም መለዓዓልቲ ናዕቢ ኣብ'ቲ ደረት-ትርኢት ናይ ኪዳን ምብራቕካን
ደድሕሪ ኣምላኽ ሃንቀው ምባልካን፣ ክንደይ'ሞ ዝምቅር ነበረ።
ዎ ፍቕሪ ናይ ዓለማት።
ብኣኻ፣ እታ ሰንደቕ ዕላማ ናይ ናጽነት፣ ኣብ'ቶም ዝለዓሉ ጫፋት ተተኺለት።
እቲ ባሕሪ ናይ ውህበት ከኣ ተገላበጠ፣
ዎ ተምሳጥ ናይ ዓለማት።
ብበይንነትካ እታ ጸሓይ ናይ ሓድነት በርሀት፣
ብመስጐጕትኻ ከኣ እታ ምድረ-ሕብረት፣ ተሰለመት።
ተዓገስ፣ ዎ ኣንታ ሕዩር ናይ ዓለማት።
ንውርደት ክዳን ክብሪ፣ ንስቓይ ከኣ ስልማት ኣካላትካ ጌርናዮ ኣሎና፣
ዎ ሓበን ናይ ዓለማት።
ልብታት ብጽልኢ ተመሊኤን ትርኢ ኣሎኻ፣
ዕሽሽ ምባል ከኣ ናትካ እዩ።
ዎ ኣንታ ሓባእ ሓጥያት ናይ ዓለማት።
ኣስያፍ ማሕ ክብሉ ከሎዉ፣ ንቕድሚት ኪድ!
ኵናታት ኪውርወሩ ከሎዉ ከኣ ንቕድሚት ጽቐጥ!
ዎ ኣንታ መስዋእቲ ናይ ዓለማት።
ንሸኻ'ዶ ከተእዊ፣ ወይ ኣነ ከእዊ፧
ዶስ፣ በቲ ዋሕዲ ናይ'ቶም በጃታትካ ኣነ ከልቅስ፧
ዎ ኣንታ ንኣውያት ናይ'ዘን ዓለማት ምኽንያት ዝኾንካ።

ዎ ኩሉ ክብሪ ዝመልኣካ ፍቑር፣ ብሓቂ፡ ንጻውዒትካ ሰሚዐዮ ኣሎኹ፤ ሕጂ ከኣ፡ እቲ ገጽ ባሃ፡ በቲ ሙቐት ናይ ጸበባ-መከራን፣ በቲ ሓዊ ናይ'ቲ ዘብርህ ቃልካን፣ ሃልሃል ይብል ኣሎ፣ ብተኣማንነት ከኣ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ናይ መስዋእቲ፡ ናብ'ቲ ሓጐስካ እናጠመተ ተንሲኡ ኣሎ፣ ዎ ኣዛዚ ናይ ዓለማት።

ዎ ዓሊ ኣኽባር፡ በዚ ንሽኻ ነቲ መዓዛ ናይ ዓቃልነተይ ክተስተንፍሰሉ እትኽእለሉን፣ ኣብ መንገዲ'ቲ ናይ ዓለማት ፍትዊ ዝኾነ ኣምሳኽ እንታይ ከም ዘጥቃዓናን ክትፈልጠሉ ዝገብረካ ጽላት'ዚ ንጐይታኻ ኣመስግን።

ኩሎም'ቶም ኣገልገልቲ ነዚኣ እንተ ኣንቢቦማን፡ ኣስተንቲኖምላን፡ ኣብ ውሽጢ መትንታቶም ዘባርዕ ሓዊ ክውላዕ ኢዩ።

— ባሃኡላህ

30

## ነዊሕ ናይ መሕወያ ጸሎት

ንሱ እቲ መሕወዪ፣ እቲ ጸኹል፣ እቲ ረዳኢ፣ እቲ ፍጹም ይቕረ በሃሊ፣
እቲ ፍጹም ምሕረተኛ እዩ።
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ ዎ ኣንታ ልዑል፣
ዎ እሙን፣ ዎ ክብሪ ዝመልኣካ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ ዎ ሉኣላዊ፣ ዎ ኣላዓሊ፣ ዎ ፈራዲ
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ ዎ እቲ መዘና ዘይብሉ፣ ዎ እቲ ዘልኣለማዊ
ዎ እቲ ንውልቂ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ኣዚኻ ዝተወደስካ፣
ዎ እቲ ቅዱስ፣ ዎ እቲ ረዳኢ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ከኣሌ-ኩሉ፣
ዎ እቲ ኣዚኻ ዝለበምካ፣ ዎ እቲ ኣዚኻ ዓቢ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ መሓሪ፣
ዎ እቲ ግርማዊ፣ ዎ እቲ ኣዛዚ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ፍቑር፣
ዎ እቲ ኣብ ልቢ ዝሓደርካ፡ ዎ እቲ ብሓጐስ ዝፍንጭሕሉ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ዘልኣለማዊ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ኣዚዩ ዝሓየለ፣
ዎ እቲ ጸዋር፣ ዎ እቲ ብርቱዕ!
ኣንታ ጸኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ገዛኢ፣ ዎ'ቲ ብገዛእ ርእሱ ዝነብር
ዎ'ቲ ፍጹም ፈላጥ!

ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ'ቲ መንፈስ፣ ዎ'ቲ ብርሃን፣
ዎ'ቲ ኣዚዩ ግሁድ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ ኣንታ ብኹሉ እትብጻሕ፣
ዎ ኣንታ ንኹሉ ፍሉጥ ዝኾንካ፣ ዎ ኣንታ ካብ ኩሉ ሕቡእ ዝኾንካ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፣ ዎ እቲ ሕቡእ
ዎ እቲ ዕዉት፣ ዎ እቲ መጣዊ
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ። ዎ እቲ ፍጹም ሓያል፣
ዎ እቲ ረዳኢ፣ ዎ እቲ ከዋሊ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ፣ ዎ ደኪኒ፥
ዎ መዕገቢ፣ ዎ በንቋሲ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ ተንሳኢ፥
ዎ እቲ ኣካቢ፣ ዎ እቲ ክብ መበሊ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፣ ዎ ኣብ ፍጹምነት እተብጽሕ
ዎ እቲ ዘይምቑሕ፣ ዎ እቲ ልግሲ ዝመልኦ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፣ ዎ እቲ ገባር-ሰናይ፣ ዎ እቲ ከላኢ፣
ዎ እቲ ፈጣሪ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ እቲ ኣዚዩ ልዑል፣ ዎ እቲ ውቁብ
ዎ እቲ ለጋስ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ እቲ ፍትሐኛ፥
ዎ እቲ ጸጋዊ፥ ዎ እቲ ለጋስ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፣ ዎ ፍጹም ገዳዲ፣
ዎ ንሓዋሩ ነባሪ፣ ዎ እቲ ምሒር ፈላጢ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ እቲ እጹብ-ድንቂ ዝኾንካ
ዎ ናይ መዓልታት ጥንቲ፣ ዎ እቲ ቅቡእ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ እቲ ብዝግባእ ሕሉው፥
ዎ ጐይታ ታሕጓስ፣ ዎ እቲ ብሁግ!
ኣንታ ጀኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውክስ ኣሎኹ፥ ዎ ኣንታ ንኹሉ ሕያዋይ፣
ዎ ኣንታ ምስ ኩሉ ቦቕባቕ ዝኾንካ፣

ዎ እቲ ኣዚዩ ገባር-ሰናይ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ንኹሉ መዕቀቢ ዝኾንካ፣
ዎ ንኹሉ ከውሊ ዝኾንካ፣ ዎ እቲ ፍጹም ዓቃቢ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ኣንታ ናይ  ኩሉ ረዳኢ፣
ዎ ኣንታ ብኹሉ ዝልመን፣ ዎ እቲ ኣነጣጣፊ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ኣግሃዲ፣ ዎ ኣዕናዊ፣
ዎ እቲ ኣዚዩ ምሕረተኛ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ኣንታ ነፍሰይ፣
ዎ ኣንታ ፍቑረይ፣ ዎ ኣንታ እምነተይ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣለኹ፣ ዎ መርወዪ ጽምእታት፣
ዎ ልዕለ-ምስትውዓል ሰባት ዝኾንካ ጐይታ፣
ዎ እቲ ኣዚዩ ክቡር!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ! ፣
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ዝዓበየ ዝኽሪ፣
ዎ ዝዓዘዘ ስም፣ ዎ ኣዚዩ ጥንታዊ ጐደና!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ ዎ ኣዚኻ ዝተወደስካ፣
ዎ ኣዚዩ ቅዱስ፣ ዎ እቲ ብጹእ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ ዎ ፈታሒ፣
ዎ መኻሪ፣ ዎ መድሓኒ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ዓርኪ፣ ዎ ሓኪም፣
ዎ እቲ መሳጢ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ክብሪ፣ ዎ ጽባቐ፣
ዎ እቲ ልግሲ ዝመልኦ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ  ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ እቲ ኣዚዩ ዝተኣምነ፣
ዎ እቲ ዝበለጸ ኣፍቃሪ፣ ዎ ጐይታ ናይ'ቲ ወጋሕታ
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ወላዒ፣ ዎ ኣድማቒ፣
ዎ መምጽኢ ፍስሃ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!
ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፣ ዎ ጐይታ ውህበት፣
ዎ ኣዚኻ ራህራህ፣ ዎ እቲ ኣዚዩ ምሕረት ዝመልኦ!
ኣንታ ኾኩል፣ ኣንታ መሕወዪ፣
ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ  ዝኾንካ!

*ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ቀዋሚ፣*
*ዎ እቲ ወሃብ-ህይወት፣ ዎ መበቆል ናይ ኩሉ ህልውና!*
*ኣንታ እኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣*
*ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!*
*ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ ንኹሉ ነገራት እትሰግሮ።*
*ዎ ኩሉ እትርኢ ኣምላኽ፣ ዎ ጐይታ ኣንደበት!*
*ኣንታ እኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣*
*ኣንታ ነባሪ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!*
*ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ ግሁድ ግን ከኣ ስዉር፣*
*ዎ ዘይርአ ግን ከኣ ኣዚዩ ፍሉጥ፣ ዎ ብኹሉ እትድለ ተመልካቲ!*
*ኣንታ እኹል፣ ኣንታ መሕወዪ፣*
*ኣንታ ነባሪ ፣ ዎ ኣንታ ነባሪ ዝኾንካ!*
*ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ እቲ ንኣፍቀርቲ ዝቐትል፣*
*ዎ ነቶም ርኹሳት ጸግኦም ዝኾንካ ኣምላኽ!*
*ዎ ኣኻሊ፡ ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ ኣኻሊ!*
*ዎ መሕወዪ፡ ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ ዎ መሕወዪ!*
*ዎ ነባሪ፡ ንዓኻ እውከስ ኣሎኹ፡ ዎ ነባሪ!*
*ንሸኻ እቲ ንሓዋሩ ዚነብር፣ ዎ ኣንታ ነባሪ!*
*ዝተቐደስካ ኢኻ ዎ ኣምላኸይ! በቲ እቶም መዓጹ ናይ ውህበትካን ጸጋኻን፡ ጋህ ኢሎም ዝተኸፍትሉ፣ በቲ ቤተ-ጸሎት ቅዱስነትካ፡ ኣብ ልዕሊ ዙፋን ዘልኣለማውነት ዝተተኽለሉ ልግሰኻን፤ በቲ ንኹሎም ዝተፈጥሩ ነገራት ናብ'ቲ መኣዲ ውህበታትካን፡ ልግስታትካን ዝዓደምካሉ ምሕረትካን፤ በቲ ባዕልኻ፡ ኣብ ክንዲ ኹሎም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎዉ ኴንካ፣ ኣብ'ታ ሉኣላዊነትካን፡ ዕቤትካን ደው ኢሉ ዝተገልጸላ ሰዓትን፣ ኣብ'ታ ሓይሊ ስልጣንካ ክገሃድ ዝተገብረላ እዋን ወጋሕታ፣ "እወ!" ዝብል ቃልካ ምላሽ ዝሃብካሉ ጸጋኻን፤ እምሕጸነካ። ደጊመ'ውን፡ በዞም ኣዚዮም ግሩማት ዝኾኑ ኣስማትካን፣ በዞም ኣዚዮም ክቡራትን፡ ልዑላትን፡ ዝኾኑ ባህርያትን፣ በዞም ኣዚዮም ክብ ዝበሉ ዝኽርኻን፣ በቲ ኣዝዩ ንጹህን መንቅብ ዘይብሉ ጽባቐኻን፣ በቲ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ስቱር ዝኾነ ኣዳራሽ ተሓቢኡ ዘሎ ብርሃንካን፣ በቲ ኩሉ ግዜ ብጊሓትን፡ ብምሸትን ብክዳን ስቓይ ዝተሸፈነ ስምካን፤ ነቲ ነዛ ዝተባረኸት ጽላቲ'ዚኣ ዝሓዘን፡ ነቲ ንዓኣ ዝደግም ዘበለን፣ ናብኣ ዝምርኮሱን፣ ነቲ ብዙሪያ'ታ ንሳ ዘላትሉ ገዛ ዝሓልፍ ዘበለን፣ ከተዕቁቦ እምሕጸነካ። እምበኣርከስ፡ ብኣኣ ጌርካ፡ ንኹሉ ዝተጸልኦን ዝሓመመን፣ ነቲ ድኻን፡ ካብ ኩሉ መከራን፡ ጭንቅን፣ ካብ ኩሉ ጽሉእ ዝኾነ ስቓይን፡ ጓህን፡ ኣሕውዮ። ብኣኣ ጌርካ'ውን ንዝኾነ ናብ'ቲ መንገድታት መሪሕነትካን ናብ'ቶም ጐደናታት ይቕረ በሃልነትካን ጸጋኻን ክኣቱ ዝደሊ ዘበለ ምርሓዮ።*

*ንሸኻ ብሓቂ፡ እቲ ብርቱዕ፣ እቲ ፍጹም ኣኻሊ፣ እቲ መሕወዪ፣ እቲ መዕቆቢ፣ እቲ ወሃቢ፣ እቲ ርህሩህ፣ እቲ ፍጹም ለጋስ፣ እቲ ፍጹም ምሕረተኛ ኢኻ።*

**-- ባሃኡላህ**